ናይ ዕለታዊ ንበብ
"መዓልታዊ ትንቢታዊ ቃል ንዓኻ"

ሕታም 4

ጥቅምቲ - ሕዳር - ታሕሳስ
2025

# ጥዑምብስራት

## መዓልታዊ

**ናጻ**
**ክሸየጥ ይብሉን**
እዚ ናይ ዕለታዊ ንባብ ብተሓባበርትና ድሮ ስለ እተኸፍለሉ ብናጻ ኽትዝርጋሕ ኣለዎ።

ካብ ርሑቕ ሃገር ዝመጸ ብስራት፡ ከም ዝሑል ማይ ንዝጸምኤት ነፍሲ እዩ። (መጽሓፍ ምሳሌ 25:25)

Uebert & BeBe
ANGEL



## ዩበርትን ቢቢ ኤንጅልን

ዩበርትን ቢቢ ኤንጅልን ንሓያሎ ዓመታት ኣብ ናይ ምሉእ ግዜ ኣገልግሎት ብምንጣፍ፣ ናብ መላእ ዓለም ብዛዕባ ብስራት ጸጋ ኣምላኽ (ዩጌልዮን) ብምብሳር፣ ከምኡውን ነቲ ኣብ መላእ ዓለም ዘሎ ትንቢታዊ ኣገልግሎት ኣብ ምእዋጅ ፈለምትን መራሕትን ድምጺ ኰይኖም የገልግሉ ኣለዉ። ክልቲኦም Spiritual Warfare, Intimacy, Prayer Banks, Supernatural Power of The Believer ከምኡውን ካልኦት ከምኡ ዝኣመሰሉ ጽሑፋት ብምድራስ፣ ኣዝዮም ህቡባት ደረስቲ ኢዮም።

ዩበርትን ቢቢ ኤንጅልን ኣብ መላእ ዓለም ተደለይቲ ዝኾኑ መደርቲ ዋዕላ (conference) እዮም። ከም ዓለምለኻዊ መራሕቲ መጠን ድማ በቲ ዘለዎም ራኢ፣ ምህዞን ትብዓትን ክብሪ ረኺቦም እዮም። ከም መስረትቲ ቤተ-ክርስትያን ዘ ጉድ ኒውስ ቸርች (ስፒሪት ኤምባሲ) (The Good News church (Spirit Embassy)) ምኳኖምን ናይ ነብዪ ኦፊስ ብምሓዞምን፣ ነፍሳት ንምድሓን ኣብ ብስራት ጸጋ ኣምላኽ (ዩጌልዮን) ንምዝርጋሕ ዘለዎም ወፈያን፣ ኣብ መላእ ዓለም ብሚልዮናት ዚቝጸሩ ሰባት ተንኪፉን ደሪኹን እዩ።

## ብዛዕባ ጥዑም ብስራት መዓልታዊ ዕለታዊ ንባብ

ጥዑም ብስራት መዓልታዊ፣ ንነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ናይ ዓመት መንፈሳዊ ሃብቲ ንምሃብ ብጥንቃቐ ዝተጻሕፈት ልዑል ክብሪ ዘለዋ ናይ ክርስትና ጸጋ እያ። ንኣንበብቲ ክርስቶስ ዘማእከለ ህይወት ንምምራሕ ዝዓለመ ዓሚቝ ርድኢታትን፣ ሓያል ምግላጻትን፣ መዓልታዊ ትንቢታዊ ኣዋጃትን ተቕርብ። እዚ ድማ ኣብቲ ለውጢ ዘምጽእ ትምህርትን ምግላጽን ናይ ነቢይ ዩበርት ኤንጅል ዝተሰረተ እዩ። ኣብ ረርብዒ ዓመት እናተሓትመት፣ እዛ መጽሓፍ ናብ መላእ ዓለም ኣብ ብዙሓት ቋንቋታት ተቶርጒማ ብናጻ ብምዝርጋሓን፣ ናይ ቋንቋ ዕንቅፋታት ብምስጋራን፣ ከምኡ ውን ነቲ ህይወት ዝልውጥ መልእኽትታታ ኣብ መላእ ዓለም ብምብጽሓ ጸብለል ዝበለት ኢላ ትርከብ።



ረቡዕ፣ 1 ጥቅምቲ

# መንፈሳዊ ዕቑር ሃብቲ

**ማርቆስ 1:35**
**ኣንጊሁ ተንሲኡ፡ ገና ለይቲ ኸሎ፡ ወጸ። ናብ ጽምዊ ቦታ ኸይዱ ድማ ኣብኡ ጸለየ።**

ስርዓት ባንክ ንዱር እዩ፣ ኣቐሚጥካዮ ዘይትፈልጥ ከተውጽኦ ኣይትኽእልን ኢኻ። ሕሳብ ምስ ተኸፍተ፡ ቅድሚ ገንዘብ ከተውጽኣሉ ትኽእል ስሩዕ ቐሙጥ ገንዘብ ክህልዎ ኣለዎ። ዝኾነ ስብ ሕሳብ ዘይብሉ ከውጽእ ኣይክእልን እዩ።

ኣብ ጸሎት እውን ተመሳሳሊ ስርዓት እዩ። ክንጽሊ ከለና መንፈሳዊ ተቐማጢ ገንዘብ ንገብር። የሱስ ኣንጊሁ ይጽሊ ነበረ፣ ኣብ ቅድሚ ሰባት ከኣ ንኣጋንንትን ሕማምን ክወጹ ጥራይ እዩ ኣዚዝዎም። ናይ ባንኪ ጸሎቱ ተጻዒኑ ውን ነበረ። ብመሰረት መጻሓፍ ቅዱስ እቲ ምስጢራዊ ቦታኡ መቐመጢ ኮይኑዎ፡ ህዝባዊ ኣገልግሎቱ ድማ መውጽእኡ ኮይኑ፡ ዝጭበጥ መግለጺ ዘስዓበ እዩ።

መዓልትኻ ቕድሚ ምጅማርካ ግዜ ወሲንካ ጸሊ፣ ናብ ዓለም ክትወጽእ ከለኻ ኸኣ፣ ብስም የሱስ ምስክርነት ይስዕበካ እዩ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
መንፈሳዊ ባንከይ ምሉእ ብምሉእ ተጻዒኑ ኣሎ። ኣብ ከባቢየይ ዘሎ ዓለም ብሓይሊ ጸሎተይ ብስም የሱስ ክርስቶስ መልሲ ክጥብ አለዋ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ተሰሎንቄ 5:17

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ኣብድያ 1:10-21; ዮናስ; ሚክያስ 1-3



ሓሙስ፣ 2 ጥቅምቲ

# ኣቕልቦኻ ዝሰርቖ ነገራት ኣወግድ

**ዮሐንስ 18:37**
**ኣነ ንሓቂ ኽምስክር፡ ምእንትኢ ተወለድኩ፡ ምእንትኢውን እየ ናብ ዓለም ዝመጻእኩ። ካብ ሓቂ ዝኾነ ኵሉ ኸኣ ድምጸይ ይሰምዕ እዩ፡ ኢሉ መለሰ።**

ትኹረት ንዓወት ኣድላይ እዩ። ድሌትካ ካብ ምዝንባል ነጻ ምስ ዝኸውን፡ ድሌትካ ብርግጽ ክትወቅዕ ኢኻ። ስለምንታይ ኣብዚ ከም ዝመጻእካ ክትፈልጥ ኣለካ። ነቲ ስነ፡ህይወት ሚዛን ንምሃብ ጥራይ ዘይኮነስ ንመንግስቲን፡ ስድራቤትካን፡ ኣብ ስራሕ ቦታን ጽልዋ ከተሕድር ኢኻ ተወሊድካ። ጸላኢ ነቶም ትኹረት ዘይብሎም፡ ኣብ ቃል ጽኑዕ መሰረት ዘይብሎም ጥራይ እዩ ዘንቀጥቅጦም።

የሱስ ንሓቂ ኺምስክር ከም እተወልደ ገለጸ። ንብዙሓት ዘይኰነስ ንሓደ ምኽንያት እዩ ዝነብር ነይሩ። ሎሚ ኣብቲ ብሓቂ ዘገድስ ነገራት ኣተኩር። ኣብ ስራሕ ኣብቲ መኽሰብ ዘለዎ ኣተኩር። ነቲ ልዕሊ ኹሉ ዘገድስ ርክብ ኣረኣእዮ። ጸላኢ ኣቓልቦኻ ብዝሰርቖ ነገራት ንመጻኢኻ ኬበላሽዎ ኣይተፍቅደሉ። ብጥዑይ ሰረተ፡ እምነት ብምጥራይን ብምትኳርን ኣወግዶ። ነዚ ቓል እዚ እንተ ኣሚንኩምሉ ብእኡ ጕየዩ ምስክርነት ሒዝኩም ድማ ክትምለሱ ኢኹም።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ብዅሉ መገደይ ንኽስዕርን ንኽብልጽግን እየ ተወሊደ። በቲ ሓያል ስም የሱስ ክስዕብ ተዳልየ ኣለኹ እሞ ብጸላኢ ኸቶ ኣየስግልን እየ፡- ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
Mark ማርቆስ 11:23

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ሚክያስ 4-7; ናሆም 1-2



ዓርቢ፣ 3 ጥቅምቲ

# ድምጺ ምቁራጽ

**1ይ ቆሮንቶስ 14:10**
**ኣብ ዓለም በበይኑ ዝኾነ ብዙሕ ቋንቋታት ኣሎ፡ ርግጽ ደሃይ ዘይብሉ ግና የልቦን።**

ድምጺ ዝስርዙ መሳረሒ ናይ እዝኒ፣ ዘይተደልየ ድምጺ ብምፍላጥን ንዝተገልበጠ (ተጻራሪ) ማዕበል ድምጺ ብምፍናው ዝስርዙን እዮም። ብተመሳሳሊ ዓለም ብ ብዙሕ ድምጺ ዝተመልአት ኮይና፡ ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ትርጉም ዘይብሉ ድምጺ የለን። ገሊኦም ድማ ጸዓትካ የጥፍኡን ካብ መስመርካ የዘናግዑኻን። እዚ ኣሉታዊ ድምጺ እዚ ብሙዚቃ፥ ተስፋ ዘቝርጽ ስብከታት ወይ ኣዕናዊ ዘረባ ክመጽእ ይኽእል እዩ።

ቃል ኣምላኽ መንፈሳዊ ጨውጨውታ ዝስርዝ ቴክኖሎጂና እዩ። ዓለም "ምድርባይ ኣሎ" ክትብል ከላ "ምልዓል ኣሎ" ኢልካ ትእውጅ። ነቲ ጨውጨው ንምስርዝ ንነፍሲ ወከፍ ተጻራሪ ድምጺ ብናይ ኣምላኽ ሓቂ ምላሽ ሃብ። ብዛዕባ ቁጠባዊ ምንቁልቋል ክዝረብ ይኽእል እዩ፡ እንተ ንስኻን ስድራቤትካን ግን ምክፋል ኣብዮም። ኣምባሳደር መንግስተ ሰማይ ኢኻ፣ ቀለብካ ካብ ካልእ ዓለም እዩ ዝመጽእ። ሃሌሉያ፡-

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣይክገብሮን እየ ኢለ ዝብል ኣብ እዝነይ ሕሹኽ ዝብል ነፍሲ ወከፍ ኣሉታዊ ቃል ይስርዞ ኣለኹ። ኣብ ቃል ኣምላኽ ተመስሪተ ኣለኹ፡ ብርግጽ ድማ ብስም የሱስ ምስክርነተይ ሒዘ ክምለስ እየ፡- ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
Job ኢዮብ 22:29

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ናሆም 3; ዕንባቆም 1-3; ሶፎንያስ 1:1-13



ቀዳም፣ 4 ጥቅምቲ

# መለኮታዊ ሕሳብ

**2ይ ጢሞቴዎስ 2:15**
**ንርእስኻ እቲ ቓል ሓቂ ብቕንዕና ዜማቕል፡ ዜሕፍር ዜብሉ ፍቱን ዓያዪ ጌርካ፡ ንኣምላኽ ከተርእዮ ጽዓር።**

ኣርባዕተ መሰረታዊ ስርሓት ስነ፡ሕሳብ ኣለዉ፡ ምድማር፡ ምንካይ፡ ምክፍፋልን ምብዛሕን እዮም። ካብዚኦም ከኣ ምምቓል ጥራይ እዩ ማዕረ ክፋላት ዘረጋግጽ። ነዚ እዩ ድማ መጽሓፍ ቅዱስ “ንቃል ሓቂ ብግቡእ ምምቃል” ክብል ከሎ “ምክፍፋል” ዝጥቀም። ስነ፡ ቁጽሪእዩ ኣሕዋተይ።

ቃል ኣምላኽ ኣብ ኲሉ መዳይ ህይወትካ ኽመቓቐል ኣለዎ። ልክዕ ከምቲ ገንዘብ ዘድልየካ ጥዕና እውን የድልየካ እዩ። ስለዚ ኲሉ ስለ ዘድልየካ ኣብ ሓደ መዳይ ኣተኲር ንኻልእ እውን ዕሽሽ ኣይትበሎ። ንዅሉ መዳያ ህይወት ዝሽፍን ጥቕስታት ተመገብ። ዝተፈላለየ ቃል ኣምላኽ ከተጽንዕን ሚዛናዊ መንፈሳዊ ኣመጋግባ ብምስራሕን ግዜ መድብ። ኲሉ መዳይ ህይወትካ ብስም የሱስ ከም ዝስ ስን ን እእውጅ ኣለኹ፡-

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ህይወት ኣብ ገንዘበይ፡ ጥዕናይ፡ ትምህርተይ፡ ርክበይ፡ ከምኡ ውን ኣብ ኩሉ መዳይ ህይወተይ ይግበረለይ። ጽቡቕ ኣይክጐድለን ን እዩ። ብስም የሱስ ብዙሕ እየ ተባሪኸ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
2ይ ጴጥሮስ 1:3

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ሶፎንያስ 1:14-3:20; ሐጌ 1-2; ዘካርያስ 1:1-11



ሰንበት፣ 5 ጥቅምቲ

# ኣተሓሳስባን ቁመትን

**1ይ ቆሮንቶስ 15:31**
**ኣነ በቲ ብክርስቶስ የሱስ ጐይታና ኣባኻትኩም ዘሎኒ ትምክሕቲ ኣብ ጸጽባሕ እመውት ኣሎኹ።**

ኣረኣእያኻ ንህይወትካ ይውስኖ እዩ። ኣብዚ ህይወት እዚ ኽትበጽሖ እትኽእል ነገራት ብኣረኣእያኻ እዩ ዝውሰን። ኣሉታዊ ኣረኣእያ ንብትታን ተንኰልን ቍጥዓን ከም ዝበዝሑ እዩ ዝገብረና። ሃዋርያ ንስጋይ መዓልታዊ ከምመስዋእቲ የቕብሮ እየ በለ፣ እዚ ኸኣ ናብ ኣሉታዊ ኣንፈት ምኻድ ባህርይ ስጋ ማለት እዩ። ስጋ ኽርድኦን ቈየቛ ኽስዕርን ከንቱ ድሌት ክስዕብን እዩ ዝደሊ።

ነዚ ትንቢታዊ ቓል እዚ ኽተንብቦ ኸለኻ ንኹሉ ግጉይ ኣረኣእያ ካባኻ ኣርሕቖ። ብስም ስመዮ። ተቓወሞ። ነዚ ኣሉታዊ ኣረኣእያ እዚ ካብ ርእስኻ ኣውጽኣዮ። እዚ ኣረኣእያ እዚ የጨንቐካ እኳ እንተ ኾነ ሎሚ ግና ሓንሳእን ንሓዋሩን ቅበሮ። ብሩህ መዓልትን መጻእን እኳ እንተ ሃለወካ ኣሉታዊ ኣረኣእያ ግን ነቲ ኣምላኽ ዘዳለወልካ ነገራት ከበላሽዎ ይኽእል እዩ። ንዓወት ኢኻ ተወሊድካ ንኹሉ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ግደፎ፣ ብስም የሱስ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ንኹሉ እቲ ሓጐሰይን ሰላመይን ኣሳልጦይን ዝሰርቕ ኣሉታዊ ኣረኣእያ ነጺገዮ እየ። ነቲ ጸላኢ በቲ ሓያል ስም የሱስ ኣብ ህይወተይ ዝገበሮ ውዕል ኣቋረጽክዎ፦ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ፊሊጲ 4:4

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ዘካርያስ 1:12-7:14




ሰኑይ፣ 6 ጥቅምቲ

# ትንቢታዊ ድምጺ

**1ይ ጴጥሮስ 4:11**
**ዚነግር እንተ ኾነ፡ ከም ቃል ኣምላኽ ገይሩ ይንገር፡ ዜገልግል እንተ ኾነውን፡ ከምቲ ኣምላኽ ዝሀቦ ሓይሊ ገይሩ የገልግል። ኣምላኽ ብየሱስ ክርስቶስ ብኹሉ ምእንቲ ኪኽብር፡ ንእኡ ኽብርን ስልጣንን ንዘለኣለመ ኣለም ይኹኖ። ኣሜን።**

መልሓስ ንምግቢ ምጥዓም ጥራይ ዘይኰነስ ንመጻኢኻ ንምቕራጽ ዘኽእል መለኮታዊ መሳርሒ እዩ። ሞትን ህይወትን ኣሳልጦን ውድቀትን ኩሉ ኣብ መልሓስ እዩ ዝርከብ። ብጥበብ ተጠቐመሉ እሞ ዝደለኻዮ መጻኢ ክትፈጥር ኢኻ።

ኣብ ኣገልግሎትና ኣምላኽ ትንቢት ሃበና መጽሓፍ ቅዱስ ግን ነፍሲ ወከፍ ክርስትያን ከም ኦራክል ኣምላኽ ነብዪ ኾይኑ ክዛረብ ከም ዘለዎ ይእውጅ።

ሎሚ ነዚ ሓቂ ተቀበልዎ፡ ንኻልእ ሰብ ምጽባይ ኣየድልየካን እዩ። ኣብ ልዕሊ ህይወትካ ከም ነብዪ ተዛረብ። ካልኦት ኣብ ኣዘራርባኻ ዝመጽእ ለውጢ ኣስተብህሉ። ነገራትካ ኣብ ጽቡቕ ኣብ ዘይመስለሉ እዋን ወላ እንተኾነ ኣወንታዊ ቃላት ተዛረብ። ድኻ ኣብ ስነ፡ቓላትና የለን። ብዝሒ ሰላምን ዓወትን ኣውጅ። ተዛረብ፡ ፍረ ዘረባኻ ክትበልዕ ኢኻ። ሃሌሉያ፡-

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
መልሓሰይ ብርዒ ድሉው ጸሓፊት እያ። ሰናይን ምሕረትን ኵሉ ናይ መዓልትታት ህይወተይ ግደይ ክኸውን እዩ። ብስም የሱስ ዝደለኽዎ ይወሃበኒ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዳዊት 45:1

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ዘካርያስ 8-13





# ከም ህንጻ ተንስእ

**ዮሐንስ 10:17**
**ኣነ ንነፍሰይ በጃ ኽሕልፋ፡ መሊሰውን ክወስዳ እየ እሞ፡ ስለዚ ኣቦ የፍቅረኒ እዩ።**

ከም ወላዲ ወይ መራሒ መጠን፡ ንደቅኻ ናትካ ስለ ዝኾኑ ከተፍቅሮም ባህርያዊ እዩ፡ ንኣብነት ገለ ባህርያት፡ ተኣዛዝነት፡ ብልሒ ወይ ስርዓት ልደት፣ ግን እዚ ነቲ ፍቕሪ ከዕምቖ ይኽእል። ኣብዚ የሱስ ኣቦ ዘፍቅሮ ዝተፈለየ ምኽንያት ይህበና። ንሱ ስለ ዝሰብኾ ወይ ተኣምራት ስለ ዝገብር እዩ ክብል ምተጸበኻዮ፣ ኣብ ክንድኡ ግን "ህይወተይ ኣሕሊፈ መሊሰ ስለ ዝወስዳ" ይብል።

ኣምላኽ ነቶም ኣብ ታሕቲ ምጽናሕ ዝኣበዩ የፍቅሮም እዩ። ኣብዚ ብስደት ተስፋ ምቑራጽን ራዕድን ዝተመልአት ዓለም፡ ከም ህንጻ፡ ድልዱልን ዘይንቕነቕን ተላዓል። ኣብነት ናይ ጽንዓት ኩን። ዋላ ብውድቀት፡ ወይ ብተስፋ ምቑራጽ፡ ዝተወሓጥካ ኮይኑ እንተተሰምዓካ፡ ንነብስኻ በል፥ "ክቕበር ከለኹ፡ ኣብ ታሕቲ ኣይጸንሕን እየ፡ መሊሰ ክትንስ እየ"፡-

ካብ ሎሚ ጀሚሩ ዝቀብረካ ኩነታት የለን። ብስም የሱስ ት ትንስእ ኣለኻ፡-

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ብኹነታተይ ወይ ብኣተዓባብያይ ኣይክቕበርን እየ። ህይወተይ ብስም የሱስ ተሓልዩን ተኸልኪሉን እዩ። ሃሌሉያ፡-

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 4:20-21

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ዘካርያስ 14; ሚልክያስ 1-4





# ዝተፈላለየ ቅዲ

**ሮሜ 12:2**
**እቲ ሰናይን ባህ ዜብልን ምሉእን ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ምእንቲ ኽትምርምሩስ፡ ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር፡ ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ።**

መብዛሕትኡ ግዜ ፍልይ ዝበለ ምኳን ኣብ ዝርሓቐላ ዓለም ኢና እንነብር ዘለና። ብዙሓት ሰባት ክንዲ ምስ ኣምላኽ ዝሰማምዑን ዝምድነት ዝገብሩን፣ ንሰባት ከሐጉሱ ይጽዕሩ። ኣምላኽ ግን ብመዐቀኒ ዓለም ምንባር ዝኣበየ ወለዶ የዕቢ ኣሎ፣ ካብ ዓለም ምጽዳቕ ዘይደሊ ወለዶ። መጽሓፍ ቅዱስ ከምቲ የሱስ ካብዛ ዓለም ዘይነበረ ንሕና ናይዛ ዓለም ከም ዘይኮንና የዘኻኽረና።

ሓደ ነገር ብሰፊሑ ተቐባልነት ስለዘለዎ ጥራይ ቅኑዕ ኣይገብሮን እዩ። ዳኒኤል ርኣዩዎ ካልእ መንገዲ መሪጹ። ካልኦት ብ ብዝሒ ክምገቡ ከለዉ፡ ንሱ ንኣምላኽ ከኽብር ንርእሱ ፈልዩ፣ ካብቶም ዝተረፉ ዝተፈልየ መግቢ ክበልዕ መሪጹ።

ንሕና እቲ ዝተፈለየ ቅዲ ዝኽተል ወለዶ ኢና። ምስዛ ዓለም እዚኣ ኸኣ ኣይንመሳሰልን። እቲ ኣብ ክርስቶስ ዝነበረ ኣተሓሳስባ ሕጂ ኣባና ስለዘሎ ኣተሓሳስባና ከይተረፈ ይቐየር።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ናይዛ ዓለም ኣይኮንኩን። ንቅዱስ ዕላማ ኣምላኽ ተፈልየ እየ። ንኽብሪ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦይ ኣብ ቅድሚ ሰብ ድሙቕን ዘብርህን ብርሃን እየ። ኣሜን፡-

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ወ. ዮሐንስ 15:19

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ማቴዎስ 1-4



ሓሙስ፣ 9 ጥቅምቲ

# መን ምሳኻ ኣሎ?

**2ይ ጢሞቴዎስ 4:11**
**ሉቃስ ጥራይ ምሳይ አሎ፡ ማርቆስ ንዕዮ ይጠቕመኒ እዩ እሞ፡ ተማልኣዮ፡ ምሳኻ ይምጻእ።**

ኣብ ህይወት ሰለስተ ዓይነት ሰባት ኣለዉ፡ ንሳቶም ድማ ብምኽንያት፡ ትምህርቲ ወይ ንወቕቲ ዝመጹ እዮም። ኩሎም ኣጋጢሞምኒ እዮም። እቶም ብምኽንያት ዝመጹ መደብካ ንኽትፍጽም ይሕግዙ። እቶም ንሓደ ወቕቲ ዝመጹ ንእቲ ወቕቲ ከገልግሉኻን ክድግፉኻን ብኣምላኽ ዝተመደቡ እዮም። ደሓር ከኣ ትምህርቲ ክህቡኻ ዝመጹ ኣለዉ። እቲ ትምህርቲ ኣወንታዊ ይኹን ኣሉታዊ ይኹን፡ ሓደ ሓደ ግዜ ብቃንዛ ኣቢልካ ክትለብም ትኽእል ኢኻ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ማርቆስ ከም ዝጠቕመሉ ገሊጹ። ምቕሉልነት እምበር ቃንዛ ወይ ጸር ኣየምጽአን። ሎሚ ኸኣ እግዚኣብሔር ብምኽንያት ዝመጹ መለኮታዊ ሓገዝቲ ክሰደልኩም ይጽሊ ኣለኹ፣ ክትፈልጡን ከተተኣናግዱን ድማ ብፍጹም ጥበብ ተመላለሱ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ንመለኮታዊ ሓገዝተይ ካብ ኩሉ ኣንፈት ክመጹ እእዝዞም ኣለኹ። ንኹሉ ኣሉታዊ ዘርኢ ኣብ ህይወተይ ዝተዘርአ ብሓይሊ ስም የሱስ ይምንቁሶ ኣለኹ፦ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ቆሎሴ 3:17

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ማቴዎስ 5-7



ዓርቢ፣ 10 ጥቅምቲ

# ተልእኾ ዘለዎ ገንዘብ

**ዘካርያስ 1:17**
**ቤተይ ኣብኣ ኽትስራሕ እያ፣ ገመድ መለክዒ ኣብ ልዕሊ የሩሳሌም ኺዝርጋሕ እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት።**

ወንጌል ነጻ እዩ፡ ንምዝርጋሕ ግን ገንዘብ ይሃት ትዩ። ብጸጋ እግዚኣብሔር ብ ብዙሕ ቢልዮናት ዝቑጸር ኣገልግሎት ነካይድ፡ ንዝጠመዩ ንምምጋብ፡ ንገሊኦም ናብ ቤት ትምህርቲ ንሰድ ድ፡ ናይ መዓልታዊ ስብከት ወንጌላዊ መጽሓፍቲ ንሕትም፡ እዚ ኩሉ ድማ ገንዘብ ዝሓት ት እዩ። ነዛ ትንቢታዊት መልእኽቲ ብነጻ ተንብባ ትኸውን፡ ንኽሕተም ግን ሓደ ሰብ ከፊሊሉ ኣሎ።

መንግስቲ ኣምላኽ ክሰፍሕ ምንታን ገንዘብ የድልዮ እዩ። ስለዚ እዩ ድማ እግዚኣብሄር ብገንዘብ ክትብልጽግ ዝምነ። "ከተማታተይ ብ ብልጽግና ክዕብ ል ል እየን" ኢሉ። ዓቢ ሃብቲ ክትፈጥር ኣብ እትጽዕረሉ ዘለኻ እዋን፡ ብገለ ርእሰ፡ፍትወት ኣይትግበሮ፡ ገንዘብ ምስ ተልእኾ ይኹን። ሓደ ሰብ ክበልዕ ኣለዎ ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ብገንዘብ ባሪኹካ እዩ። ኣብ ሓደ ቦታ ቤተ ክርስቲያን ክህነጽ ኣለዎ ብሰንኪ ብልጽግናኻ።

ሎሚ ብገንዘብ ተባረኽ ። እቲ ገንዘብ ይመጽእ ኣሎ፡-

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ገንዘበይ ይመጽእ ኣሎ፡- ንጥቕሚ መንግስቲ ኣምላኽ ኢለ እየ ገንዘብ ዘጥሪ። ብስም የሱስ ብኵሉ ዝርከብ በረኸት ክቕብል ክፉት እዩ፡- ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ምሳሌ 3:9

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ማቴዎስ 8:1-10:15



ቀዳም፣ 11 ጥቅምቲ

# ራእይ

**1ይ ዜና መዋዕል 26:18**
**ንጳርባር ብወገን ምዕራብ ኣብታ ልዕል ዝበለት በገዲ ኣርባዕተ፡ ኣብ ጳርባር ድማ ክልተ ነበሩ።**

ራእይ ንነፍሲ ወከፍ ዓወት ዝድርኽ ሓይሊ እዩ። ቅዱሳት መጻሕፍቲ “ራእይ ኣብ ዘይብሉ ህዝቢ ይጠፍእ” ይብል። እዚ ስጋዊ ሞት ጥራይ ዘይኮነስ ሞት ናይ ዝኾነ ት ትንክፎ ነገር እዩ። ራእይ ንጻዕርኻ ናብ ዝተነጸረ ዕላማን ዝድለ ውጽኢትን የቕንዖ።

ነዚ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ ንኣብነት ንውሰድ፡- ብዙሓት ድሕሪ ምህናጽ ቤተ መቕደስ ሓለውቲ ከም ዝዓረፉ ይግምቱ፣ እቲ ነብዪ ግን ህንጸት ቅድሚ ምጅማሩ ነዊሕ ከይጸንሐ ኣብ ኣፍደገ ደው ኢሎም ኣብ ኣእምሮኦም ሰኣሎ። ሕጂ ገዛ ዘይትውንን ትኸውን፡ ስድራኻ ግን ኣብ መንበሪ ገዛ፡ ሕሳብ ባንክኻ እንዳ ወሓዘ፡ ኣገልግሎትካ ይዕምብ ብ ከም ዘሎ እሞ ሕሰብ። ናይ ምምሳል ክእለትካ ናይ ፈጠራ ክእለትካ እዩ።

ነቲ እትብህጎ ነገር ኣብ ኣእምሮኻ ስኣሎ፣ ብእኡ ተግባራዊ፣ ፍረ ራእይካ ድማ ከተስተማቕሮ ኢኻ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ጸባን መዓርን ዝመልኦ ህይወት እየ ዝነብር፣ ዝጐደለኒ ነገር ኰነ ዝተሰብረ ነገር የልቦን። ኣምላኽ ምሳይ እዩ፣ ጽቡቕ ነገር እውን ኣይጐድለኒን እዩ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ምሳሌ 29:18

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ማቴዎስ 10:16-12:21



ሰንበት፣ 12 ጥቅምቲ

# ዓቢ ምድሓን

**ሆሴእ 4:6**
**ህዝበይ ሰኣን ፍልጠት ይጠፍእ። ፍልጠት ስለ ዝኣቤኻ፣ ኣነ ድማ ካህን ከይትኾነኒ ኽኣብየካ እየ። ሕጊ ኣምላኽካ ስለ ዝረሳዕካ፣ ኣነ ኸኣ ንደቅኻ ኽርስዖም እየ።**

ብዙሓት ሰባት ምድሓን ማለት ሓደ ሰብ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ኣብ መሬት ክጥው፡ ክበኪ ወይ ክተፍእ ከሎ እዩ ዝመስሎም። ስምዑኒ ኣሕዋተይ ግን ሓቀኛ ምድሓን ዘጋጥም ድንቁርናኹም ምስ ተገጠመ እዩ። ኣብ መሬት ክትጥወይ ትኽእል ኢኻ እሞ ሕጂ ውን ከይተቐየርካ ክትለዓል ትኽእል ኢኻ።

ዲያብሎስ መስፍን ጸልማት፡ "መስፍን" ማለት ቀዳማይ፡ "ጸልማት" ማለት ድማ ድንቁርና ይበሃል። ንመጀመርታ ግዜ ደንቆሮ ዝኾነ ንሱ እዩ።

ደንቆሮ ኣይትኹን። ብቓል ኣምላኽ ብርሃን ተቐበል። እቲ ቓል ንጸልማት ዘጥፍእን ንኣተሓሳስባኻ ዘቕይርን ብርሃን ዘምጽእ እዩ። ኣተሓሳስባኻ ምስ ተቐየረ ብሓቂ ናጻ ኢኻ። ካብ ቃል ዝርከብ ፍልጠት ካብ ዝኾነ ይኹን የድሕነካ እዩ።

ቃል ኣምላኽ ተመገቡ እሞ ድንቍርና ኸኣ ካባኻትኩም ክሃድም እዩ። ብቓል ብርሃን ክመጽእ ከሎ ቍጠባዊ ኵነታትካን፣ መደብ ኣምላኽን፣ ጥዕናኻን ክዕምብብ እዩ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣብ ድንቁርና ምንባር ኣብየ። ብክርስቶስ ሓራ ኮይነ ድሕሪ ደጊም ባርያ ንድንቁርና ኣይኮንኩን። እቲ ኣብ ክርስቶስ ዝነበረ ኣተሓሳስባ ኣባይ ኣሎ፤ ፍልጠትን ምስትውዓልን ካብ ውሽጠይ ብስም የሱስ ይውሕዝ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዳዊት 119:130

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቅሲ: ማቴዎስ 12:22-14:12



ሰኑይ፣ 13 ጥቅምቲ

# ዝገርሙ ፍጡራት

**1ይ ጴጥሮስ 1:10**
**እቶም ብዛዕባ እቲ ንኣኻትኩም እተመደበ ጸጋ እተነበዩ ነብያት ብዛዕባ እዚ ምድሓን እዚ ደለዩን መርመሩን፡**

ንእሽቶይ ከለኹ፡ ንነብሰይ "ጸሊም ኤልያስ" ኢለ እየ ዝጽውዑ ነይረ። ኣብቲ ግዜ እዚ፡ ኣምላኽ ብናይ ሎሚ ጥቕሲ ኣቢሉ ዝዓሞቐ ሓቂ ክገልጸለይ ክሳብ ዝጅምር፡ ሓይሊ ኤልያስ ዝለዓለ መሲሉኒ ነይሩ። ከም በዓል ኤልያስ ዝኣመሰሉ ነብያት ከይተረፉ ነቲ ዝገርም ምስጢራት ድሕነት ክርእዩ ይምነዩ ነይሮም፡ እንተኾነ ግን ክኣትዉ ኣይተፈቕደሎምን። ሓድሽ ዓይነት ነብያት ፍጡር ከም ዝመጽእ፡ ኣምላኽ ባዕሉ ዝሓድረሉ ፍጡር ከም ዝመጽእ ምእማን ልዕሊ ምርዳእ እዩ ነይሩ።

ኣብ ብሉይ ኪዳን መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊ ነብይ ንኽንበዩ ንሓጺር እዋን ይመጽ ነበረ። ሕጂ ግና እግዚኣብሔር ኣባና ነባሪ ቤቱ ገይርዎ ኣሎ። ኣባይን ኣባኻን እዩ ዝነብር። ካብ ኤልያስ ወይ ኢሳያስ ንበልጽ ማለት እዩ። በዚ ምግላጽ እዚ፣ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ንኹሉ ነገር ስዓር። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ክርስቶስ ኣባይ ተስፋ ኩሉ ክብሪ እዩ። ኣነ ልዕለ ባህርያዊ ሓይሊ እየ፡ ብዛዕባይ ኩሉ ነገር ድማ ብስም የሱስ ንኽብሪ ኣምላኽ ይምለስ ኣሎ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዕብራውያን 11:39-40

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ማቴዎስ 14:13-17:13





# እታ ዕውቲ ቤተ ክርስቲያን

**ሮሜ 8:37**
**ካብታ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ጐይታና ዘላ ፍቕሪ ኣምላኽ ከቶ ኺፈልየና ኽም ዘይኰነሉ፡ ኣርጊጸ ኣሎኹ እሞ፡ በዚ ዅሉ በቲ ዘፍቀረና ኣጸቢቕና ንስዕር ኢና።**

ሰለስተ ዓይነት ክርስትያናት ኣለዉ፥ ማለት ዝተሰዓሩ፣ ወተሃደራውያን፣ ከምኡውን ዝተዓወቱ ኣለዉ። እታ ዝተሳዕረት ቤተ፡ክርስትያን ኣብ ክርስቶስ ምሉእ መሰላ ኣይፈለጠትን። እታ ወተሃደራዊት ቤተ፡ክርስትያን ወትሩ ምስ ኣጋንንቲ ትቃለስን ድሕነት ትደሊን እያ። እታ ዕውቲ ቤተ፡ክርስትያን ግን ካብቲ ውግእ ሓሊፋ ካብ ዝለዓለ፣ ሃለኽለኽ ዘይብሉ ኣተሓሳስባ እዮም ዝዓዩ።

እቲ ዕዉት ክርስትያን በቲ ቓል ምሉእ ብምሉእ ዝቕየረን እዮም። ደጊም ምድሓን ኣይደልን፣ ኣብ ክንዳኡስ ንካልኦት ሓራ ኸውጽኡ እዮም ዚደልዩ። እዞም ጀነራላ፥ ብጸሎትን ጽንዓትን ነቲ ቓል ዝበልዑን ናይ ኣምላኽ ጀነራል ኢዮም። ዕዉት ክርስትያን ኹን። ድኹም ኣይኰንካን፣ ብናይ ገዛእ ርእስኻ መሰል ጀነራል ኢኻ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ካብ ኵነታት ህይወት ዝለዓለ እየ ዝነብር። ኣነ ከም ዝተሳዕርኩ ወይ ድሕነት ዘድልየኒ ኣይኰንኩን፣ ዕዉት ቤተ፡ክርስትያን ኢየ፡- እቲ ኣብ ክርስቶስ ዘሎኒ ስልጣን ንጡፍን ንጹርን ምዃነይ ወሲነ እየ። ኣብ ክርስቶስ ሓይለይ ፈሊጠ፣ ንኻልኦት ናብ ሓርነት እመርሖም። ኣብ ኵሉ መዳይ ህይወተይ ከኣ መስቀል ከም ዝዕወት እገብር እየ። ብልጽግናየይን ሰላመይን ሓይለይን ብስም የሱስ ኣይነቓነቕን እዩ፡- ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
2ይ ቆሮንቶስ 5:20

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ማቴዎስ 17:14-20:34



ረቡዕ፣ 15 ጥቅምቲ

# ቤተ ክርስትያን

**ማቴዎስ 16:18**
**ኣነ ኸኣ እብለካ አሎኹ፡ ንስኻ ጴጥሮስ ኢኻ። ንማሕበረይ ከኣ ኣብዛ ኸውሒ እዚኣ ኽሃንጻ እየ፡ ደጌታት ሲኦል ድማ ኣይሕይልዋን።**

ቤተ ክርስቲያን ኣብ ምድሪ እታ ዝሓየለት ሓይሊ እያ። ገሊኦም ግን ብዘይ ፍልጠት ኣብ ቤተ ክርስቲያን ብፍርሓት ዝተኣከቡ ኣመንቲ ንኣምላኽ ዝበኽዩ ዝውዕሉ ጌሮም ይገልጽዋ። ንሕና ግን ኣዝዩ ልዕሊኡ ኢና። “ቤተ ክርስቲያን” እትብል ቃል ካብ ግሪኽ ኤክለስያ ዝመጸት ኮይና ትርጉሙ ድማ ህዝቢ ከም ማህበር ኮይኖም ናይ መንግስታዊ ውሳነ ዝገብሩ ኣኼባ ማለት እዩ። ኣብ ናይ ሰብ ነገራት ከመይ ኰሕዙ ከም ዘለዎም ቤተ ክርስቲያን እያ ትውስን።

እዚ ማለት ከኣ ኣብ ናይ ክርስትና ማሕበረሰብ ሓይልን ብርትዑን ስልጣንን ኣሎ ማለት ኢዩ። ንስኻ ኣካል እቲ ኻብ ኩሉ ዝሓየለ ሕጊ ቤት ኢኻ። ናብ ቤተ፡ክርስትያን ምኻድ ንምልማድ ጥራይ ኣይኰነን፣ ጽሕፍቶ ዝስሕለሉ ንዓለም ዝቈጻጸር ሕግ ኣብ ዝእረመሉ ቦታ ኢዩ። ሓደ ኻብቶም ኣብ ክርስቶስ ውሳነ ዝገብሩን ጽልዋ ዘሕደሩን ሰባት ክኸውን እዩ። ነቶም ክት ሰጐም ዘድልዮም ኣባርሮም፣ ነቶም ሓላፍነት ክ ስከሙ ዘድልዮም ድማ ኣቐሙ። በቲ ሓያል ስም የሱስ ክትተክልን ዝደለኻዮ ኽትምሕዎን ሓይሊ ተዋሂቡካ ኣሎ፡-

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ኣካል ናይቲ ኣብ ምድሪ ዝሓየለ ኣመሓዳሪ ኣካል ኣምላኽ በተክርስትያን እየ። ብመንፈስ ሕጊ ዝገብርን ኣብ ኣህዛብ መለኮታዊ ስርዓት ዝምስርትን እየ። በቲ ሓያል ስም የሱስ ኣፍ ደጊ ሲኦል ኣይክስዕረንን እዩ፡- ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዕብራውያን 10:25

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ማቴዎስ 21-22



ሓሙስ፣ 16 ጥቅምቲ

# ሚኒስተር ባህታ

**ፊሊጲ 4:4**
**ብጐይታ ኹሉ ሳዕ ተሓጐሱ፡ ደጊመ፤ ተሓጐሱ፡ እብል ኣሎኹ።**

ናይ ሓጎስካ ሓላፍነት ናይ ካልእ ስብ ሓላፍነት ኣይኮነን፣ ኣምላኽ ዝሃበካ ዕዮ እዩ። ሕጉስ ሰብ ንጭንቀትን ሕማምን ተስፋ ምቑራጽን ዝቖንዐ ኣይኮነን። ኣብ ከባቢኻ ንዝፍጸም ኣሉታዊ ነገራት ንኻልኦት ኣይትወቅስ። ጸላኢ ናብ ካልኦት ከተመልክት ከለኻ፣ ክትፈሽል ክትቅጽል ምኽንያት ክህበካ እዩ። ብምውቃስ ኣብ ከነታትካ ኽትጸንሕ ኢሉ ጸላኢ ዝጥቀመሉ ሜላ እዩ።

ናይ ሎሚ ጥቕሲ ብጐይታ ኽትሕጐስ ይእዝዘካ ኣሎ። ክርስቶስ ኣባኻትኩም ተስፋ ኽብረ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዘጋጠመካ ብዘየገድስ ንብዓትኻ ድረዝ፣ እግርኻ ንቕድሚት ገስግስ። ኣብ ውሽጥኻ ናይ በረኸ ህይወት ኣሎካ ናብ ኵሉ መዳይ ህይወትካ ይውሕዝ። ቃል ኣምላኽ ተመገቡ ብርሃኑ ድማ ኣብ ኵሉ ጸልማት ኵርናዓት የብርህ። ሕጂ ብስም የሱስ ሓጐስካን ጕልበትካን ይብዘሐልካ፦

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ህይወተይ ብሓይሊ ኣምላኽ፣ ተዓቑባ እያ። ድኹም፣ ሓፋር፣ ወይ ፈራህ ክኸውን ኣይደልን እየ። ሓጐሰይ ክሰርቕ ዝኽእል ዝኾነ ይኹን ነገር የልበን። ብዛዕባ ሓጐሰይ ምሉእ ሓላፍነት እወስድን ነቲ ኣብ ውሽሰይ ዘሎ ብሩኽ ህይወት እጥቀመሉ እየ። ወትሩ ብጐይታ እሕጐስ እየ፦ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ነህምያ 8:10

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ማቴዎስ 23:1-25:13



ዓርቢ፣ 17 ጥቅምቲ

# ምሕደራ

**ሉቃስ 16:11**
**እምብኣርከ ብገንዘብ ዓመጻ እሙናት ካብ ዘይትኾኑ፡ ንጥሪት ሓቂ ሕድሪ ዚህበኩም መን እዩ፧**

ንኹሉ እቲ ብግቡእ ዘይትቈጻጸሮ ነገራት ኣምላኽ ካባኻ ኽወስዶ እዩ። ንገንዘብ ብግቡእ እንተ ዘይተቘጻጺርካዮ ካብኡ ኽትውገድ ኢኻ። ነፍሲ ወከፍ ሃብታም ሰብ ኣምላኽ ንገንዘ ጥሪቱ ኽም ዚምዝግበሉ ዜርኢ መርትዖ እዩ ። መጽሓፍ ቅዱስ ንገንዘብካ ብግቡእ ከተመሓድሮ እንተ ዘይክኢልካ ኣምላኽ ብመንፈሳዊ ውህበታትን በረኸታትን ከም ዘይኣምነካ ይገልጽ እዩ።

ንህይወትካ ብግቡእ ንምቊጽጻር ውሳነ ግበር። ግዜኻ ኻብ ጸሎት ናብ ስራሕ ብጥበብ ኣመሓይሽን ምቐሎን። ነቲ ቐዳምነት እጥቦ ነገራት ኣይትደናገሮ። ንኹሉ ነገራት ብግቡእ ተቘጻጸሮ ኣምላኽ ድማ ዝያዳ ንኸተጥሪ ክሕግዘካ እዩ። ነዚ ትንቢታዊ መልእኽቲ እዚ ኽተንብቦ ኽለኻ ኣገልግሎትካን ስድራ ቤትካን ገንዘብካን ከተመሓድር ዘኽእለካ ጸጋ ይመጽእ ኣሎ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ጸጋ ጐይታ ኣብ ልዕለይ እዩ፣ ኣካላውን መንፈሳውን በረኸት እውን ሂቡኒ እዩ። ብመለኮታዊ ጥበብን ተግሳጽን እዓዪ እየ። ንነፍሲ ወከፍ ምንጪ ግዜ፣ ገንዘብ፣ ኣገልግሎት፣ ከምኡውን ስብ ርክብ ብ ብሉጽ መገዲ ኢየ ዝቈጻጸሮ። ኣነ እሙን መጋቢ እየ፣ ዝዓበየ ድማ ብሕጂ ይመጽ ኣሎ፣ ብስም የሱስ። ኣሜን፡-

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
Psalm ዳዊት 90:12

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ማቴዎስ 25:14-26:68



ዓርቢ፣ 18 ጥቅምቲ

# ብሕቡእ ኣምላኽ

**2ይ ቆሮንቶስ 4:7**
**ግናኸ እቲ ማእለያ ዜብሉ ሓይሊ ካብ ኣምላኽ እምበር፡ ካባና ምእንቲ ኸይከውን፡ እዚ መዝገብ እዚ ኣብ ኣቕሓ መሬት እዩ ዘሎና።**

ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ጌጋ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቁምነገር ከም ዘይብልካ ምእማን እዩ። እግዚኣብሄር ክጥምተካ ከሎ ንርእሱ ይርኢ። ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ውሽጢ ምድራዊ ኣካላትና መዝገብ ከም እንሕዝ ይገልጽ። ስጋዊ ቅርጽኻ መለኮታዊ ስንቂ ዝሓዘ እዩ ኣምላኽ ባዕሉ፦ ንስኻ ብሕቡእ ኣምላኽ ኢኻ፦

ካብ ሎሚ ጀሚርካ ንእግዚኣብሔር ተሰኪሙካ ከም ዘሎ፣ ምዝራብን ምንባርን ጀምር። ብሉጽ ኢኻ፣ ዓወትካ ድማ ውሕስነት ኣለዎ። ክትዛረብ ከለኻ ናይ እግዚኣብሔር ብሂል ምዃንካን ኣብ ውሽጥኻ ድማ ህይወትን ሓይልን ከምዘሎ ፈሊጥካ ብስልጣን ግበሮ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ብምስጢር ኣምላኽ እየ፣ ሓይሉ ድማ ኣባይ እዩ ዝነብር፦ መገደይን መደበይን መደብ ኣምላኽ እዩ። ናይ ኣምላኽ መዝገብ ተሰኪመ እየ ኵሉ እቲ ሎሚ ዝትንክፎ ዘለኹ ድማ ተባሪኹ እዩ። ብስልጣን ሰማይ ኢየ ዝዛረብ፣ ኣብ ኵሉ እቲ ዝገብሮ ነገራት ከኣ በቲ ሓያል ስም የሱስ ብሉጽ ምዃኑ ኢየ ዘንጸባርቕ፦ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዳዊት 82:6

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ማቴዎስ 26:69-28:20



ቀዳም፣ 19 ጥቅምቲ

# ዘርኢ ኣምላኽ

**1ይ ጴጥሮስ 1:23**
**ብህያውን ንዘለኣለም ብዚነብር ቃል ኣምላኽ ካብ ዘይጠፍእ ዘርኢ እምበር፡ ካብ ጠፋኢ ዘርኢ ኣይኰንኩምን ከም ብሓድሽ እተወለድኩም፡ ንሓቂ እናተኣዛዝኩምዋን፡ ግብዝና ንዜብላ ፍቕሪ ኣሕዋት ንነፍስኹም ኣጽርዩ፡ ብንጹህ ልቢ ንሓድሕድኩም ብሓቂ ተፋቐሩ፡**

ከምዚ ንኹሉ ስብ ዝብሎ፥ ኣብ ናይ ድሕሪት ዕዮኻ ብዙሕ እንተድኣ ኣተኲርካ ኣብ መሬት ክትውድእ ኢኻ እብሎም። ብዙሓት ድሕረ ባይታኦም ወይ መርገም ስድራቤት ብምውቃስ ንውድቀቶም የመኽንዩ። ናብ የሱስ ክርስቶስ ምስ መጻኻ ግና ካብ መርገም ነጻ ዝኾንካን ዘይሕለፍ ዘርእን ዝተወልደ ሓድሽ ፍጡርን ኢኻ።

ንህይወትካ ምሉእ ብምሉእ ብሓላፍነት ሓዛ፣ ነቲ ቓል ድማ ኣብ ዕዮ ኣውዕሎ። እዚ ሕጂ ዘሎ ሓቂ ንኣተሓሳስባኹም ኽቔጻጸሮ ፍቐዱሉ፡- ሕጂ ኣባል እቲ ኽቡር ኣኼባ እቶም ዝተጸውዑ ኢኹም። ብስም እቲ ሓያል ስም የሱስ ኣብ ህይወትካ ድኽነት ውድቀት ወይ ሕማም ኣይኪህሉን እዩ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ብእግዚኣብሔር ተሓርየ፣ ንመለኮታዊ ዕላማ ተፈልየ ዝተቐደስኩ እየ። ካብ ዘይበላሾ ዘርኢ እየ ተወሊደ፣ ካብ ኩሉ መርገምን ድሩትነትን ነጻ እየ። ልዕሊ ስርዓታት እዛ ዓለም እየ ዝነብር ዘለኹ፣ ድሕሪ ደጊም ድኽነትን ውድቀትን ሕማምን የብለይን። ብዓወት እየ ዝኸይድ፡ ዓወተይ ድማ ውሕስነት ኣለዎ፡ ብስም የሱስ፡- ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ጴጥሮስ 2:9

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ማርቆስ 1-3



ሰንበት፣ 20 ጥቅምቲ

# ካብቲ እዋናዊ ዝለዓለ ሓበሬታ

**1ይ ጴጥሮስ 1:12**
**ንኣኻትኩም እምበር፡ ንርእሶም ከም ዘየገልገሉ ተገልጸሎም። እዚውን በቶም፡ በቲ ኻብ ሰማይ እተላእከ መንፈስ ቅዱስ ገይሮም፡ ወንጌል ዝሰበኹልኩም ሕጂ ተነግረልኩም፡ መላእኽቲ ናብኡ ኺጥምቱ ይብህጉ እዮም።**

እግዚኣብሄር ኣብ ትንቢታዊ ዝዓበየ ግዱስ ክንከውን ፍሉይ መሰል ሂቡና እዩ። ብጸጋኡ ማእለያ ዘይብሉ ትንቢታት ኣህጉራውን ውልቃውን ኣውጺእና ኣለና፤ ኩሎም ተፈጺሞም እዮም። ነፍሲ ወከፍ ነዳልዎ ትንቢታዊ ቪድዮ ነዚ ፊርማ ዝሓዘ እዩ፣ "ካብ ናይ ጽባሕ ጋዜጣ ዝለዓለ እዋናዊ፣ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተነግረ።" ስለ ምንታይ ግን ከምዚ ንገብር፧ ምኽንያቱ ከምዚ ዝበለ ልክዕነት ብሓይሊ መንፈስ ኣምላኽ ጥራይ እዩ ዝከኣል።

ናይ ሎሚ ጥቕሲ ህሉው ሓቂ እንተሃልዩ ሕሉፍን መጻእን ሓቂ እውን ክህሉ ከም ዘለዎ ይገልጽ። እቲ ዘሕዝን ግን ብዙሓት ክርስትያናት ኣብ ዝሓለፈ ሓቂ እዮም ዝነብሩ። ፈውስን ኩሉ መንፈሳዊ በረኸትን ድሮ ኣብ ክርስቶስ ናቶም ምዃኑ ኣይፈልጡን እዮም።

ምስ መንፈስ ቅዱስ ርክብ ክትምስርት ከለኻ ብዛዕባ ቝጠባኻን ኣገልግሎትካን ንግድኻን ኵሉ መዳያትካን እዋናዊ ልክዕ ከምኡውን ፍልጠት ከም ዚህልወካ እዩ ዚገብር። መዓልታዊ ኣብ ቃልን ጸሎትን ግዜ ኣሕልፍ፣ ንስኻ እውን ካብ ናይ ጽባሕ ጋዜጣ ዝለዓለ እዋናዊ ኽትከውን ኢኻ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ብፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ እመላለስ ስለ ዘለኹ፡ መጻኢይ ውሑስ እዩ። ውድቀት ዝብሃል ናተይ ግደ ኣይኮነን። ወትሩ እንታይ ክገብር ከም ዘለኒን መዓስ ከም ዝገብሮን ብኸመይ ከም ዝገብሮን ብስም የሱስ ክፈልጥ እየ። ኣሜን፡-

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዳዊት37:23

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ማርቆስ 4-5



ሰኑይ፣ 21 ጥቅምቲ

# ዝበለጸ ጋንታ

**ማርቆስ 1:35**
**ኣንጊሁ ተንሲኡ፡ ገና ለይቲ ኸሎ፡ ወጸ። ናብ ጽምዊ ቦታ ኸይዱ ድማ ኣብኡ ጸለየ።**

ዝኾነ ይኹን ፕረዚደንት ወይ ክቡር ሰብ ናብ ሓደ ቦታ ቅድሚ ምግዓዙ፣ ሓንቲ ጕጅለ ኣቐዲማ ነቲ ቦታ ንምርካብን ኲሉ ነገር ስርዓት ከም ዘለዎ ንምርግጋጽን ትኸይድ። እዛ ጕጅለ እዚኣ ነቲ ኸጋጥም ዝኽእል ሓደጋ ትፈልጦን ትሕልዎን እያ። ብተመሳሳሊ ብእምነት ክንመላለስ ከለና ናይ ገዛእ ርእስና ጕጅለ ማለት ጸሎት ኣሎና። ጸሎት ንመገድና ንምድላውን ንምዕቃብን ንዝኾነ ይኹን ጸገም ንምፍታሕን ዝሕግዝ መንፈሳዊ መምርሒ እዩ።

የሱስ ኣንጊሁ ንኽጽሊ ተንሲኡ። ብድሆን ሕማማን ቅድሚ ዝመጸኒ መምርሒኡ ሰዲደ ኣለኹ። ጸሎት ቅድሚ መዓልተይ ዝግምር፣ ዓወት ከም ዝረክብ ገበሮ። ሕጂ ግዜ ወሲድካ ጸሊ። መዓልትኻ ንምዕራይን ውጽኢትካ ብስም የሱስ ንምዕቃብን መንፈሳዊ ሰራዊት ኣቐዲምካ ለኣኽ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ናብ መጻኢይ ጸሎት እሰድድ ኣለኹ፤ መንገደይ ውሑስ እዩ፣ ህይወተይ ድማ ኣብ ስርዓት ኣላ። ኲሉ ዝወስዶ ስጉምቲ ንዓወት ኣቐዲሙ ዝተዳለወ እዩ። መለኮታዊ ሓገዝቲ ኣብ ስትራተጂካዊ (strategically) ቦታ ኣለዉ፣ ዝኾነ ዕንቅፋት ድማ ብሓይሊ ናይታ ዝበለጸ ጋንታይ ክጻወር ኣይክእልን እዩ። ተኣምረይ ብስም የሱስ ዝተረጋገጸ እዩ፦ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዘጸአት 23:23

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ማርቆስ 6-7



ሰሉስ፣ 22 ጥቅምቲ

# ልዕልና ናይቲ ቃል

**ዳዊት 138:2**
**ንቓልካ ሓለፋ ኹሉ ስምካ ኣዕቢኻዮ ኢኻ እሞ፣ ናብ ቅዱስ መቕደስካ ኣቢለ ኽሰግድ፣ ንስምካውን ስለ ሳህልኻን ሓቅኻን ኢለ ኽመስግኖ እየ።**

ኣምላኽ ንዕኡን ንስርዓታቱን ክንቆጻጸሮ ዝሃበና ሓንቲ ነገር ጥራይ እያ፡ ንሳ ድማ ቃሉ እያ። ንኣምላኽ ብዓቕምና ኣይኮናን ንቆጻጸሮ፡ ንሱ ከምኡ ክኸውን ስለ ዘቐሞ እዩ። ስሙ ልዕሊ ኩሉ ስም ኣብ ሰማይን ምድርን ብዝኾነ መጠን፡ ካብኡ ንላዕሊ ዘቐመጦ ነገር ኣሎ፡ ቃሉ።

እግዚኣብሄር ኣብ ውሽጢ ቃሉ ጥራይ እዩ ዝሰርሕ፣ ካብኡ ወጻኢ ኣይሰርሕን እዩ። መዝሙር ዳዊት 138:2 ንቃሉ ልዕሊ ስሙ ከም ዘዕበዮ ይገልጽ። ስለዚ፡ ንቓል እንተኸይድካ፡ ናይ መንፈሳዊ ስርዓት ሓይሊ ትረክብ። ብመሰረት ቃሉ ጸሊ፣ መንፈሳዊ ሕጊ ድማ ንኣምላኽ ነቲ ኣብ ቃሉ ዝበሎ ከብጽሖ የገድዶ።

ንቃል ኪድ፡ ብርግጽ ምስክርነት ሒዝካ ክትምለስ ኢኻ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ቃል ኣምላኽ ብባህሪኡ ልዑልን እኹልን ሓያልን እዩ። ንቃል ክኸይድ ይመርጽ፡ ምስክርነተይ ድማ ውሕስነት ኣለዎ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዕብራውያን 4:12

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ማርቆስ 8:1-10:12



ረቡዕ፣ 23 ጥቅምቲ

# ናይ መወዳእታ መለኸት

**1ይ ቆሮንቶስ 15:52**
**ብሓንሳእ፡ ብቕጽበት ዓይኒ፡ በቲ ናይ ድሕሪ ኹሉ መለኸት፡ እቲ መለኸት ኪንፋሕ እዩ እሞ፡ እቶም ምዉታት ድማ ብዘይሓልፍ ኪትንስኡ እዮም፡ ንሕናውን ክንልወጥ ኢና።**

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ “ናይ መወዳእታ መለኸት” ክጠቅስ ከሎ፡ ቅድሚኡ ካልኦት ከም ዝነበሩ እዩ ዘመልክት። እዛ ናይ መወዳእታ መለኸት ኣብቲ ምምንጣል ክትድመጽ እያ፡ ኣብ ቀዳማይ በረራ ክጥሉ ድማ ይጽሊ። ናይ መወዳእታ መለኸት እንተሃልዩ ግን፣ ሕቶይሲ እቲኦም ካልኦት መዓስ ሰሚዕናዮም፡

ኣሕዋት ሕጂ እውን እንተኾነ ኣብ ከባቢኻ ብዙሕ መለኸት ይድመጽ ኣሎ፡ ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ኣቕልበ ክንህቦ ወይ ሸለል ክንብሎ ንርስዕ። እቲ ብዛዕባ እቲ ዝቐረበ ምንጣቕ እንሰብኮ ቃል ድሮ መለኸት ኮይኑ ኣሎ። ዓርክኻ ክትጽሊ ክላበወካ ከሎ፡ ወይ መጻምድትኻ ገለ ነገር ከተቛርጾ ከጠንቅቐካ ከሎ፡ ንሶም እውን መለኸት እዮም። ንነፍሲ ወከፍ መለኸት ኣቓልቦ ግበር፣ ክሳብ መምህርካ ገዛኻ ምስ ዝጽውዓካ ድማ ዕዉት ኩን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
መንፈሰይ ህያውን ንጡፍን እዩ፤ ኣብ ከባቢየይ ዝኾነ ትርጉም ዘለዎ ድምጺ ኣይስእንን እየ። ብስም የሱስ ብብሉጽ እምበር ናይ ክፍኣት ኣይፈልጥን እየ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኣሞጽ 6:1

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ማርቆስ 10:13-12:12



ሓሙስ፣ 24 ጥቅምቲ

# ህጻን ዝመስል መንፈስ

**ሉቃስ 18:16**
**የሱስ ግና ጸዊዑ፥ መንግስቲ ኣምላኽ ንኸምዚኦም ዝበሉ እያ እሞ፡ ሕጻናት ናባይ ይምጽኡ ሕደጉ፡ እይትኸልክልዎም።**

ንሓደ ቈልዓ እንተደኣ ዝኾነ ነገር ነጊርካዮም ኩሉ ኽኣምኖ ኽም ዝኽእል ኣስተብሂልካዶ ትፈልጥ፧ ናብ ዕዳጋ ክኸይድ እየ እሞ፣ ክምለስ ከለኹ ናይ ሓቂ ነፋሪት ከምጽእ እየ እንተ ኢልካ፣ ምሉእ ብምሉእ ክጽበዩ እዮም። ኣብ ናይ ቈልዓስ ዓለም ምጥርጣር ዝብሃል የለን፣ ኵሉ ቓል ከም ሓቂ ጌሩ እዩ ዝርኢ።

መንግስቲ ኣምላኽ ነቶም ክልተ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ዘይኰነስ ነቶም ከም ውሉድ እምነት ዘለዎም እዩ፣ ነቶም ኣምላኽ ዝበሎ ምሉእ ብምሉእ ዝኣምኑን ፈጺሞም ክናወጹ ዘይክእሉን እዩ። መንፈሳዊ ጉዳያት ስነ፡መጎት ኣይሓትትን፤ እምነት እምበር ትርጉም የብሉን። ሎሚ ጥርጣረን ግጉይ ኣረኣእያን ኣወግድ፡ እምነትካ ድማ ብስም የሱስ ውጽኢት ከተምጽእ እያ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ልበይን መንፈሰይን ኣምላኽ ዝሃበኒ ኩሉ በረኸት ክቕበል ድሉው እዩ። ብዘይ ምጥርጣርን ምድንጋርን ብናይ ቆልዓ እምነት እየ ዝኣምን። ብሙሉእ ትጽቢት እመላለስን ብ ብዝሒ ክነብርን እየ፣ ብስም የሱስ፡- ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዮሐንስ 5:14-15

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ማርቆስ 12:13-14:11



ዓርቢ፣ 25 ጥቅምቲ

# ፍጹም መብጽዓ ኣምላኽ

**ኤፌሶን 1:23**
**ንሳ ኸኣ ስጋኡ ናይቲ ኹሉ ኣብ ኵሎም ዚመልእ ምልኣቱ እያ።**

ብዙሓት ሰብ ክሳብ ሕጂ ብብሉይ ኪዳን ይነብሩ ኣለዉ። መብጽዓ ኣምላኽ ኣብ ህይወቶም ክግለጽ ኣብ ዝጸዝዙሉ ኣገባብ እዮም ዘለዉ። ብሓቂ ግና ኣምላኽ ዝሃበና መብጽዓ ኣሎ ድዩ፧ መብጽዓ ኣምላኽ እዩ ኢልካ እትኣምኖ ማእለያ ዘይብሉ ሓሳብ ክህልወካ ይኽእል እዩ። እዚ ንዓና ከም ናይ ሓድሽ ኪዳን ክርስትያናት እዩ፣ ብዘይካ የሱስ ክርስቶስ ካልእ ተስፋ የለን።

ኣብ ክርስቶስ ዘድልየና ዘበለ በረኸትን መብጽዓን ንረክብ ኢና። እቲ ንምድራዊንን ሰማያውንን በረኸት ዘመልክት ምልኣት እቲ ርእሲ ኣምላኽ እዩ። ክርስቶስ እንተ ሃልወካ ኵሉ ነገር ኣሎካ፡- ሕጂ ነቲ ኣምላኽ ብክርስቶስ ኣቢሉ ዝሃበካ በረኸት ከተንቀሳቕሶን ከተንጸባርቖን ሓላፍነትካ እዩ።

ብጸሎትን ቃል ምጽናዕን መትከላቱ ብምኽታልን ኩሉ በረኸትን ተስፋን ኣብ ክርስቶስ ኣብ ህይወትካ ክግለጽ እዩ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ብክርስቶስ ኣነ ተስፋ ኹሉ ኽብረ እየ። ኣብ ኣምላኽ ኵሉ ተስፋ ይፍጸም ኵሉ በረኸት ድማ ምሉእ እዩ። ብስም የሱስ ጽቡቕ ነገር ከቶ ኣይጐድለንን እዩ፡- ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ቆሎሴ 1:27

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ማርቆስ 14:12-15:47



ቀዳም፣ 26 ጥቅምቲ

# ዘይምርመር ሃብቲ

**ኤፌሶን 3:8**
**ንኣይ፡ ካብ ኵሎም ቅዱሳን ለጠቕ ንዝብል፡ እቲ ዘይምርመር ሃብቲ ክርስቶስ ነህዛብ ክሰብኽ፡ እዚ ጸጋ እዚ ተዋህበኒ።**

ኣብ መላእ ዓለም ዝርከባ ሃገራት መዓልታዊ ንመሰል ማዕድን ይቃለሳ ኣለዋ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወቕቲ ርኽበት ሓደስቲ ተቐማጦ ይግበር ኣሎ። ኰይኑ ግና፡ እዚኣቶም ካብቲ ኣምላኽ ኣብ ምድሪ ዝህቦ በረኸት ንእሽቶይ ክፋል ጥራይ እዮም። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ እቲ ክምርመር ዘይክእል ሃብቲ ክርስቶስ ይዛረብ ኣሎ፣ እዚ ኸኣ ኣብኡ ዝርከብ መወዳእታ ዘይብሉ ሃብቲ እዩ። እዚ ኸኣ ንጥዕናኻን ንገንዘብካን  ንብዙሕ ነገራትን ዝሽፍን ምሉእ ብልጽግና እዩ።

ንየሱስ ክርስቶስ ክትቅበሎ ከለኻ ንመንፈሳዊ ፎርማ ጥራይ ኣይኮነን ምሉእ ብምሉእ ናብ ምብዛሕን ሰላምን ዝመልኦ ህይወት ዝቕየር እዩ። ምስ ቃል ኣምላኽ ዝሰማማዕ ዝደለኻዮ ብስም የሱስ ከም ዝወሃብ ኣብ ልዕሊ ህይወትካ እእዝዝን እእውጅን ኣለኹ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ካብቲ ሃብታም ድሕነት ማይ ክሰቲ ከለኹ፣ ኩሉ ብዛዕባይ ኣብ ደስ ዘብል ቦታ ይወድቕ ኣሎ። ኩሉ ዘድልየኒን ዝምነዮን ካብቲ ክምርመር ዘይክእል ሃብቲ ክርስቶስ እየ ዘውጽኦ። ኩሉ ተስፋ ኣምላኽ ንዓይ ብክርስቶስ "እወ፡-" ከምኡውን "ኣሜን፡-"

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
2 Peter 2ይ ጴጥሮስ 1:3

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ማርቆስ 16; ሉቃስ 1



ሰንበት፣ 27 ጥቅምቲ

# ካብ ሰብ ዝረሓቐ

**2ይ ቆሮንቶስ 5:17**
**ስለዚ ሓደ እኳ ብክርስቶስ እንተ አልዩ፡ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ፡ እቲ ብሉይ ሐሊፉ፡ እንሆ፡ ኲሉ ሓድሽ ኰይኑ።**

ስፍሓት ወድሰብ ንኹሉ ዓይነት መዓትን ውድቀትን እተቓልዐ ኢዩ። ሓደ ኻብቲ ጸላኢ ዝጥቀመሉ ቐንዲ ሜላ ካብ ስጋን ደምን ከም ዝተወለድካ ሰብ ምዃንካ ምዝኽኻር እዩ። ነዚ ምስ ተቐበልካ ግን ንጐይታ እዛ ዓለም እዚኣ ኢኻ ትምብርከኽ ዘለኻ፡ ስዕረት ድማ ዘይተርፍ ይኸውን።

መጻሕፍ ቅዱስ ግና ብክርስቶስ ሓድሽ ፍጥረት ምዃንካ ይእውጅ፣ ኪኖ ሰብ። እታ ናይ ግሪኽ ቓል ካይኖስ እያ፣ ትርጉማ ድማ ቅድሚ ሕጂ ዘይነበረ ምሉእ ብምሉእ ሓድሽ ፍጥረት ማለት እዩ። ትማሊ ጥራይ ወይ ቅድሚ ደቂቕ ከይተረፈ ሓጢኣት ጌርካ ትኸውን፡ እቲ ሓቂ ግን፣ እቲ ኣረጊት ሰብ ጠፊኡ እዩ። ሓድሽ ተቐይርካ ኢኻ።

ብርእሰ ተኣማንነትኩም ተጓዓዙ እሞ ንነፍሲ ወከፍ በረኸት ኣምላኽ ኣስተማቕሩ፡-

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ብየሱስ ክርስቶስ ሓድሽ ፍጥረት እየ፡- ኣሉታዊ ሕሉፈይ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ተደምሲሱ እዩ። ድሕሪ ሕጂ ብናይ ደቂ ሰባት ድኽመት ወይ ውድቀት ኣይተገደብኩን። ካብ ዝለዓለ ዓውዲ እየ ዝሰርሕ፡-

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ድጉዓ ኤርምያስ 3:22-23

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ሉቃስ 2-3



ሰኑይ፣ 28 ጥቅምቲ

# ምንጪ መልስኹም

**ዘጸአት 14:15**
**እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡ ስለምንታይ ናባይ እትምህለል፧ ንደቂ እስራኤል ኪጕዐዙ ንገሮም።**

ደቂ እስራኤል እቲ ዝዓበየ ቅልውላው ኣጋጢምዎም፤ ብቕድሚኦም ብባሕሪ ተዓጽዮም ብድሕሪት ዝነበሩ ግብጻውያን ይስዕብዎም ነበሩ። ካብ ግብጺ ምውጻእ እቲ ዓወት መሲልዎም፣ ጸላኢ ዕረፍቲ ከምዘይብሉ ጥራይ ተገንዚቦም። ነቢይ ሙሴ ከይተረፈ መልሲ ደለየ፡ እግዚኣብሔር ዝሃቦ መልሲ ግን ርሱን እዩ ነይሩ፡ "ንምንታይ ኢኻ ትበኽየለይ ዘለኻ?" ኣምላኽ ንጹር እዩ ነይሩ፣ ንዓይ ምብካይ ኣየድልን እዩ፤ ንድሕሪት ተመሊስካ ነቲ ጉዳይ ኣዐርዮ። እቲ መልሲ ድሮ ምሳኻ ኣሎ።

እቲ ንሙሴ ሓቂ ዝነበረ ንዓኻ ሓቂ እዩ፥ እዚ ግዜ እዚ መልሲ ንምርካብ ናብ ኣምላኽ ትበኪ ግዜ ኣይኮነን። መለኮታዊ መሰልካ ተጠቒምካ ኣብ ህይወትካ ለውጢ ከተምጽእ ግዜኡ እዩ። እቲ ሓቀኛ ፍታሕ ድሮ ኣብ ውሽጥኻ ኣሎ፡ ኣምላኽ ድማ ንኹነታትካ ክትቅይሮ ሓይሊ ሂቡካ ኣሎ። ኣፍካ ከፊትካ ህይወት ተዛረብ፡ ንቕድሚት ምጉዓዝ ቀጽል፡-

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣፈይ ብርዒ ድሉው ጸሓፊ እዩ። ኣነ ተሽካሚ ፍታሕ እየ። ንኹሉ ምሳይን ስድራይን ዝተኣሳሰር ብስም የሱስ እእዝዝን መልሲ እእውጅን፡- ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
Luke 10:19

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ሉቃስ 4:1-6:26



ሰሉስ፣ 29 ጥቅምቲ

# ካብቲ ንቡር ወጻኢ

**1ይ ዜና መዋዕል 4:9-10**
**ያዕቤጽ ድማ ካብ ኣሕዋቱ ዚኸብር ነበረ። ኣዲኡ ኸኣ፡ ብጻዕሪ ወሊደዮ፡ ኢላ እያ እሞ፡ ስሙ ያዕቤጽ ኣውጽኣትሉ። ያዕቤጽ ድማ ንኣምላኽ እስራኤል፡ ብርግጽ እንተ ትባርኸኒ፡ ዶባተይ ከኣ እንተ ተግፍሓለይ፡ ኢድካውን ምሳይ እንተ ትኸውን፡ ከይጭነቕ ድማ ካብ ክፉእ ከም ዝድሕን እንተ ትገብረኒ፡ ኢሉ ለመኖ። ኣምላኽ ከኣ እቲ ዝለመኖ ገበረሉ።**

ዓለም “ንቡር” ዝብል ናይ ገዛእ ርእሱ ትርጉም ኣለዋ፣ እዚ መለክዒ እዚ ነገራት ከመይ ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ወይ ክኾኑ ከም ዘለዎም ዝገልጽ እዩ። ዘይተለምደ ነገር ምስ ዘጋጥም ኣብ መዝገብ ክብረወሰን ጊነስ ተሰኒዱ ይርከብ። መስመር ስድራቤት ያቤዝ ክትግምቶ ዝከኣል ንቡር ቅዲ እዩ ዝኽተል ነይሩ፡ ወለዶ ድሕሪ ወለዶ ነቲ ዝቕጽል ምውላድ ጥራይ። ዋላ ሓንቲ ጐሊሑ ዝረአ ኣይነበረን፣ ክሳብ ያቤዝ። ነቲ ስርዓት ምኽታል ኣብዩ፡ ንኣምላኽ ግዝኡ ኸስፍሕ ደፊሩ ኽልምኖ ጀመረ። በዚ ምኽንያት ድማ ካብ ኣሕዋቱ ንላዕሊ ክቡር ምንባሩ መጽሓፍ ቅዱስ ይገልጽ።

ሎሚ ካብቲ ንቡር ክትወጽእ ይምንየልካ። ካብ ኣዝማድካ ኣብ ሓደ ስድራቤት ክትውለድ ትኽእል ኢኻ፡ ዕጫኻ ግን ዝተፈለየ እዩ። ዓወትካ ኣብ መንጎ ኣሕዋትካ ብዓይነቱ ቀዳማይ ክኸውን እዩ። እግዚኣብሄር ብስም የሱስ ካብ ዑደት ተራ ይምንጥለካ ኣሎ፡-

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ተራ ኣይኮንኩን ዝጽበ ዘለኹ፡- ካብ ትጽቢት ዓለም ንላዕሊ ክነብር እየ። ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ኩሉ ኣጋንንታዊ ደረት ብስም የሱስ ሰበርኮዎ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዳኒኤል 1:20

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ሉቃስ 6:27-8:25



ረቡዕ፣ 30 ጥቅምቲ

# መደብ መንግስቲ ኣምላኽ

**2ይ ዜና መዋዕል 1:10**
**ነዚ ዓብዪ ህዝብኻ እዝስ መን ኪፈርዶ ይኽእል፡ እምበኣርሲ ኣብ ቅድሚ እዚ ህዝቢ እዚ ኽወጽእን ክአቱን ጥበብን ፍልጠትን ሀበኒ፡ በለ።**

ብዙሓት ሰባት ብሰንኪ ድርኺ በረኸት ኣምላኽ ኣይረኽቡን እዮም። ኣምላኽ ንመደቡ ገንዘብ የዋጽኣሉን የዕቍቦን የተባብዖን እዩ። ሓዳስ ማኪና ወይ ዓብዪ ቤት ክ ውሃበካ ኽትሓት ት ከለኻ ደረኽካ እንታይ እዩ፡ ኣዕሩኽካን ጐረባብትኻን ንኽርእይዎ ድዮ፡ ሰሎሞን ንህዝቢ ኣምላኽ ብትኽክል ኪኣስዩ ደኣ እምበር ብግዜኡ ኽምዚ በሊሕ ጌሩ ኾውሰድ ዘይኰነስ ምስትውዓል ክወሃቦም እዩ ሓቲቱ። ዕላምኡ ንጹህ ስለ ዝነበረ እቲ ዘቕረቦ ልመና ምስ ዕላማ መንግስቲ ኣምላኽ ዝሳማማዕ እዩ ነይሩ። ስለዚ ኸኣ እዩ ኣምላኽ ተወሳኺ ነገራት ዝሃቦ።

ኣምላኽ ንመንግስቱ ቀዳምነት ዝ ህብ ልቢ የናዲ ኣሎ። ድረኽካ ምስ ዕላማኡ ዝሰማማዕ እንተ ኾይኑ ሞገስ ናይ ኣምላኽ ኢኻ ትረክብ። ክንዲ እቲ ዝሓተትካዮ ዘይኰነስ ዕላማኡ እዩ። ስለዚ ካብ ሎሚ ኣትሒዝካ ኵሉ እቲ ናብ ኣምላኽ ትልምኖ ነገራት ምስ ዕላማ መንግስቲ ኣምላኽ ከም ዝተተሓሓዘ ኣረጋግጽ ፣ ብርግጽ ድማ ክህበካ እዩ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ሚስዮናዊ ኾይነ ገንዘብ እሰሓብ እየ ። ህልውና ዝረኸብኩሉ ምኽንያት ብኹሉ እቲ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ብስም የሱስ ንኣምላኽ ንምግልጋል እዩ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዳዊት 69:9

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ሉቃስ 8:26-10:16



ሓሙስ፣ 31 ጥቅምቲ

# መዓልቲ ዓስቢ

**ገላትያ 6:9**
**እንተ ዘይተጸልኣናስ፡ ብጊዜኡ ክንዓጽድ ኢና እሞ፡ ንሰናይ ግብሪ ኣይንሰልኪ።**

ንኣምላኽ ምግልጋል ውሕስነት ዘለዎ ዓስቢ ሒዙ እዩ ዝመጽእ። ኣገልግሎት ቐሺ ኹን ምባል ኣይኮነን፣ ካብ ምስባኽ ንላዕሊ ዘጠቓልል እዩ። ንምሃብን ብምዝማርን ካብ ኣገልግሎት ኣምላኽ ወጻኢ ብፍቕሪ ዝግበር ዝኾነ ይኹን ንኽንቱ ኣይክተርፍን እዩ። እቲ ዓስቢ ክመጽእ እዩ እሞ፡ ሰናይ ምግባር ከይንደክም ቃል ኣምላኽ ይነግረና። እዚ ማለት ምድኻም ይከኣል እዩ ማለት እዩ። ገሊኦም ድማ ካብ ዓስቦም ሒደት ሰዓታት ጥራይ ከም ዝተረፉ ስለ ዘይፈለጡ ቀልጢፎም የቋርጽዎ። ሓደ ካብኦም ኣይትኹን።

ንኣምላኽ ብምሉእ ልብኻ ከተገልግሎ ኮነ ኢልካ ውሳኔ ግበር። ዓስብኻ ሕጂ ይኹን ኣብ ዝመጽእ ህይወት ርግጸኛ እዩ። እዋናዊ ብድሆ ተስፋ ከይቆርጹኻ፣ መዓልቲ ዓስብኻ ትመጽእ ኣላ። ዓስብኻ ሕጂ፡ ብስም የሱስ ም኿ኑ ይጽልን ይነብይን ኣለኹ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ልበይ ኣብቲ ክኽተሎ ዘለኒ መንገዲ ተተኺሉ ኣሎ፤ ንኣምላኽ ብምሉእ ልበይ ከገልግሎ እየ። ብስም የሱስ ናይ ዓስበይ ወቕቲ ሕጂ እዩ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 2:6

**ናይ 365 መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስ ንባብ መደብ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: ሉቃስ 10:17-12:12



ቀዳም፣ 1 ሕዳር

# ጸጋ ኣምላኽ ህያብ እምበር ዓስቢ ኣይኮነን

**ኤፌሶን 3፡7**
**ኣነ: ከም ግብሪ ሓይሉ: ከምቲ እተዋህበኒ ውህበት ጸጋ ኣምላኽ□ኣገልጋሊ ወንጌል ኰንኩ**

ጸጋ ኣምላኽ ዘይተጻየረሉ፡ ዘይግብኦ ሞገስ እዩ። ኤፌሶን 2፡8–9 ብጸጋ ከም ዝደሓንና ይእውጅ፡ ብጻያርና(እንገብሮ) ዘይኮነስ በቲ ክርስቶስ ዝፈጸመልና። ጸጋ ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብ ኣፈጻጽማ ዝተመርኮሰ ከምዘይኮነ የዘኻኽረና። ኣብ ውድቀትና ይበጽሓናን ናብ ዕላማ ኣምላኽ ከኣ የልዕለና። ጸጋ ኣምላኽ ንሕሉፍና ይቕረ ይብለና፣ ንህልውናና ሓይሊ ይህብ፣ ንመጻኢና ድማ የውሕስ።

ጸጋ ጽዒርና ኣይኮንናን ንረኽቦ፤ ንቕበሎ ኢና። ጸጋ እግዚኣብሔር ምስ እንቕበል ካብ ሕፍረት ሓራ ወጺእና ብጽድቂ ክንነብር ሓይሊ ንረክብ። ጸጋ ንሓጢኣት ፍቓድ ኣይህበናን እዩ፤ ንዕኡ ንምብዳህ ዝግበር ምሕያል'ዩ። ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ብጸጋ ክትመላለሰሉ እትኽእል ሓድሽ ዕድል እዩ። ጸጋ ኣምላኽ ኣኽብሩ፤ ጸጋ ፍቅሪ ኣምላኽ ዘተግብር እዩ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ነቲ ብውዱእ ግብሪ ክርስቶስ ዝተዋህበኒ ጸጋ ኣምላኽ እቕበል። ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ጸጋ ኣምላኽ ተሸፊነ ኣለኹ። ኣብ ኩሉ ሰርሐየ ይያወት ሃሌሉያ!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**

2ይ ቆሮንቶስ 3፡5

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ሉቃስ 12፡13-14፡11



ሰንበት፣ 2 ሕዳር

# ኣምላኽ ንእሙንነት ይሽልም

**ኤፌሶን 6:10**
**ኣብ መወዳእታ ኣሕዋተየ፡ ብጐይታን ብሓይሊ ሓይሉን ኣጆኹም።**

ተኣማንነት ብኣምላኽ ፈጺሙ ኣይርሳዕን እዩ። (እብራውያን 6:10) ኣምላኽ ዘይፍትሓዊ ከምዘይኮነ የረጋግጸልና፤ ስራሕካን ነቲ ዘርኣኻዮ ፍቕርን ኣይርስዖን'ዩ። ካልኦት ንጻዕርኻ ዕሽሽ ኪብሉኻ ኸለዉ እውን ከይተረፈ፡ ኣምላኽ እሙንነትካ ይርእዮ እዩ።

ተኣማንነት ማለት ዋላ'ውን ከቢድ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ኣብ ፍቓድ ኣምላኽ ምጽናዕ ማለት'ዩ። ኣብ ፈተናታትን ብድሆታትን ተኣማንነት ኣብ ልዕሊ ካልኦት ዘቐምጠካ መለኮታዊ ልዕልና የምጽእ እዩ። ተኣማንነት ኩሉ ግዜ ጽባቐ ዘለዎ ኣይኮነን፣ ዋላ'ውን ዘድግፈካ ሰብ ኣብ ዘይብሉ እዋን ምርካብ፣ ምጽናዕን ምእዛዝን'ዩ። ዋላ እኺ ከምኡ ተኾነ፡ ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ፡ እዚ ባህርያት እዚ ናብ ነባሪ ዕቤት ኢዩ ዝመርሕ።

(ገላትያ 6:9) "ብግዚኡ ክንዓጽድ ኢና እሞ፡ ንሰናይ ግብሪ ኣይንሰልኪ" ኢሉ የተባብዓና። ዓስብኻ ብቕጽበት ዘይክመጽእ ይኽእል'ዩ፡ ግን ውሕስነት ኣለዎ ስለዚ ኣብቲ ጉዕዞ ጽናሕ። ኣብ ግዜ ኣምላኽ ተኣማመን። ጻዕርኻ ኣብ ጎይታ ከቶ ከንቱ ኣይክኸውንን እዩ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣብቲ ጉዕዞ መስመር ክጸንሕ ቆሪጸ ኣለኹ። ተኣምረይ ክሳብ ዝግለጽ ንቕድሚት ክኸይድን ክጽዕርን እየ። ሕጂ ኣይክደክምን ወይ ተስፋ ኣይቆርጽን እየ። ኣነ ልዕሊ ሰዓርቲ እየ፣ ብስም የሱስ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 2:7

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ሉቃስ 14:12-16:31



ሰኑይ፣ 3 ሕዳር

# ክገዝእ ብኣምሳል ኣምላኽ ዝተፈጥረ

**እዮብ 33፡4**
**መንፈስ ኣምላኽ እዩ ዝፈጢረኒ፡ እስትንፋስ እቲ ኩሉ ዝኽእል እዩ ህይወት ዝሃበኒ።**

ኣምላኽ ካብ መጀመርታ ንሰብ ዕላማን ሓይልን ገይሩ እዩ ዝሰርሖ። (ዘፍጥረት 1፡26) “ብመልክዕና ከም ምስልና ሰብ ንግበር... ምእንቲ ክገዝኡ” ኢሉ ይእውጅ። ብኣምሳል ኣምላኽ ምኳን መለኮታዊ ሽመት ንኽነግስ እዩ።

ኣባና ዘሎ ምስሊ እግዚኣብሔር ባህርያቱን ጥበቡን ፈጠራኡን ስልጣኑን ጽድቁን ዘንጸባርቕ እዩ። ንሱ ግዳይ ክንከውን ዘይኮነስ ተዓወትቲ ክንከውን እዩ ፈጢሩና። ዕብለላ ኣምላኽ ንደቂ ሰባት ዝሃቦ ናይ መጀመርታ ትእዛዝ እዩ ነይሩ፣ እቲ ዕላማ ድማ ክሳብ ሕጂ ኣሎ። ስለዚ ብቕንዕና መጋቢ ብብሉጽነት ድማ ጽልዋ ግበር።

ውድቀት ሰብ ምስሊ ኣምላኽ ኣይደምሰሰን፤ ኣዘምቢዎዎ ኢዩ። ብክርስቶስ ግና ተሓዲስና፡ ግዝኣትና ድማ ተመልሰ (ሮሜ 5፡17)። ኣብ ፍርሒ፡ ውድቀት፡ ወይ ማእከላይ ደረጃ ክትነብር ኣይተፈጠርካን። ዓለምካ ክትትንስእን ክትሃንጽን ክትመርሕን ክትቀርጽን ኢኻ ተፈጢርካ። ብመለኮታዊ መንነትካ ተመላለስ። ብስልጣን ተዛረብ። ውሳነታትካ መንፈሳዊ ይኹን። እቲ ኣባኻ ዘሎ መንፈስ ኣምላኽ ግዝኣትካ ኢዩ ዝመልስ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ብመልክዑ ንጉስ እየ ተፈጢረ። ከም ንጉሳውያን እየ ዝነብር፤ ብጥበብ እገዝእ፡ ብዕላማ እመላለስ፡ ብጸጋ ድማ ብስም የሱስ እየ ዝጸሉ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መዝሙር ዳዊት 104፡30

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ሉቃስ 17፡1-19፡27



ሰሉስ፣ 4 ሕዳር

# ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ፡ ናይ መወዳእታ ኣብነትና እዩ።

**ዮሃንስ 15:13**
**ሰብ ንህይወቱ ኣብ ክንዲ ኣፆርኹ ቤጃ ኼሕልፍ: ካብዚ ዚዐቢ ፍቅሪ የልቦን።**

እግዚኣብሄር ፍቕሪ ጥራይ ከም ዘየርኢ፡ ፍቕሪ'ዩ ዝብል ንቕሓት ይሃልኻ። (1ዮሃ 4:8) "ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ እሞ፡ ዘየፍቅር ንኣምላኽ ኣይፈልጦን እዩ" ይብል። ባህርያቱ ሓቀኛ መዐቀኒ ፍቕሪ እምበር ናይ ሰብ ስምዒት ወይ ሓላፊ ሕያውነት ኣይኮነን። ኣብ መስቀል እግዚኣብሄር እቲ ዝዓበየ ናይ ፍቕሪ ተግባር ኣርኣየ፡ ገና ሓጥኣን ከለና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ (ሮሜ 5:8)።

መለኮታዊ ፍቕሪ ልዕሊ ጽልኢ የልዕለና። ጽልኢ ይፈላሊ፤ ፍቕሪ ግና ይጥርንፍ። ጽልኢ የጥፍእ፤ ፍቕሪ ግና ይመልስ። ፍቕሪ ኣምላኽ ነቲ ዝጸልመተ ልቢ ክስዕሮን ነቲ ዝዓሞቐ ቁስሊ ክፍውስን ይኽእል እዩ። ብፍቕሪ ክንመላለስ ከለና ንዕኡ ነንጸባርቖ። (1ዮሃ 4:20) ንኻልኦት እናጸላእና ንኣምላኽ ነፍቅሮ ኢና ክንብል ከም ዘይንኽእል የዘኻኽረና፡ ፍቕሪ መርትዖ እምነት'ያ።

እዚ ዓመት ኣብ ዝዛዘመሉ ዘሎ እዋን፡ ዋላ'ውን ከቢድ ኣብ ዝኾነሉ እዋን፡ ፍቕሪ ኣምላኽ ብኣኻ ክውሕዝ ምረጽ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣባይ ዘሎ ፍቕሪ ኣምላኽ ካብ ዝኾነ ኣብ ከባቢየይ ዘሎ ጽልኢ ዝሓየለ እዩ። ኣብ ፍቕሪ ኣምላኽ ሱር ሰዲደ እየ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ግዜ ድማ በቲ ሓያል ስም የሱስ ንጽልኢ እስዕሮ። ንእግዚኣብሄር ኣመስግኑ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኢሳይያስ 53:10

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ሉቃስ 19:28-21:9



ረቡዕ፣ 5 ሕዳር

# ብመለኮታዊ ዕላማ ዝተፈጥረ

**ፊልጲ 2፡13**
**እቲ ምእንቲ ጽቡቕ ፍቓዱ ኤሉ ፡ኣባኻትኩም ድሌትን ግብርን ዝገብር ኣምላኽ እዩ።**

ሓደጋ ኣይኮንካን፤ ንስኻ ኣምላኽ ኮነ ኢሉ ዝፈጠረካ ፍጥረት ኢኻ። ንህይወትካ እና ቐረጸ፡ ብኒሕ እና ኣበርትዐ፡ ናብ ውሳኔታትካ ይመርሓካ፡ ኣብ ብድሆታት ድማ ደገፍካ ኢዩ።

ዕላማ ኣምላኽ ሕቡእ ኣይኮነን፤ ምስኡ ብምምልላስን ብጸሎት ፍቓዱ ብምድላይን ቃል ብምንባብን ድምጹ ብምእዛዝን እዩ ዝርከብ። ሙሴ ኣብ በረኻ፡ ኣስቴር ኣብ ቤተ መንግስቲ፡ ዳዊት ድማ ኣብ ዓውደ ውግእ ኢዮም ዕላማ ዝረኸቡ። ኣብ ዝሃለኻ ብዘየገድስ ኣምላኽ ዕላማኻ ክገልጸልካ ይኽእል እዩ። ባዕልኻ ምምሃዝ ኣየድልየካን እዩ፤ ምስ እትእዘዝ ግና ክትረኽበ ኢኻ።

ነቲ ክትመላለስሉ ኢሉ ቐደም ዘዳለዎ ሰናይ ግብሪ ብክርስቶስ ኢየሱስ እተፈጠርኩም ኢኹም (ኤፌሶን 2፡10)። ኣብ ህይወትካ ዘለዎ ዕላማ ካብ ዝኾነ ውድቀት ኮነ ምድንጓይ ይዓቢ። ንሱ ንነፍሲ ወከፍ ምጥዋይ ይብጀዎን ንኹሉ ንጽቡቕኩም ይገብሮን። ነዚ ሓቂ ኣብ ዓመት ሰንሰለት ሰባሪ ሓዞ!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ዕላማ ሒዘ እየ ተፈጢረ፤ ህይወተይ ኣካል መለኮታዊ መደብ ኣምላኽ እዩ፣ ንሱ ድማ ነቲ ኣባይ ዝጀመሮ ኣብዚ ዓመት ሰንሰለት ዝሰብር፣ ብስም የሱስ ክዛዝሞ እዩ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 8፡28

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ሉቃስ 21፡10-22፡46



ሓሙስ፣ 6 ሕዳር

# መሰውኢታት ከም ቦታታት ርክብ

**1ይ ሳሙኤል 7፡12**
**ብድሕሪኡ ሳሙኤል ሓደ እምኒ ወሲዱ ኣብ መንጎ ሚጽጳን ሸንን ኣንበሮ፡ እግዚኣብሄር ክሳዕ ኣብዚ ረድኣና፡ ኢሉ ድማ ኤብን ዔዘር ሰመዮ።**

መንፈሳዊ መሰውኢታት መለኮታዊ ርክባት ዝካየደሉ ቦታታት ኮይኑ ሰማይ ምስ መሬት ዝራኸበሉ፣ ሰብ ድማ ምስ ኣምላኽ ዝሓብረሉ እዩ። ኣብ ጽሑፋት፣ መሰውኢታት ቅዱሳት ህሞታትን ኪዳን ምብጻሕን የመልክቱ እዮም። ካብ ስጋዊ ኣቃውማ ንላዕሊ፡ መንፈሳዊ ተወፋይነት እዮም ዘመልክቱ ። ሎሚ ብጸሎትን ኣምልኾን ብጾምን ኢድካ ብምሃብን ኢና መንፈሳዊ መሰውኢታት ንሃንጽ፣ ንጡፍ ህላወ ኣምላኽ እናዓደምና።

መሰውኢታት መዘከርታ ተስፋን ህላዌ ኣምላኽን እዮም። ኣብ ቤትናን ልብናን ልምድናን ብምትካል እግዚኣብሔር ክሓድረናን ክመርሓናን ኢና ቦታ ንፈጥር። ከም መዘኻኸሪ ኮይኖም የገልግሉ፣ እምነትናን መንፈሳዊ ሓይልናን የሐድሱ። መሰውኢኻ መኣዝን ጸሎትካን ናይ ኣምልኾ ግዜኻን መዓልታዊ ኢድካ ምሃብካን ይኹን፡ ሓይሊ ኣምላኽ ኣብ ህይወትካን ሓዳርካን ፋይናንስካን ክግለጽ ድማ ተዓዘብ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣብዛ ዓመት ሰንሰለት ሰባሪ፡ መሰውኢይ ክዛረበለይ እዩ። ኣምላኸይ ኣብ መሰውኢ ብሓይልን ዕላማን ብሰላምን ከም ዘበራበረኒ እፈልጥ እየ። ንእግዚኣብሄር ክብሪ ይኹን! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እያሱ 4፡7

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ሉቃስ 22፡47-24፡23



ዓርቢ፣ 7 ሕዳር

# እምነት ንኣምላኽ የሐጉሶ

**ዘፍጥረት 15፡6**
**ኣብራም ብእግዚኣብሄር ኣመነ፡ ንሱ ድማ ንጽድቂ ቖጸረሉ።**

እምነት መሰረት ናይቲ ምስ ኣምላኽ ዘሎና ርክብ እዩ። (እብራውያን 11፡6) "ብዘይ እምነት ንኣምላኽ ምሕጓስ ኣይከኣልን እዩ" ኢሉ ይእውጅ። እምነት (faith) ኪኖ ምእማን (belief) ኢያ ትኸይድ፣ ምትእምማንን ጽግዕተኛነትን ንፍቓዱ ድማ ኢድካ ምሃብን እዩ። ኣምላኽ ብስምዒት ወይ ብመረጋገጺ መንነት ዘይኮነስ ብእምነት (faith) ኢዩ ዝንቀሳቐስ። ንኣምላኽ ምሉእ ብምሉእ ክንውከሎ ከለና፡ ዋላ ኣብ ዘጠራጥር ጉዳይ፡ ናብ ልቡ ደስታ ኢና ነምጽእ። እምነት ንባህርያቱ ኣፍልጦ ስለ እትህብ ንኣምላኽ ተኽብሮ ኢያ። "ኣምላኽ ዋላ ውጽኢቱ ከይረኣኹ እኣምነካ ኣለኹ" ኢያ ትብል።

እምነት ንተኣምራት ማዕጾ ትኸፍት። የሱስ ብዙሕ ግዜ "እምነትካ ኣሕወየትካ" ይብል ነበረ። ፍጽምና ዘይኮነስ እምነት ጥራይ'ዩ ዝደሊ ነይሩ። እምነት ዕዉር ኣይኮነን፤ ኣብ'ቲ ዝተረጋገጸ ተኣማንነት ኣምላኽ ዝሰረተ'ዩ። ንሱ ዝገበሮ ዘክር እሞ እዚ ድማ ነቲ ኣብ ቅድሜኻ ዘሎ ርእሰ ተኣማንነትካ ሓይሊ ክህቦ ፍቐደሉ። ኣብ ዘርኢ ምዝራእ ይኹን፡ ንኽፍወስ ምጽላይ፡ ወይ ዕቤት ምድላይ፡ እምነት ምህላው ንኣምላኽ የኽብር ኢዩ፡ ኣምላኽ ድማ ንእምነት የኽብር።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ቃል ኣምላኽ እዛረብ፡ መብጽዓታቱ እኣምን፡ ኣብ ግዚያቱ ድማ እኣምን። ኣብ ሓደ ዓቢ ኣምላኽ እምነት ኣለኒ። ንዕኡ ከሐጉስ እየ ዝነብር፤ ስለዚ፡ ብእምነት እየ ዝነብር። ሃሌሉያ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 4፡3

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ሉቃ 24፡24-53፤ ዮሃንስ 1፡1-2፡11



ቀዳም፣ 8 ሕዳር

# የሆዋ ራፋ (ፈዋሲ ኣምላኽ)

**መዝሙር ዳዊት 103፡3**
**ንሱ ንኹሉ ኣበሳኺ ዚሓድገልኪ ፡ ንኹሉ ሕማምኪ ዝፍውስ።**

ሓደ ኻብቲ ኣዝዩ ዘጸናንዕ ኣስማት ኣምላኽ፡ የሆዋ ራፋ (ፈዋሲ ኣምላኽ)፡ "እቲ ዚፍውስ እግዚኣብሄር" እዩ። ፈውሲ ኣምላኽ ዝገብሮ ጥራይ ዘይኮነስ መንነቱ'ዩ። ፈውሲ ኣምላኽ ኪኖ እቲ ስጋዊ ኢዩ ዝዝርጋሕ፤ ንዝተሰብረ ልቢ ይፍውስ (መዝሙር ዳዊት 147፡3)፡ ኣእምሮኣዊ ሰላም ይመልስ (ኢሳ 26፡3)፡ ብመንፈሳዊ ቁስሊ ድማ ብምሕረት የዐሪ። ንሃገር እውን ከይተረፈ ይፍውስ እዩ። ፈውሱ ቀሊልን ምሉእን ንመንፈስን ነፍስን ስጋን ድማ ዝኸውን እዩ።

መስቀል ክርስቶስ ናይ መወዳእታ ምልክት ፈውሲ እዩ። (ኢሳ 53፡5) "ብስምብራቱ ሓዌና" ይብል። ኢየሱስ ንሕማምናን ቃንዛናን ተሰኪሙልና ብምሉእነት ክንነብር መታን። ፈውሲ ብተኣምር ቅጽበታዊ ወይ ቀስ ብቐስ ክኸውን ይኽእል'ዩ፡ ግን ኩሉ ግዜ ብፍቕርን ርህራሄን ዝድረኽ'ዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ውሽጣውን ዘይርአን'ኳ እንተኾነ፡ ዝቀነሰ ሓይሊ ግን ኣይኮነን።

ኣብ ዓመት እቲ ሰንሰለት ዝሰብር ዓመት መጋረጃታት ክንዓጽዎ ከለና፡ ብየሆዋ ራፋ ተኣማመን። ቃሉ ተዛረብ ብእምነት ድማ ደው በል፣ ምኽንያቱ ፈውሲ ናብ እምነት ዝዓብየሉ ኢዩ ዝውሕዝ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ብመለኮታዊ ጥዕና እየ ዝኸይድ፤ ናይ የሆዋ ራፋ ናይ ምፍዋስ ሓይሊ፡ ሕጂን ወትሩን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጅማት ኣካለይ ኣስፋሕፊሑ ኣሎ። ስለዚ ሕማም ብስም የሱስ ካባይ ርሑቕ እዩ። ኣሜን!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዘፍጥረት 15፡26

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ዮሃ 2፡12-4፡38



ሰንበት፣ 9 ሕዳር

# ምሃብ ንልቢ ኣምላኽ የንጸባርቕ።

**ሃጌ 2፡8**
**ብሩር ናተይ እዩ፡ ወርቂ ድማ ናተይ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት።**

ምሃብ ንባህሪ ኣምላኽ ዘንጸባርቕ እዩ። ቅዱሳት መጻሕፍቲ “ኣምላኽ ንዓለም ብምሃብ ኣፍቀራ...” (ዮሃ 3፡16) ይእውጅ። ኣብ መሰረት ናይቲ እግዚኣብሄር ምሳና ዘለዎ ርክብ እቲ ለጋስ ልቡ እዩ። ግዜ ይኹን ክእለት ይኹን ጸጋታት ክንህብ ከለና ንባህርያቱ ኢና ነንጸባርቕ ነቲ ናይ ፍቕርን በጃን ተልእኾኡ ድማ ነሰጉሞ።

ንጉስ ዳዊት ነዚ ሓቂ እዚ “...ኩሉ ካባኻ ደአ ኢዩ፡ ካብ ኢድካ ውን ኢና ሂብናካ ዘሎና” (1ዜና 29፡14) ኢሉ ኣለለዮ። እዚ ኣረኣእያ እዚ ንኣተሓሳስባና ካብ ዋንነት ናብ መጋቢነት የሰጋግሮ።

ምሃብ ንልብና ምስ ቀዳምነታት ኣምላኽ የሰማምዖ፣ ኣብ ኣምላኽ ጽግዕተኛነትና የዕምቖ፣ ተወፋይነትና ውን ኣበይ ከምዘሎ ይገልጽ (ማቴ 6፡21)። ንቤተ ክርስቲያናት፡ ንሚስዮናት ወይ ንጽጉማት ምሃብ ፡ ህይወት ማሕበረሰባትን ኣህዛብን ንምህናጽ ይሕግዝ። ቤተ ክርስቲያን ብተኣማንነት ናይቶም ብቕንዕና ናብ ዕላማታት ኣምላኽ ዝዘርኡ ሕጉሳት ወሃብቲ እያ እትዕምብብ። ምሃብ ሓጎስ ናብራኻ ይኹን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ምሃብይ ኣብ ኣምላኽ ዘለኒ እምነት ዝርአ ምስክር እዩ። ምሃብይ ንኣምላኽ የኽብሮ፡ ንኻልኦት ይባርኽ፡ ካብ ውሽጠይ ንደገ ይቕይረኒ! ኣነ ናይ መንግስቲ ዘየቋርጽ ወሃቢ እየ! ንእግዚኣብሄር ክብሪ ይኹን! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መዝሙር 24፡1

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ዮሃንስ 4፡39-6፡51



ሰኑይ፣ 10 ሕዳር

# ሓይሊ ዘየቋርጽ ጸሎት

**ሮሜ 12፡12**
**ብተስፋ ተሓጎሱ፤ ብጸበባ ተዓገሱ፤ ጸሎት ኣዘውትሩ፤**

ብዙሕ ግዜ “ድያብሎስ” ስም ሰይጣን ዘይኮነስ መግለጺ ስራሑ’ዩ ኢየ ዝብል። ክሳብ ዝሰብር ደጋጊሙ ዝሃርም ማለት እዩ። እዚ’ዩ ዘይምቁራጽ ። ማለት ፡ ዘየቋርጽ ጸሎት ኣብ መብጽዓታት ኣምላኽ ዘይንቕነቕ እምነት ዘንጸባርቕ እዩ። ኢየሱስ ክርስቶስ ኩሉ ግዜ ክንጽሊን ተስፋ ክይንቆርጽን ንምትብባዕ ናይታ ጽንዕቲ መበለት ምሳሌ ኣካፊሉና እዩ (ሉቃ 18፡1)።

ጸሎት ዘይምቁራጽ ማለት ምድግጋም ኣይኮነን፤ ግና ተስፋኻ ኣብ ኣምላኽ ጸግዒ ምግባር ማለት’ዩ። ንኣውያትካ ይሰምዕ ግን ብዙሕ ግዜ ጽንዓት ተጠቒሙ ንባህርያትካ የጽርዮን ኣብኡ ዘሎካ እምነት ከዕምቖን እዩ።

ኣብ ጸሎት እናጸናዕና ምስ ከድና፡ መንፈሳዊ ጭዋዳታትና እናሓየሉ ይኸዱ። ኣተኩሮና ናብ ዘለኣለማዊ ነገራት ይሰጋገር፣ ጸሎት ድማ መልሲ ካብ ምርካብ ጥራይ ዘይኮነ ብዝለዐለ ምስ ኣቦ ምሕባር ይኸውን።
ጳውሎስ “ከየባተኽኩም ጸልዩ” ይብል (1ተሰ 5፡17)። እዚ ቀጻሊ ኣቃውማ ጸሎት እዚ ንጽንዓት ይሃንጽ፣ ቅርበት የዕምቖ፣ ግዜኡ ንኽንፈልጥ ይሕግዘና። ዘየቋርጽ ጸሎት ምስክርነትኩም ይኹን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ስቕታ ኣምላኽ ምስ ዘይምህላው ፈጺሙ ኣይጋግዮን እየ። ጸሎት ክቕጽል እየ። ጸሎተይ ምስ ፍቓዱ የሰማምዖ። ተኣምረይ ኣብዛ ሰንሰለት ዝሰብር ዓመት ብርግጽ ክፍጸም እዩ። ንእግዚኣብሄር ክብሪ ይኹን! ሃሌሉያ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ቆሎሴ 4፡2

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ዮሃንስ 6፡52-8፡20



ሰሉስ፣ 11 ሕዳር

# ህጹጽነት ናይ ነፍሲ ምድሓን

**2ይ ቆሮንቶስ 6፡2**
**...እንሆ፡ እታ ቕብልቲ ግዜ ሕጂ ኢያ፤ እንሆ፡ እታ መዓልቲ ምድሓን ሕጂ እያ።**

ነፍሲ ምዕዋት ህርመት ልቢ ኣምላኽ'ዩ። ኢየሱስ ንዝጠፍኡ ክደሊን ከድሕንን እዩ መጺኡ (ሉቃ 19፡10)፡ ንሕና ድማ ነቲ ተልእኾ ክንቅጽሎ ተጸዊዕና። ኩሉ ህሞት ግዜ ፤ ነፍሲ ናይ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣገዳሲት እያ። ኣብ (ዮሃ 9፡4) ኢየሱስ "መዓልቲ ክሳብ ዝኾነ ግብሪ እቲ ዝለኣኸኒ ክንገብር ይግባእ" ኢሉ። ሓደ ሰብ ክንደይ ግዜ ከም ዘለዎን ንክርስቶስ ናይ ምክፋል ዕድል ድማ መዓስ ክረክብ ከም ዝኽእል ኣይንፈልጥን ኢና። ግዜ ሓጺር'ዩ፣ ዕድላት'ውን ንዘልኣለም ኣይክጸንሑን'ዮም፣ ስለዚ ሕጂ ክንዋሳእ ኣለና!

ነፍሲ ምዕዋት ንሰበኽቲ ጥራይ ኣይኮነን። ኩሉ ክርስቲያን ምስክር እዩ (ግብ 1፡8)። ኣብ ስራሕ ይኹን ኣብ ገዛ ወይ ኣብ ኩርናዕ ጎደና መልእኽቲ ጽቡቕ ዜና ሒዝካ ኢኻ ትኸይድ። ነፍሲ ወከፍ ርክብ ሓደ ሰብ የሱስ ዝገበሮ መለኮታዊ ቆጸራ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኩሉ መልስታት ክህልወካ ማለት ኣይኮነን፤ ኢየሱስ ዝገበሮ ምክፋል'ዩ። ብእምነት ኣፍካ ክትከፍት ከለኻ መንፈስ ቅዱስ ንቃላትካ ሓይሊ ይህቦ። ስለዚ፡ ብዛዕባ የሱስ ጥራይ ተዛረብ!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ድሕሪ ደጊም ኣይክደናገን እየ፣ ምኽንያቱ ተኣዛዝነይ ኣብ ሰማይ ጽምብል ከም ዝድርኽ እፈልጥ እየ። ሎሚ፡ ነፍሲ ምዕዋት ብስም የሱስ ውልቃዊ ተልእኾይ ክገብሮ ወሲነ ኸለኹ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኢሳይያስ 55፡6

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ዮሃ 8፡21-10፡18



ረቡዕ፣ 12 ሕዳር

# ብቅርበት ኣቢልካ ንኣምላኽ ምጥዓም

**ቆሎሴ 3:10**
**ከምቲ ምስሊ እቲ ዝፈጠሮ ጌርኩም፣ነቲ ንፍልጠት ዝሕደስ ሓድሽ ሰብ ዝለበስኩም፣**

ምስ እግዚኣብሔር ዝግበር ፍጹም ተመክሮ ብቅርበት እዩ ዝጅምር፣ ብዛዕባኡ ምፍላጥ ጥራይ ዘይኮነስ ብውልቂ ምፍላጥ እዩ። (ያእቆብ 4:8) "ናብ ኣምላኽ ቅረቡ ንሱ ድማ ክቐርበኩም እዩ" ይብል። ኣምላኽ ምስኡ ዝምድና እምበር ሃይማኖት ኣይደልን እዩ። ዳዊት ነዚ ተረድኦ። በረኸት ጥራይ ዘይኮነስ ምስቲ ምስሉ ዝጸሮ ሕብረት ክረክብ ሃረር በለ።

ኣብ ቅርበት፡ ፍቕሪ ኣምላኽን ሰላምን መምርሕን ንረክብ። ሕሹኽታቱ ንሰምዕ፡ ልቡ ንፈልጥ፡ ምስ መንፈሱ ድማ ብሓንሳብ ንመላለስ። እዚ ንውሑዳት ዝተመርጹ ዘይኮነስ ንዝደለዮ ሰብ'ዩ። ኢየሱስ ብዙሕ ግዜ ንሓይሊ ናይ ብሕቲ ተሳትፎ ቅዲ ንምግባር ንጸሎት ይፍለ ነበረ (ሉቃ 5:16)። ቅርበትካ ብዝዓሞቐ መጠን መንነትካን ዕላማኻን ይሕይል።

ኣምላኽ ኣድማስ መዓልታዊ ምሳኻ ክመላለስ ይናፍቕ ኢዩ። ናብኡ ቅረብ ኣብ ህይወትካን ስድራኻን ህላዌኡ ተመክሮ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣብ ዝርሓቀ ሃይማኖት ኣይዓርፍን እየ። ምስ ኣቦይ ናብ ዓሚቝ ርክብ ክጸቕጥ ኢየ። ንጸሎትን ኣምልኾን ምስትንታን ቃሉን፡ ሕጂን ወትሩን፡ ብስም የሱስ ቀዳምነት እህቦ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኤፌሶን 4:22-24

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ዮሃ 10:19-12:11



ሓሙስ፣ 13 ሕዳር

# ቃል ኣምላኽ ዘይልወጥን ዘተኣማምንን እዩ።

**ኢሳይያስ 40፡8**
**ሳዕሪ ይነቅጽ፡ ዕምባባ ይቕምስል፡ ቃል ኣምላኽና ግና ንዘለኣለም ይነብር።**

ኣብዛ ዝንቀሳቐስ ክብርታትን ዘይርጉእ ስርዓታትን ዘለዋ ዓለም፡ ቃል ኣምላኽ ጽኑዕን ዘይቅየርን ኮይኑ ይቕጽል። ኣብ ቃሉ ምትእምማን ማለት ንህይወትካ ኣብ ዘይፈሽል ዘለኣለማዊ መሰረት ጸግዒ ምግባር ማለት እዩ።

ህይወት ዘይርጉጽ ኮይኑ ምስ ዝስምዓካ፡ መብጽዓታት ኣምላኽ መረጋገጺ ይህበና። (ዘሁ 23፡19) "ኣምላኽ ከይሕሱ፡ ሰብ ኣይኮነን... ንሱ ዝበሎስ ኣይገብሮንዶ? እተዛረቦስ ኣይፍጽሞዶ? ኲሉ ካብ እግዚኣብሔር ዝመጽእ ቃል ንጹህን ሓቀኛን እሙንን እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ ታሪኻዊ መጽሓፍ ጥራይ ኣይኮነን፤ ህያውን መስለጥን ኢዩ (እብ 4፡12)። ከነንብቦን ከነስተንትኖን ከሎና እምነትና ይድልድል፣ ኣእምሮና ይሕደስ፣ ልብና ድማ ይጸናንዕ። ኣብ ቃል ኣምላኽ ምትእምማን ንተግባራትና ምስ ሓቅነቱ የሰማምዖ። ኣብ ህውከት ሰላም ኣብ ምድንጋር ድማ ንጹርነት የምጽእ እዩ። ብመምርሒታቱ ክንመላለስ ከለና፡ ተኣማንነቱ መጀርታ ኢና እንርእዮ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ዘጋጠመኒ ህቦብላታት ብዘየገድስ፡ ቃል ኣምላኽ ንዓይ ውሑስን ቀንዲ መዕቆቢ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ሂወተይ ኣብ ልዕሊኡ ሃኒጸዮ ኣለኹ፣ ይኣምኖ እየ፤ ስለዚ ኣነ እእውጆ ኣለኹ፣ ብስም የሱስ ድማ ፈጺመ ኣይከንቀጥቀጥን እየ። ኣሜን!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኢሳይያስ 55፡11

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ዮሃንስ 12፡12-14፡11



ዓርቢ፣ 14 ሕዳር

# ኣምልኾ መግለጺ ፍቕሪ እዩ።

**መዝሙር ዳዊት 150፡6**
**ትንፋስ ዘለዎ ዘበለ ኩሉ ንእግዚኣብሄር የመስግኖ። ሃሌሉያ።**

ኣምልኾ ንዕብየትን ሰናይነት ኣምላኽን ዝህቦ ምላሽ ልቢ እዩ። ናይ ሓቂ ኣምልኾ ካብቲ መንነት ኣምላኽ ዘጥለቕለቀ ልቢ እዩ ዝውሕዝ። መዝሙር ወይ ናይ ሰንበት ስርዓት ጥራይ ዘይኮነስ ቀጻሊ ኣቃውማ ኣኽብሮታዊ ፍቕርን ተወፋይነትን እዩ። ኣምልኾ ኣነባብራ እዩ! እዚ ንዓኻን ንስድራቤትካን ሓቂ ይኹን።

ኣምልኾ ናብ ኣምላኽ የቐርበና ንኣምላኽ ድማ ናባና ይቕርቦ። ኣብቲ መለኮታዊ ቅርበት፡ ሓይልን ሰላምን ሓጐስን ንረክብ። ኣምልኾ ትኹረትና ካብ ጸገማት ናብ ግርማ ወሃቢና የሰጋግሮ። ብጬቡጥ መንገዲ'ውን ንህላወ ኣምላኽ ይዕድም። ከነምልኽ ከሎና ንእግዚኣብሔር ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዳይ ሕይወትና ክነግስ ዝፋን ኢና ንፈጥር።

ኣብዚ ሰንሰለት ዝሰብር ዓመት ኩሉ እትገብሮ ናይ ኣምልኾ ተግባር ይኹን። ሰንበት ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ህይወትካ ኣምልኾ ይግብኦ ኢዩ!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ንንጉሰይ ክሰግድ እየ። ብመዝሙር ይኹን ብኣገልግሎት፡ ብጸሎት፡ ኣምልኾይ ንሰማይ ዝትንክፍ ቅዱስ መስዋእቲ እዩ። ሃሌሉያ!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መዝሙር 34፡1፤ ኢሳይያስ 43፡21

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ዮሃንስ 14፡12-17፡13



ቀዳም፣ 15 ሕዳር

# ክርስቶስ ብርግጽ ክምለስ እዩ።

**ራእይ ዮሃንስ 22:12**
**እንሆ፡ ቀልጢፈ እመጽእ ኣለኹ፡ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ድማ ከከም ግብሩ ክፈድዮ ኸኣ፡ ዓስበይ ምሳይ እዩ።**

ምምላስ ክርስቶስ ውሕስነት ዘለዎ ተስፋ ስለ ዝኾነ ብዛዕባ ምንጣቕ ብዙሕ ግዜ ተዛሪበ'የ። (ግብ. 1:11) "እዚ ካባኻትኩም ናብ ሰማይ ዝተወስደ የሱስ ክምለስ እዩ" ኢሉ ይእውጅ። ምምላሱ ከኣ መዓስ እምበር እንተ
ኣይኮነን። ኢየሱስ ንደቀ መዛሙርቱ "ኣነ ተመሊሰ ምሳይ ክትኮኑ ክወስደኩም እየ" (ዮሃ 14:3) ኢሉ ኣረጋጊጹሎም። እዚ መብጽዓ እዚ ኣብዛ ብዕግርግር ዝመልአት ዓለም ምጽንናዕ የምጽእ እዩ።

ንምእመናን ምምላስ ኢየሱስ ዝፍራሕ ኣይኮነን፣ ዝተባረኸ ተስፋና'ዩ። ምምጽኡ ዓስብን ምሕዳስን ፍትሕን የምጽእ እዩ። ኩሉ በደል ክእረም እዩ፡ እቶም ኣብኡ ዝተኣመኑ ድማ ብኽብሪ ክነግሱ እዮም። ክሳዕ ሽዑ፡ ንቑሓትን እሙናትን ክንከውን ኣሎና። ( ማቴዎስ 24:44 ) ድሉዋት ክንከውን የዘኻኽረና።

ንጉስ ይምለስ ኣሎ። ንሱ ምስ ተራእየ እሙናት ኮይንኩም ትረኽቡ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ህይወተይ ብናይ ዘልኣለማዊ ኣእምሮ ክነብር እየ። ምርጫታተይን ሓሳባተይን ተግባራተይን ድልውነት ከንጸባርቕ እዩ፣ ምኽንያቱ ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ብሓድሽ ከም ዝመጽእ እፈልጥ እየ! ሃሌሉያ!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 2:6

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ዮሃንስ 17:14-19:42



ሰንበት፣ 16 ሕዳር

# እምነት ኣብ ሕብረት ትዕምብብ

**1ይ ተሰሎንቄ 5፡11**
**ስለዚ፡ ከምቲ እትገብርዎውን ዘሎኹም፡ ንሓድሕድኩም ተማዓዐዱ እሞ እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ይህነጾ።**

ኣብ ቤተ ክርስቲያን ምኻድ ልሙድ ስራሕ ጥራይ ኣይኮነን፤ እምነትና ዘደልድል መንፈሳዊ ተግሳጽ’ዩ። (ሮሜ 10፡17) “እምነት ብሰማዕ፡ ምስማዕ ድማ ብቓል ኣምላኽ እያ እትመጽእ” ይብል። ነፍሲ ወከፍ ምትእኽኻብ ነቲ ኣብ ክርስቶስ ዘሎና እምነት ዝሃንጽን ዝምግብን ሓድሽ ትምህርቲ የምጽእ እዩ። ቤተ ክርስቲያን እግዚኣብሔር ዝዛረበሉን ዝፍውሰሉን ዘዕጥቐሉን ቦታ እዩ። በይንና ከምዘይኮንና’ዩ ዘዘኻኽረና። (እብራውያን 10፡25) “እዚ ኸኣ እታ መዓልቲ እቲኣ ትቐርብ ከም ዘላ፡ ኣጸቢቕኩም ትርእዩ ኣሎኹም እሞ፡ ንሓድሕድና ንመዓዐድ እምበር፡ ገሊኣቶም ልማድ ከም ዚገብርዎ፡ ኣኼባና ኣይንሕደግ።

ቃል ኣምላኽ ኣዘውቲርና ምስማዕ ኣብ ጽንኩር እዋን ጸኒዕና ክንጸንሕ ይሕግዘና። እቲ እንሰምዖ መልእኽትታት፡ እንምስክረሉ ምስክርነትን ናይ ትካል ጸሎትን ብመንፈሳውን ስምዒታውን መዳይ የበርትዓና። ኣብ ቤተ ክርስቲያን ምምጻእ ኣብ ሓቂ መልሕቕ ይገብረና፣ መብጽዓታት ኣምላኽ የዘኻኽረናን ብጽድቂ ክንዓቢ ይፈታተነናን እዩ። እምነት ኣብ ተነጽሎ ኣይትስስንን’ያ፤ ኣብ ማሕበረሰብ ግን ትዕንብብ።

ንህላወ ኣምላኽ ዘለካ ፍቕርን ንመንፈሳዊ ዕብየት ዘለካ ተወፋይነትን ኣውጅ፣ ናብ ቤተ ክርስቲያን ኪድ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣብ ቤተ ክርስቲያን ምኻደይ ዘይደራደር ክፋል ህይወተይ እዩ። ናብ ቤተ ክርስቲያን ዝኸይድ ብትጽቢት ኮይነ፡ ነቲ መለኮታዊ ሓይሊ ኣምላኽ በቲ ሓያል ስም የሱስ ንኽመሃር ድሉው ኮይነ እየ ዝኸይድ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እብራውያን 3፡13

**ናይ 365 መዓልቲ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ዮሃንስ 20-21፤ ግብሪ ሃዋርያት 1፡1-2፡13



ሰኑይ፣ 17 ሕዳር

# ምልክታት መስዋእቲ

**1ይ ጴጥሮስ 2፡5**
**ንስኻትኩምውን፡ ከም ህያዋን ኣእማን ኴንኩም፡ ነቲ ብየሱስ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ቅቡል ዝኾነ መንፈሳዊ መስዋእቲ ኽተቕርቡ፡ ንቕዱስ ክህነት ዚኸውን መንፈሳዊ ቤት ተሀነጹ።**

መንፈሳዊ መሰውኢታት ንመስዋእቲ ዘመልክት እዩ፣ እዚ ኸኣ ንኣምላኽ ንምኽባር ክቡር ነገር ዚቕመጠሉ ቦታ እዩ። ኣብ ዘመነ ብሉይ ኪዳን ንኣምልኾን ንስሓን ተወፋይነትን ዘመልክት ንዝሓርር መስዋእቲ መሰውኢታት ይስራሕ ነይሩ። ሎሚ ህያዋን መስዋእቲ ክንከውን ተጸዊዕና ኣለና (ሮሜ 12፡1)።

ኣምልኾኻን ምስጋናንካን ንኣጀንዳ ኣምላኽ ንምስጓም እተሕልፎ ግዜን ንልቡ የነቓቕሑ፣ መለኮታዊ ምላሽ ዘበራብር መሰውኢ ይሃንጽ። ምቾትካ፡ ትዕቢትካ፡ ግዜኻ ወይ ጸጋታትካ ኣሕሊፍካ ምሃብ ምትእምማንን ኣኽብሮትን ይገልጽ። ንጉስ ዳዊት “ዋላ ሓንቲ ዋጋ ዘይብሉ ንእግዚኣብሄር ኣየቕርቦን እየ” (2ሳሙ 24፡24) ኢሉ። ናይ ሓቂ መሰውኢታት ትርጉም ዘለዎ መስዋእቲ ይጠልቡ።

መዓልታዊ ተኣዛዝነትና፡ ይቕረ ክንብል፡ ከነገልግል፡ ወይ ክንህብ ምምራጽ እውን ምኡዝ መስዋእቲ እዩ። ስጋና ኣብ መሰውኢ ነንብሮ ኣለና። ኲሉ ተግባር “ፍቓደይ ዘይኮነስ ፍቓድካ ይኹን” ይበል።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ንህይወተይ ከም ህያው መስዋእቲ ክነብር እየ፡ ካብ ሰማይ ዝመጽእ ሓዊ ድማ ኣብ ኣዕጽምተይ ከም ዝነድድ እፈልጥ እየ። እቲ ንኣምላኽ ዘቕርቦ መስዋእቲ ብበረኸትን ምስጋርን እዩ ዝምለስ። ክብሪ ንእግዚኣብሄር ይኹን። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ቆሮ 3፡16-17

**ናይ 365 መዓልቲ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ግብረ ሃዋርያት 2፡14-4፡37



ሰሉስ፣ 18 ሕዳር

# እምነት ንፍርሒ ትስዕሮ

**ፊልጲ 4፡13**
**በቲ ዘበርትዓኒ ክርስቶስ ኩሉ ክገብሮ እኽእል እየ።**

ፍርሒ ባህርያዊ እዩ፣ እምነት ግና ልዕሊ ባህርያዊ እዩ። ፍርሒ የደንዝዝ፡ እምነት ግን ይድርኽ። ህይወት ርጉጽ ዝኸውን፡ ንፍርሒ ሽለል ብምባል ዘይኰነስ፡ ካብቲ ጸገም ንላዕሊ ንኣምላኽ ብምውካል እምነት ምስ እንመርጽ ኢና። (ኢሳ 41፡10) "ኣነ ምሳኻ እየ እሞ ኣይትፍራሀ… ከበርትዓካን ክሕግዘካን እየ" ይብል። እምነት፣ እግዚኣብሄር ህልውን፡ ሓያልን ክኣሊን ምዃኑ ትኣምን።

ዳዊት ንጎልያድ ብእምነት ገጢምዎ። ካልኦት ክናወጹ ከለዉ፡ ዳዊት ግን ኣሚኑ። የሱስ ብዙሕ ግዜ "ኣይትፍራህ፡ እመን ጥራይ" ይብል ነበረ። እምነት ንፍርሒ ኣብ መብጽዓታት ኣምላኽ ስለ ዝዓርፍ ስቕ ተብሎ። ፍርሒ "እንተኾነኸ?" እምነት "ዋላ እግዚኣብሔር ሕያዋይ ይኹን!" ጴጥሮስ ኣብ ልዕሊ ማይ ክመላለስ ከሎ እምነት ኣብ ምሕንባስ ትሕዞ ነበረት፤ ፍርሒ ከም ዝጥሕል ገበሮ።

ኣዒንትኻ ኣብ ኢየሱስ ኣጽንዕ፡ ፍርሒ ድማ ምሓዝካ ክስእን እዩ። እምነት ቃል ኣምላኽ ብምስማዕን ብምስትንታንን እያ ትዓቢ። ብዝያዳ ብዝፈለጥካዮ መጠን ፍርሒ ክውሕድ ይኽእል እዩ!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
እምነት እዛረብ፡ እምነት እሓስብ፡ እምነት ድማ ይነብር። ፍርሒ ክኹሕኩሕ ይኽእል እዩ ግን መልሲ ክህብ እምነት እየ ዝጥቀም። ከመይሲ ኣምላኽ ብስም የሱስ ናይ ሓይሊን ፍቕርን ጥዑይ ኣእምሮን እምበር ናይ መንፈስ ፍርሂ ከም ዘይሃበኒ እፈልጥ እየ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እያሱ 1፡9

**ናይ 365 መዓልቲ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ግብሪ ሃዋርያት 5፡1-7፡29



ረቡዕ ፣19 ሕዳር

# ምሃብ መለኮታዊ በረኸት ይኸፍት

**ምሳሌ 19:17**
**እቲ ንድኻ ዚርሕርሓሉ ንእግዚኣብሄር የለቅሖ፡ ንሱውን ንሰናይ ግብሩ ኺፈድዮ እዩ።**

ምሃብ መለኮታዊ በረኸት ዝኸፍት መንፈሳዊ መትከል እዩ። ኣብ (ሉቃ 6:38)፡ ኢየሱስ "ሃቡ፡ ክወሃበኩም'ዩ..." ኢሉ ይምህር፡ ብናጻ ክንህብ ከለና፡ ብብዝሒ ክንቕበል ንርእስና ነቖምጣ። ምሃብ ንምርካብ ጥራይ ክኸውን የብሉን፡ ኣምላኽ ግን ንለጋሳት ልብታት ብልግሲ ይምልሰሎም። ንፕሮጀክትታት ኣምላኽ ምሃብ ኣካልካ ምስ ዝኸውን፡ ማዕጾታት ብልዕሊ ባህርያዊ መንገዲ ይኽፈቱ እሞ ናብ ሓድሽ ደረጃ ወሰኽ የዕብዩኻ።

እቲ ዝስዕብ በረኸት ኩሉ ግዜ ገንዘባዊ ኣይኮነን። ሰላም፡ ስንቂ፡ ዕድላት ወይ ሓለዋ ኮይኑ ክመጽእ ይኽእል እዩ። እታ ክልተ ንኣሽቱ ሳንቲም ዝሃበት መበለት ከይተረፈት ንኢየሱስ ኣድኒቓቶ እያ ምኽንያቱ ኩሉ ዝነበራ ስለ ዝሃበት (ማር 12:41-44)። ኣምላኽ ካብቲ መጠን ህያብ ንላዕሊ ነቲ ብድሕሪ እቲ ህያብ ዘሎ ልቢ ኣኽቢሩ ይርእዮ። ምሃብ ኣተኩሮና ካብ ዋሕዲ ናብ ብዝሒ የሰጋግርን ስራሕ ወይ ሕሳብ ባንክ ዘይኮነስ ኣምላኽ ምንጪና ምዃኑ የዘኻኽረና። ኣብ ስንቂ ኣምላኽ እምነትኩም ሃቡን ኣውጁን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
እሙን ምሃበይ ንኣምላኽ ዘኽብርን ኣብ ህይወተይ መንፈሳዊ በረኸት ዘንቀሳቕስን እዩ። ምሃበይ ወፍሪ እምበር ክሳራ ኮይኑ ኣይፈልጥን። ዘለኣለማውን ምድራውን ምምላስ ብስም የሱስ ክዓጽድ እየ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
2ይ ቆሮንቶስ 9:6-7

**ናይ 365 መዓልቲ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ግብረ ሃዋርያት 7:30-9:22



ሓሙስ፣ 20 ሕዳር

# ፈውሲ ቀሊል እዩ።

**ዮሃንስ 6:2**
**ብዙሓት ህዝቢ ኸኣ፡ ኣብ ሕሙማት ዝገበሮ ተኣራት ርእዮም ነበሩ እሞ፡ ሰዐብዎ።**

የሱስ ኣብ ዝኸዶ ኩሉ ፈውሲ ይስዕብ ነበረ። ምሕዋይ ሓሓሊፉ ዝፍጸም ኣይነበረን፤ ኣብ ኣገልግሎቱ ማእከላይ ቦታ እዩ ነይሩ። (ማቴ 4:23) ኢየሱስ ኣብ መላእ ገሊላ ኣብ መንጎ ህዝቢ ዝነበረ ኩሉ ሕማምን እናፈወሰ ይዛውር ነበረ። እዚኦም ፈውስታት ሓይሊ ንምግላጽ ጥራይ ዘይኮኑስ ርህራሄ ኣምላኽ ንምግላጽ እዮም ነይሮም። የሱስ ዕዉራት ኣዒንቲ ከፊቱ ምዉታት ኣተንሲኡ ንብዙሓት ድማ ኣሕወየ። ተኣምራቱ ናይ ምሕረት ተግባራት እዩ፣ ኣምላኽ ብዛዕባ መከራ ደቂ ሰባት ኣዝዩ ከም ዝግደስ ዘርኢ እዩ።

እግዚኣብሔር ብጸጋኡ ናይ ምፍዋስ ሓይሉ ኣረከበና። ኣብ'ዚ ኣገልግሎት'ዚ ማእለያ ዘይብሉ ተኣምራት ርኢና ኢና። ፈውሲ ብእምነት ብስሙ ምስ ዝፍጸም ቀሊል'ዩ!

እታ ጉዳይ ደም ዝነበራ ሰበይቲ ክዳን የሱስ ተንኪፋ ብቕጽበት ሓወየት። ታሪኻ እምነት ኢዱ ምስ ዝዘርግሕ እግዚኣብሄር ምላሽ ከም ዝህብ የዘኻኽረና። ኢየሱስ ብእምነት ዝመጸ ሰብ ፈጺሙ ኣይመልሶን እዩ። (እብራውያን 13:8) ኢየሱስ ክርስቶስ ትማልን ሎሚን ንዘለኣለምን ሓደ ምኳኑ ይእውጅ። እቲ ሽዑ ዝገበሮ፡ ሕጂ እውን ይገብሮ ኣሎ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኩሉ ቃንዛ ካብ ህይወተይ ከም ዝተሰጎገ ሎሚ እእውጅ ኣለኹ። ከም ውሉድ ኣምላኽ መጠን ስጋይ ቤተ መቕደስ መንፈስ ቅዱስ እዩ፤ ስለዚ፡ ሕማም ኣባይ ቦታ የብሉን! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማቴ 14:14

**ናይ 365 መዓልቲ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ግብሪ ሃዋርያት 9:23-11:30



ዓርቢ፣ 21 ሕዳር

# እታ ዝዓበየት ትእዛዝ

**መጽሓፍ ምሳሌ 10: 12**
**ጽልኢ ቈየቓ የልዕል፡ ፍቕሪ ግና ንኹሉ ኣበሳ ትኸውሎ።**

ንየሱስ ኣየናይ ትእዛዝ እዩ ዝዓበየ ኢሎም ምስ ሓተትዎ “ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣፍቅሮ... ንብጻይካ ድማ ከም ነፍስኻ ኣፍቅሮ” (ማቴ 22፡37-39) ኢሉ መለሰ። ፍቕሪ ስምዒት ጥራይ ዘይኮነስ ካብ ኣምልኽ ዝተዋህበ ትእዛዝ እዩ። ፍቕሪ ብተግባርን ዕላማን ተወፋይነትን ከተርእዮ ይሓትት። ፍቕሪ ፈጺሙ ጉድኣት ኣየምጽእን እዩ፣ ብኣንጻሩ ሃዋህው ይቕይርን ኣብዛ ምፍልላይ ዝመልኣ ዓለም ድማ ሰላምን ፈውስን ሓድነትን የምጽእ።

የሱስ ብዛዕባ ፍቕሪ ይምህር ጥራይ ዘይኮነ ነይሩ፣ ይነብሮ እውን ነበረ። ኣብ መስቀል እውን እንተኾነ “ኣቦ ይቕረ በሎም” ኢሉ ጸለየ። ንጽልኢ ብፍቕሪ ምላሽ ሃበ። ንሕና እውን ከምኡ ክንገብር ይጽውዓና ኣሎ። ፍቕሪ ክርስቶስ ዕግስቲ፡ ሕያወይቲ፡ ብቐሊሉ ዘይትቁጣዕ፡ ነቲ ዝተገብራ በደላት ድማ ኣይትዝክርን። ኣዝያ ፍልይትን፡ ልዕለ ባህርያዊትን ኮይና ካብ ኣምላኽ ጥራይ እያ ክትምንጩ ትኽእል።

መንፈስ ቅዱስ ክንዮ ዓቕምና ንላዕሊ ከነፍቅር የኽእለና። ፍቕሩ ባህርይና እዩ። እዛ ፍቕሪ እዚኣ ኣብ ህይወትኩም፡ ኣብ ስድራኹም፡ ኣብ ሓዳርኩም፡ ኣብ ንግድኹምን ኣብ ዝምድናታትኩምን ትርአ። ፍቕሪ ኣብዛ ዓመት ሰባሪ ሰንሰለት ትውሓዝ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ኣብ ክንዲ ጽልኢ ፍቕሪ እመርጽ ኣለኹ። ብፍቕሪ ክመላለስ ከለኹ ልቢ ኣምላኽ የንጸባርቕ፡ ዕላምኡ እፍጽምን ነቲ ኣባይ ዝነብር ዘሎ ዓብይ ኣምላኽ ድማ እገልጽ። እግዚኣብሄር እመስገን! ኣሜን!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ጴጥሮስ 4፡8

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ግብሪ ሃዋርያት 12-13



ቀዳም፣ 22 ሕዳር

# ጸሎት፡ መዕቆቢ ቦታ

**ቆሎሴ 4:2**
**ጸሎት ኣዘውትሩ፡ ብእኡውን ብምስጋና ንቕሑ።**

ኣብ ህይወት ህበብላታት ምምጻእ ዘይተርፍ እዩ፣ ስምዒታዊ ይኹን፣ ስጋዊ ወይ ውን መንፈሳዊን። ጸሎት ግን መጽለልን ሓይልን እንረኽበሉ መዕቆቢ እዩ። እግዚኣብሄር መዕቆቢናን ሓይልናን እዩ፣ ኣብ ሽግር ኣዝዩ ህሉው ዝኾነ ሓጋዚና እዩ (መዝሙር 46፡1)። ብጸሎት ጌርና ናብ መቕደስ ኣምላኽ ኣቲና ዓለም ከተቕርቦ ዘይትኽእል ሰላም ንረክብ። ፍርሒ ምስ ዝለዓል ጸሎት ንልብና የህድኦ። ምድንጋር ክነግስ ከሎ ጸሎት ንጹርነት የምጽእ። እቲ ጸሓፍ መዝሙር "ልበይ እንተ ተሓለለ...ናብቲ ካባይ ልዕል ዝበለ ከውሒ ምርሓኒ" (መዝሙር 61፡2) ኢሉ ኣዊጁ። እቲ ከውሒ እቲ ክርስቶስ እዩ፣ ጸሎት ድማ ብትብዓት ናብኡ ዝመርሓና መንገዲ እዩ።

ህበብላታት ህይወት ከንበልብል ከሎ ጸሎት ናብቲ ንባሕርታት ዘህድእ ኣምላኽ ይመርሓና። ንሱ ስለ ዝሓልየልካ ኩሉ ጭንቀትካ ኣብኡ ደርብዮ። ብፍርሒ ንድሕሪት ኣይትምለስ፣ ናብ መዕቆቢ ጸሎት ጕየ። ኣዝዩ ቐረባኻ እዩ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ጸሎት እቲ ቀቅድማይ እንዳኸደ ንኹሉ ድንጉር ሰጥ እዳበለ ዓወተይ ዘረገግጽ ወተሃድር ምኺኑ ፈሊጠ እጽሊ ኣለኹ። ፈጺመ ኣይከቋርጽን እየ፣ ብጸሎት፣ ክስዕር እየ፣ ብስም የሱስ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኤፌሶን 6፡18

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ግብሪ ሃዋርያት 14፡1-16፡10



ሰንበት፣ 23 ሕዳር

# እቲ ዝተዋህበና ዕዮ

**መዝሙር ዳዊት 96: 3**
**ክብሩ ኣብ ማእከል ኣህዛብ፣ ተኣምራቱ ኣብ ማእከል ኲሎም ህዝብታት ኣዘንትዉ።**

እታ የሱስ ኣብዚ ምድሪ እንከሎ ዝሃባ ናይ መወዳእታ ትእዛዝ ከቶ ሓሳብ ዘይኮነትስ ትእዛዝን ዓቢ ተልእኾን እዩ። "ኪዱ ንኹሎም ኣህዛብ ደቀ መዛሙርቲ ግበሩ..." እዚ መለኮታዊ ትእዛዝ እዚ ንሃዋርያት፡ ነብያት፡ ጓሳት፡ መምህራን ወይ ወንጌላውያን ጥራይ ዘይኮነስ፤ ንነፍሲ ወከፍ ንየሱስ ከም ጎይታ ዝቕበሎ ክርስትያን እዩ። እዚ ዓቢ ተልእኾ እዚ ንእምነትና ዕላማ ይህቦ። ኣብ ቤተ ክርስቲያን ኮፍ ክንብል ጥራይ ዘይኮነስ ናብ ዝጠፍኡ ክንበጽሕ ኢና ድሒንና (ማር 16፡15)። ወንጌል ጽቡቕ ምኽሪ ጥራይ ዘይኮነስ ህይወት ዝቕይር ብስራት ጸጋ ኣምላኽ እዩ።

ነፍሳት ምድሓን፣ ነቲ እትገብሮ ኮነ ኢልካ ምግባር ይሓትት። መብዛሕትኡ ግዜ ብዕላልን ዝምድናን መዓልታዊ ህይወትን እዩ ዝፍጸም። የሱስ ንሰባት ኣብ ጥቓ ዒላ፡ ኣብ ኣባይቲ፡ ከምኡውን ኣብ ጎደናታት ይረክብ ነበር፡ ኩሉ ግዜ ድማ ብወንጌል ይበጽሖምን ፍቕሪ የርእዮምን ነበረ። የሱስ "ኩሉ ግዜ ምሳኻትኩም እየ" ኢሉ መብጽዓ ኣተወ። ህላወኡ ንተኣዛዝነትና ሓይሊ ይህቦ። መንፈስ ቅዱስ ንልቢ የዳሉ፡ ትብዓት ይህብ፡ ነቲ ቃል ድማ የረጋግጽን ይምስክርን። በይንኻ ኣይኮንካን ዘለኻ፣ ነፍሳት ምዕዋት ቀጽል።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ነፍሲ ምዕዋት ንዓይ ጸር ዘይኮነስ ፍሉይ ዕድል እዩ። ነፍሳት ካብ ጸልማት ናብታ መስተንክር መንግስቲ ብርሃን ኣብ ምድሓን ምስ ኣምላኽ ንኽሕእብር ዕድለይ እዩ። ኣነ በይነይ ኣይኮንኩን፤ ምስ የሱስ ኮይነ እየ ንነፍሳት ዝዕወት ዘለኹ! ሃሌሉያ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ዜና መዋእል 16፡24

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ግብሪ ሃዋርያት 16፡11-18፡28



ሰኑይ፣ 24 ሕዳር

# ምእዛዝ ኣገዳሲ እዩ

**መዝሙር ዳዊት 25: 10**
**ነቶም ኪዳኑን ምስክራቱን ዚሕልውስ፣ መገድታት እግዚኣብሄር ኩላተን ሳህልን ሓቅን እየን።**

ኣምላኽ ክጓነፎም ይምነዩ ሰባት ብዙሓት እዮም፣ እንተኾነ ግን ኣብ ዘይምቑእ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ክእዘዙ ፍቓደኛታት ዝኾኑ ውሑዳት እዮም። ምስናይዚ ግን ኣብ ኢድካ ምሃብ እዩ ሓይሉ ዝግለጽ። ተኣዛዝነት ምልኣት ኣምላኽ ንምስትምቓር ኣፍደገ እዩ። ቃል ኣምላኽ ምስማዕ እኹል ኣይኮነን። ውጽኢት እንተደሊኻ በቲ ቃል ክትነብር ኣለካ። ተኣዛዝነት መለኮታዊ ምግላጽ ይኸፍት። ኣብርሃም ንይስሃቅ ብምስዋእ ንኣምላኽ ተኣዚዙ፣ ሳላኡ ድማ ሓድሽ ምግላጽ ናይ ኣምላኽ ከም ወሃብን፣ ከምኡ ድማ ኣብቲ ጫካ ድዑል ረኸበ!

ምእዛዝ ንተራ ነገራት ናብ ብሉጽ ይቕይሮ። ጴጥሮስ ነቲ ብየሱስ ንመርበቡ ዳግማይ ናብ ባሕሪ ክወስዳ ዝተዋህቦ መምርሒ ተኣዚዙ ተኣምራዊ ግፋ ተቐበለ። እግዚኣብሄር ብደረጃ እምነትና እዩ ተጓንፈና። እቲ መንገዲ ዘይንጹር ኣብ ዝመስለሉ እዋን እውን እንተኾነ ምእዛዝ ንመለኮታዊ ርክባትን ምጉናፋትን የዳልወና። ኣምላኽ ምስትውዓል ዘይኮነስ፣ ምእማን እዩ ዝደሊ። ብምእዛዝ ክትመላለስ ከለኻ መለኮታዊ ሓለዋታት፣ ቀረባትን ዕላማን ትረክብ። ተኣዛዝነት ብዕቱብ ውሰዶ፣ ምኽንያቱ ምእዛዝ ነቲ በረኸት ኣምላኽ ስለ ዘነቓቕሖ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ንኣምላኽ ምሉእ ብምሉእ ክስተማቕሮ እየ፤ ብተኣማንነት ድማ ክእዘዞ እየ። ንቃሉ ኣብ ምእዛዘይ ማዕጾታት መለኮታዊ ተመክሮ ብሰፊሑ ክኸፈቱለይ እዮም። እግዚኣብሄር እመስገን! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዘጸኣት 19:5

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ግብሪ ሃዋርያት 19-20



ሰሉስ፣ 25 ሕዳር

# ሰላምን ምትእምማንን ኣብ ኣምላኽ

**ወንጌል ማቴዎስ 7:24-25**
**ነዚ ነገረይ ሰሚዑ ዚገብሮ ዅሉ፡ ቤቱ ኣብ ከውሒ ዝሰርሔ ብልሂ ሰብኣይ ይመስል። ዝናም ዘነመ፡ ውሒዝ ወሐዘ፡ ንፋስውን ነፈሰ፡ ነታ ቤት ከኣ ደፍእዋ። ኣብ ከውሒ ተሰሪታ እያ እሞ፡ ኣይወደቐትን።**

ኣብ ቃል ኣምላኽ ምትእምማን ልዕሊ መለኮታዊ ሰላምን ዘይነቓነቕ ምትእምማንን የምጽእ። መብጽዓታቱ ኣብ ቅሉውላውት ዝመልኦ ግዜ ንልብናን ኣእምሮናን ዕርዲ ከም ዝኾነ ብዙሕ ግዜ ርኤዮ እየ። ካብቲ እንርእዮ ወይ ዝስምዓና ንላዕሊ ነቲ ኣምላኽ ዝበሎ ክንኣምን ምስ እንመርጽ ኣብ ሂወትና ሰላም ክውሕዝ ይጅምር። ፍርሒ ሰሊኹ ምስ ዝኣቱ፣ ቃል ኣምላኽ ክንነሃድእን ክንዓርፍን የኽእለና። "ኣይትፍራሕ" ዘጸናንዕ ሓረግ ጥራይ ዘይኮነ፡ መለኮታዊ ውሕስነት ናይ ዓወት እዩ። ኣብ ቃሉ ተኣማመን፡ እምነትካ ድማ ክዓቢ እዩ።

ርእሰ-ምትእምማን ቃል ኣምላኽ ባዶ ከምዘይምለስ ካብ ምፍላጥ ዝመጽእ እዩ ዝመጽእ። እግዚኣብሔር ተዛሪብዎ እንተኾይኑ ክፍጽሞ እዩ። የሱስ ነቲ ጸላኢ ብቓል ኣምላኽ ተጠቂሙ እዩ ስዒሩ ኣቢልዎ። ብተመሳሳሊ ኣብ ቃል ኣምላኽ ደው ክንብል ከለና ንጥርጣረ፣ ተስፋ ምቑራጽን ምትላልን ንስዕሮም። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ህቦብላ ቃል ሰረትካ ይኹን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ንቃል ኣምላኽ እዛረቦ፡ እኣምኖን እነብሮን ኣለኹ። ቃል ኣምላኽ ኣባይ ድማ ኣባይ ብብዝሒ ሓዲሩ ኣሎ። ልበይ ኣብቲ ዘይልወጥ ሓቂ ኣምላኽ ተሰሪቱ ኣሎ፤ ስለዚ ድማ ዘይናወጽ ሰላምን ትብዓትን ኣሎኒ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኤፌሶን 6:17

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቅሲ፡ ግብሪ ሃዋርያት 21:1-23:25



ረቡዕ፣ 26 ሕዳር

# ኣምልኾ ንኣረኣእያኻ ይቕይሮ

**መዝሙር ዳዊት 66: 4**
**ኵላ ምድሪ ኽትሰግደልካ ኽትዝምረልካውን እያ፣ ንስምካ ኽትዝምር እያ። ሴላ።**

ኣምልኾ ኣተኩሮና ካብቲ ምድራዊ ጸገማትና ናብ ሰማያዊ ሓቅታት የሰጋግሮ። ህይወት ልዕሊ ዓቕምና ኮይኑ ምስ ዝስምዓና፡ ኣምልኾ ንልዑላውነትን ሰናይነትን ኣምላኽ የዘኻኽረና። ጳውሎስን ሲላስን ዋላ እኳ ተኸትኪቶምን ተኣሲሮምን እንተነበሩ ንእግዚኣብሔር ይጽልዩን መዝሙር ይዝምሩን ነበሩ። ኣምልኾኦም ድማ መለኮታዊ ምላሽ ኣበጊሱ፤ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ንሰንሰለቶም በቲኹ ማዕጾ ቤት ማእሰርቲ ከፈተ። ኣምልኾ ምስ ተባረኽካ እትህቦ ግብረ መልሲ ጥራይ ዘይኮነስ፤ ኣብ እዋን ፈተና ውን እትህቦ ናይ እምነት ኣዋጅ እዩ። ንጸገማት ሽለል ዘይኮነ ዝብል፤ ብብርሃን መንነት ኣምላኽ እዩ ክርእዮም ዝጅምር።

ኣብ ኣምልኾ ኣዒንትና ምስ ኣልዓልና ነቲ ጸገም ምዕባይ ኣቋሪጽና ንጐይታ ምዕባይ ንጅምር። ኣምልኾ ኣተኩሮና ናብቲ ሓቀኛ ምንጪ ሓገዝና (መዝሙር 121፡1-2) የቕንዖ። ነቲ ግዳማዊ ሃዋህውን ነቲ ውሽጣዊ ኣቃውማናን ድማ ይልውጦ። ክብሪ ኣምላኽ ክንርኢ ከለና፡ ናብ ምምስሉ ኢና ንልወጥ። ሙዚቃዊ ህሞት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ህይወት ዝቕይር ርክብ'ዩ!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ንኣምላኽ እናኣምለኽኩ ሓድሽ ወቕቲ ክኸፈት እእዝዝ ኣለኹ። ንኣምላኽ እናሰገድኩ ከለኹ ኣእምሮይ ይሕደስ፡ ልበይ ዳግማይ ይስተኻኸል፡ ድማ ንነፍሰይ ድማ ኣምላኽ ገና ኣብ ዝፋኑ ከም ዘሎ የዘኻኽራ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መዝሙር ዳዊት 117፡1

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ግብሪ ሃዋርያት 23፡26-27፡8




ሓሙስ፣ 27 ሕዳር

# ዕላማ ኣምላኽ ኩሉ ግዜ ዕዉት እዩ

**1ይ ቆረንቶስ 1: 8**
**ንሱ ድማ፡ ብመዓልቲ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ብዘይ እንታ ኽትኩኑ፡ ክሳዕ መወዳእታ ኼጽንዓኩም እዩ።**

ህይወት ብምጥምዛዝን ምጥውዋይን ዝመልአት እያ፡ ዕላማ ኣምላኽ ግን ኩሉ ግዜ ደው ይብል (ምሳሌ 19፡21)። እቲ እግዚኣብሄር ንዓኻ ዝሰርዓልካ መደብ ብሰብ፡ ብጌጋታትካ፡ ወይ ብኹነታት ከቶ ክዕገት ኣይክእልን እዩ። ዕላምኡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወቕቲ ህያው እዩ፡ ኣብ ግዜ በረኸትን ይኹን ኣብ ግዜ ሽግር። ዮሴፍ ካብ ጉድጓድ ናብ ቤተ መንግስቲ ዝገበሮ ጉዕዞ ህውከት ዝመልኦ እኳ እንተመሰለ፡ ነቲ ኣምላኽ ንህዝብታት ንምድሓን ዝሓንጾጾ መደብ ግን ፈጺሙ እዩ።

ዕላማ ማለት ካብ ጸገማት ዘየዳንፎ ህይወት ማለት ኣይኮነን፤ ትርጉም ዘለዎ ህይወት ማለት እዩ። እግዚኣብሄር ነቲ ኣባኻ ዘለዎ ዕላማ ንምፍጻም ንኹሉ እዩ ዝጥቀመሉ፣ ነቶም ብድሆታትካውን ከይተረፈ እዩ ዝጥቀመሎም። ዝጠፍእካ ወይ ዝተደናኮኻ ኮይኑ ምስ ዝስምዓካ እግዚኣብሄር ነቲ መደቡ ከም ዘይረሰዐ ዘክር። እቲ ኣባኻ ሰናይ ግብሪ ዝጀመረ ብርግጽ ክፍጽሞ እዩ (ፊልጲ 1፡6)። ንኣምላኽ ኣይትሃውኮ፤ ግዜኡ ፍጹም (perfect) እዩ። እቲ ንህይወትካን ንንግድኻን ንስድራቤትካን ንፋይናንስካን ዘለዎ ዕላማ ኣብ ሰማይ ተሓቲሙ ኣሎ፤ ብርግጽ ድማ ክዕወት እዩ!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣምላኸይ ከም ዝኽእል እፈልጥ እየ። ህሉወይን መጻእየይን ንምውሓስ ኣብ ዓቕሙ እውከል ኣለኹ። ዓወት ይርኢ ኣለኹ፡ ናይ መወዳእታ ዓወት ሒዘ ድማ ናብቲ ኣምላኽ ዝመደበለይ ዕላማ ክኸይድ እየ! ሃሌሉያ!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1 ተሰሎንቄ 5፡24

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ግብሪ ሃዋርያት 27፡9-28፡31፤ ሮሜ 1፡1-15



ዓርቢ፣ 28 ሕዳር

# ካብ ሕሉፍካ ዝዓቢ

**መዝሙር ዳዊት 103: 12**
**ምብራቕ ካብ ምዕራብ ከም ዚርሕቕ፣ ከምኡ ንኣበሳና ኻባና ኣርሓቖ።"**

ሕሉፍ ታሪኽካ ክሳብ ክንደይ ብልሹው ይንበር ብዘየገድስ፣ ጸጋ ኣምላኽ ሓድሽ ጅማሮ የቕርብ። "ሓደ እኳ ብክርስቶስ እንተ ኣልዩ፡ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ፡ እቲ ብሉይ ሓሊፉ፡ እንሆ፣ ኩሉ ሓድሽ ኮይኑ" (2ቆሮ 5፡17)። ጸጋ ነዚ ከም ዝከኣል ይገብር። ሕሉፍካ ዘይብቑዕ ክገብረካ ኣይክእልን እዩ፤ ጸጋ ዛንታኻ ዳግማይ ከም ዝጽሓፍ ይገብር። ህይወት ጳውሎስ ናይዚ ምስክር እዩ። እቲ ሓደ እዋን ንክርስትያን ዘሳድድ ዝነበረ ሰብ፣ ኣብ መንገዲ ደማስቆ ምስ ጸጋ ምስተዳነፈ ሓያል ኣቕሓ ናይ ንእግዚኣብሔር ኮነ።

ጸጋ ናብ ጸልማት ኣትዩ ብርሃን እዩ ዘውጽእ። ንሓጢኣት ሽለል ከይበለ፣ ኣብ ክንዱ ይኸፍል (ሮሜ 3፡24)። ጸጋ ክሽፍኖ ዘይክእል ኣዝዩ ዓቢ ሓጢኣት ወይ  ኣዝዩ ዓሚቑ ውድቀት ወይውን ጸጋ ኣዝዩ ከቢድ ጣዕሳ ዝብሃል የለን።

ጸጋ ኣምላኽ ንህውከት ናብ ምስክርነት፡ ንውድቀታት ድማ ናብ መድረኻት ተስፋ ይቕይሮም። ጸጋኡ ምስ ተቐበልካ ድሕሪ ደጊም በቲ ዝገበርካዮ ዘይኮነስ በቲ ንሱ ዝገበረልካ ኢኻ ትግለጽ። ኣብዛ ዓመተ ሰባሪ ሰንሰለት፣ ለቲ ሕሉፍ ገዲፍና ናጽነት ተቐበል!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ጸጋ ሓድሽ ምጅማርን ክቡር መጻእን ከም ዝህበኒ ብትብዓት እእውጅ ኣለኹ። ሃሌሉያ!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እብራውያን 4፡16

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ሮሜ 1፡16-5፡11



ቀዳም፣ 29 ሕዳር

# ምግዛእ መለኮታዊ ዕዮ እዩ

**ራእይ ዮሃንስ 5: 9-10**
**...ንኣምላኽና ዚኾኑ መንግስትን ካህናትን ገቢርካዮም፡ ኣብ ምድሪ ድማ ኪነግሱ እዮም...**

ምግዛእ ናይ ሰብ ምህዞ ኣይኮነን፤ መለኮታዊ ዕዮ'ዩ። ኣብ (ዘፍጥረት 1:28) እግዚኣብሔር ንኣዳምን ሄዋንን "ኣብ ልዕሊ ኹሉ ግዝኡ" ኢሉ ባረኾም። እዚ ከቶ ምኽሪ ዘይኮነስ ካብ ፈጣሪ ዝመጸ ትእዛዝ እዩ ነይሩ። ኣብ ልዕሊ ኹሉ ምግዛእ ማለት ምምላኽን ምምሕዳርን ምምራሕን ማለት እዩ። ንኣከባቢታት ናይ ምጽላው፡ ምህናጽን ምቕራጽን ዓቕሚ እዩ። ከም ኣመሓዳሪ ምድሪ መጠን ነቲ ኣባኻ ዘሎ ናይ ኣምላኽ ባህሪ ዘንጸባርቕ እዩ። ሂወትካ ከም መለኮታዊ ግዝኣት ዝተዋህቦ ሰብ ጌርካ ንበር።

ምግዛእ ንርእስኻ ጥራይ ዝምልከት ረብሓ ዘይኮነስ ንመንግስቲ ኣምላኽ ንምስፍሕፋሕ እዩ። ኣምላኽ ብፍቕሪ ክንገዝእ፡ ብጽድቂ ክንመርሕ፡ ብስልጣን ከነገልግል ይጽበየና (መዝሙር 8:6)። ኣብ ንግዲ ይኹን ኣብ ትምህርቲ፡ ኣገልግሎት፡ ወይ ኣብ ስድራቤት፡ ክትመርሕ ተጸዊዕካ ኣለኻ። ምስቲ ህዝቢ ተጸንቢርካ ክትሕባእ ዘይኮነስ፣ ክብሪ ኣምላኽ ኣብ መላእ ምድሪ ምእንቲ ከተርኢ ንኻልኦት ክትለልዕል ኢኻ ተፈጢርካ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ሓይሊ ኣልቦ ኣይኮንኩን፤ ኣነ ክነግስ እየ ተቐቢአ። ኣእምሮይን ኣእዳወይን ቃላተይን ንኽጸልዉ ሓይሊ ኣለዎም። ህላውነተይ ስርዓትን ብሉጽነትን ጽልዋን እዩ የምጽእ። ስለዚ፡ ኣምላኽ ንዓውደይ ክዕብለል ከም ዝድግፈኒ ፈሊጠ፡ ብርእሰ ተኣማንነት እየ ዝዛረብ! ብስም የሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ጴጥሮስ 2:9

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ሮሜ 5:12-8:25



ሰንበት፣ 30 ሕዳር

# ምልክታት ናይ መወዳእታ ዘመናት

**2ይ ጢሞቴዎስ 3: 1**
**ብተን ዳሕሮት መዓልትታት ግና ክፉእ ዘመን ከም ዚመጽእ፡ እዚ ፍለጥ።**

የሱስ ምእንቲ ክንዳሎ ኢሉ ምልክታት ናይ መወዳእታ ዘመን ሃበና። ኣብ (ማቴ 24፡ 6–8)፡ ብዛዕባ ውግኣት፡ ጥሜት፡ ምንቅጥቃጥ ምድርን ናይ ሓሶት ነብያትን ተዛሪቡ፡ እዚ ድማ ነቲ ግዜ ዘመልክት ቅልውላዋት እዩ።  ኣብ (2 ጢሞቴዎስ 3፡1–5) ድማ ብዛዕባ እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ሞራላዊ ምብስባስ ይገልጽ፦ ርእሰ-ፍትወት: ትዕቢት: ዘይምእዛዝ: ከምኡውን ዘይቅድስና። እዚ ኹሉ ሎሚ እንርእዮ ዘለና ነገር እዩ። ሕጂ'ውን ኣይትስንብድ፤ እዞም ምልክታት እዚኣቶም ብመንፈስ ንቑሓትን ኣብ ኣምላኽ ዝተመስረቱን ንኽንጸንሕ መዘኻኸሪታት እዮም።

( ማቴዎስ 24:14 ) ዋላ እኳ እቲ ህውከት እንተሃለወ ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ገና ከም ዝስበኽ የረጋግጸልና። ከም ክርስትያን መጠን ኣብ ቃል ኣምላኽ ስሩታት፡ ብጸሎት ዝተቓጸሉን፡ ኣብ ወንጌል ምምስካር ድማ ትጉዓት ክንከውን ይግባእ።

ነዞም ምልክታት ኣይትፍራሓዮም፣ ብኣንጻሩ ንእምነትካ መበራትዒ ምኽንያት ግበሮም። ግዜ ሓጺር ምዃኑን ነፍሳት ድማ ክብጻሕ ከምዘለወን የዘኻኽሩና። እዞም ምልክታት ክፈራርሑና ዘይኮኑስ፤ ናብቲ ክቡር ምምጻእ መድሓኒናን ከምኡ ድማ መጀመርታ ናይ ዘለኣለማዊ ክብሪ ነቶም ብኡኡ ዝኣመኑ እሙናት ዘመልክቱ እዮም። ስለዚ ኣብዛ ናይ ሰባሪ ሰንሰለት ተሓጐስ!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ንቑሕን ድሉውን እየ። ተበጃዊየይ ህያው ከም ዝኾነ ስለ ዝፈልጥ ድማ ሕጉስ እየ። ትነጢቐ ንክኸይድ ድማ ድሉው እየ። ሃሌሉያ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
2ይ ጴጥሮስ 3፡3

**ናይ 365 መዓልቲ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ሮሜ 8፡26-11፡24



ሶኒ 1 ታሕሳስ

# ወቕታዊ ስምዒታዊ ጸገም ኣይሃሉኹም

**“እቲ ኣቦይ ብስመይ ዚሰዶ መጸናንዒ፡ መንፈስ ቅዱስ፡ ንሱ ኹሉ ኺምህረኩም፡ ዝነገርኩኹም ዘበለውን ኬዘክረኩም እዩ።” — ወንጌል ዮሐንስ 14፥26**

መጽናዕትታት ከም ዝሕብርዎ፡ ስምዒታት ጽምዋን ጭንቀትን ዝያዳ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ናይ ዓመት ይስመዓካ! ክኢላታት ስነ-ኣእምሮ፡ ወቕታዊ ለውጢ ኣብ ኣእምሮኣዊ ጽቡቕ ሂወት ሚልዮናት ኣብ መላእ ዓለም ብቐጥታ ክጸልዎ ከም ዝኽእል ረኺቦም፡ እዚ ኩነታት እዚ ድማ ወቕታዊ ስምዒታዊ ጸገም (S.A.D.) ተባሂሉ ይፍለጥ። ከም ውሉድ ኣምላኽ መጠን ኣብዛ ዓለም ዝኾነ ነገር ኣብ ጎይታ ዘለካ ሓጎስን ደስታን ክእዝዘካ ክተፍቅድ ኣይትኽእልን ኢኻ!

ጽምዋ ወይ ዕርክነት ዘይምህላው ነቶም ንክርስቶስ ኣብ ዝተቐበሉሉ ህሞት ብናጻ ዝተዋህቦም ህያብ ዘይፈልጡ’ዩ። ብመንፈስ ቅዱስ ዓርኪ ኣለካ፤ ንሱ’ዩ መጸናንዒናን ረዲኤትናን። ኣምላኽ ንናይ ህይወት ዓቀበ ቁሉቁለት ዝበለጸ መምርሒ ሂቡካ፣ ዓርኪ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ግዜ ጸገም ድማ ዘበርትዓካ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**

በይነይ ክኸውን ፈጺመ ኣይክእልን እየ! መንፈስ ቅዱስ ዓርኪ ኣለኒ። ኣብ ዝጸገመኒ እዋን የጸናንዓኒ። ብዝኾነ ይኹን መገዲ ረዳኢ ዘይብሉ ክገድፈኒ ዝኽእል ነገር የለን! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**

1ቆሮ 6፡19

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**

ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ሮሜ 11፡25-15፡33





# ቅርጺ ኣዕዋፍ ቸብሮን

**“ኣነ ግና፡ እምነትካ ኸይትጠፍእ፡ ምእንታኻ ለመንኩ። ንስኻ ድማ ምስ ተመለስካ፡ ነሕዋትካ ኣጸናንዓዮም።”— ወንጌል ሉቃስ 22፥32**

ከም ማይ-ደርሆ፡ ዓዓን ስዋንን ዝኣመሰላ ዓበይቲ ስደተኛታት ኣዕዋፍ መብዛሕትኡ ግዜ ብቪ ወይ ሽቭሮን ቅርጺ ይነፍራ። ዕላማ ምፍጣር እዚ ቅርጺ ጸዓት ምዕቃብን ብቕዓት ኤሮዳይናሚክ ምምሕያሽን እዩ። እዘም ቅርጽታት እዚኣቶም፡ እተን ኣዕዋፍ ኣብ ዝነፍራሉ እዋን ምቹእ ውጽኢት ንኽረኽባ ይሕግዘወን። ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ከምቶም ኣብ ጎይታ ዘለዉ ኣሕዋትካን ኣሓትካን ዕላማን ራእይን ሒዝካ ምንቅስቓስ ንዝበለጸ ናይ በረራ ትራጀክቶሪ መሰረት የማዕብል!
ከም ደቂ ኣምላኽ መጠን ብጸሎት ንሓድሕድና ብምድጋፍ ኣካል ክርስቶስ ከም እነደልድል ቅዱሳት መጻሕፍቲ ይሕብሩና። ከምቲ ኣዕዋፍ ሓይሊ ሓድነት ተጠቒመን ብርቱዕ ንፋሳት ዝቖርጻ፡ እታ ሓድነት ዘለዋ ቤተ ክርስቲያን ኣንጻር ዕግርግር መጥቃዕቲ ጸላኢ ዘይትስዓር እያ። ሎሚ ንደቂ ኣምላኽ ብጸሎት ከተደልድሎምን እቲ ፍረ ዘለዎ ውጽኢት ኣብ ህይወትካ ክግለጽ ክትዕዘብን ምረጽ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ብትንቢት ንኣሕዋተይን ኣሓተይን የበርትዖም! ካብ ኣካል ክርስቶስ ዝተሰብረ ህይወት ኣይክነብርን ወይ ንመጥቃዕቲ ጸላኢ ተቓላዓይ ኣይክኸውንን'የ። ሓድነት ብልጫይ እዩ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ቆሮ 1፡10

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ሮሜ 16፤ 1ቆሮ 1፡1-4፡13



ረቡዕ 3 ታሕሳስ

# ክፋል ኣብ ደረጃ ክፍልታት ግዜ ኣሎ።

**“እግዚኣብሄር ሕያዋይ ምዃኑ ጥዒምኩም እንተ ኼንኩምሲ፡ ብእኡ ንምድሓን ምእንቲ ኽትዓብዩ፡ ከምቶም ሕጂ እተወልዱ ሕጻናት ነቲ ሕዋስ ዜብሉ መንፈሳዊ ጸባ ብሃግዎ።” — 1ይ ጴጥሮስ 2፥2-3**

ንሓጺር እዋን ናይ ትምህርቲ መዓልታትካ ዘክር፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ኣብ ዝወዳእካሉ እዋን፣ ኣብ ጥርዚ ርድኢትካ ከም ዝበጻሕካ ኮይኑ ይስምዓካ፣ ናብ ዝቕጽል ደረጃ ክትኣቱ ጥራይ። ናይ ብዙሓት ክርስትያናት ጸገም ኣብ ዝተወሰነ ደረጃ ፍልጠት ምስ በጽሑ ኣብ እግዚኣብሔር ዝያዳ ንኽዓብዩ ዘድሊ ግዜ ምውፋይ ኣብዮም፣ ኣብ ናይ ሓሶት ስምዒት ብስለት ይሰፍሩ።
ሃዋርያ ጴጥሮስ ከምቲ ዕሸላት ንኽዓብዩን ንኽነብሩን ጸባ ዘድልዮም፡ ከም ውላድ ኣምላኽ መጠን፡ ጸባ ቃል ክትምነ ከም ዘለካ ይነግረና። ልክዕ ከምቲ ጸባ ንኣዕጽምቲ ዘደልድልን ንሓደስቲ ዝተወልዱ ህጻናት ሓይሊ ዝህብን ቃል ኣምላኽ እውን የበርትዓካ፣ ንመጥቃዕቲ ጸላኢ ክትጸወር ሓይሊ ይህበካ። ቅዱሳት መጻሕፍቲ ንምንባብ ግዜ ምምዳብ ተማሃር፣ ኣብ መስርሕ ኣእምሮኻን መንፈስካን ኣማዕብል!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ምሉእ ብምሉእ ብሓይሊ ናይቲ ዘይጋገ ቃል ኣምላኽ ተዓጢቐ እየ፣ እዚ ማለት ድማ ንገስጋስ ዲያብሎስ ናይ ጐድኒ ክኣሊ ክእለት ኣለኒ! ሎሚ ይዕወት ኣለኹ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
2ይ ጴጥሮስ 3፡8

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ፡ 1ቆሮ 4፡14-7፡40





# ኣብ ዝርዝር መግቢ ሜኑ እንታይ'ዩ ዘሎ

**"ንስኻ ኣብ ቅድሚ ገጽ ጸላእተይ መኣዲ ትሰርዓለይ፣ ንርእሰይ ብዘይቲ ትለኽዮ፣ ጽውኤይ ይጅርብብ ኣሎ።"— መዝሙር ዳዊት 23፥5**

ኣብ ህዝበ ክርስቲያን ልሙድ ግጉይ ኣረኣእያ ትሕትና ማለት ኣብ ድኽነትን ስእነትን ምንባር ማለት እዩ። ይኹን እምበር፡ ኣምላኽ ክትዕወት እዩ ዚደልየካ! መጽሓፍ ቅዱስ ንህይወት ዚምልከት መምርሒታት ጥራይ ዘይኰነስ፡ ንዓወትካ ዚሕግዘካ እተረጋገጸ ስርዓታት እዩ። ኣብ ቃሉ ዘሎ ሓቅታት ኣብ ግብረ ብምውዓል ንጸላኢ ክትስዕሮ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ቅድሚኡ ክትዕምብብ ሓይሊ ትረክብ!
ናይ ሎሚ ጽሑፍ ህያው ምስሊ ይስእል፡ ኣምላኽ ኣብ ቅድሚ ጸላእትኻ መኣዲ የዳልወልካ! ኣብቲ ምግቢ ፍጹም ሰላም፡ ሓጎስ፡ ብዝሒ፡ ጽድቂ ኣሎ። መኣዲ ኣምላኽ ብቑርጽራጽ ኣይኮነን፣ ብጸጋ ዝመልአ ድግስ'ዩ! እቲ ዝበለጸ ክፋልከ፧ ኣብ ቅድሚ እቶም ክትፈሽል ዝጽበዩኻ የዳልዋ! ተዓዋቲ ክትከውን ኢኻ ተገይርካ ዝኾነ ነገር ነቲ ኣምላኽ ድሮ ዘቐመጠልካ መለክዒ ከውርዶ ፈጺምካ ኣይትፍቀደሉ!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣምላኽ ኣብ ቅድሚ ከሰስተይ መኣዲ ኣዳልዩለይ ኣሎ። ጸጋ፡ ሓጎስን ብልጽግናን ኣብ ዝርዝር መግቢ ኣለዉ፧ ዝጎደለኒ ነገር የለን! ኣነ ብክርስቶስ ተዓዋቲ'የ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዮሃንስ 10፥10

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ቆሮ 8፥1-12፥11



ዓርቢ 5 ታሕሳስ

# ንምስማዕ ምጽጋም

**“እተን ኣባጊዔይ ግና ድምጼይ ይሰምዓ፡ ኣነ ኸኣ ኤለልየን፡ ንሳተንውን ይስዕባኒ።” ወንጌል ዮሐንስ 10፥27**

እግዚኣብሄር ብቐጻሊ ምስ ደቁ ክረዳዳእ ይደሊ ዝብል እምነት ብሰፊሑ ተቐባልነት ዘለዎ እኳ እንተኾነ፡ ዲኖሚንሽን ዓሌትን ዕድመ ብዘየገድስ ብዙሓት ክርስትያናት ግን ምስኡ ከይተራኸቡ ምሉእ ህይወቶም ይነብሩ። ጥቕስታት ግብራዊ ክብደት ዘይብሉ ኣምር ኣሎዎም ማለት ድዩ፧ ኣይኮንን! ክገልጸልኩም።
ኣብ ኦዲዮሎጂ(audiology)፡ መሳርሒታት መስምዒ ንውልቀሰባት ንጽኑዓት ወይ ጽሙማን ይሕግዙ። እዞም መሳርሒታት እዚኣቶም፡ ነቲ ኣብ ከባቢ ዚርከብ ድምጽታት ንምቕራጽ ማይክሮፎን፡ ንምስራሕ ኣምፕሊፋየር፡ ነቲ እተዓጸጸፈ ድምጺ ናብ እዝኒ ንምጽዋት ድማ ስፒከር (ተቐባሊ) ይጥቀሙ።
ጸማም ሰብ ብድምጺ ተኸቢቡ እኳ እንተሎ፡ ንኽቃንዮን ንኽሰምዖን መሳርሒ መስምዒ የድልዮም እዩ። ብተመሳሳሊ እግዚኣብሄር ኩሉ ግዜ ይዛረብ እዩ፣ ብንጹር ክትሰምዖ እዝንኻን መንፈስካን ከተዐሪ ቃሉ ጥራይ እዩ ዘድልየካ! ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ኣዕሚቕካ ምጥላቕን ንድምጺ ኣምላኽ ዝያዳ ተቐባሊ ክትከውን መንፈስካ ኣዳሉ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣምላኸይ ክሳብ ሕጂ ይዛረብ ኣሎ! ሕጂ ኣፈጻጽማ ቃሉ ክሰምዖ እዝነይ ኣጸቢቓ እቕንዕ። ፈጺመ ክፈሽል ኣይክእልን እየ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማቴ 13፡15

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ቆሮ 12፡12-15፡28



ቀዳም 6 ታሕሳስ

# ናይ ቃል ሰብ

**“ናይ ምድሓን ቍራዕ ርእሲ ኣእትዉ፡ ናይ መንፈስ ሰይፊውን፡ ማለት ቃል ኣምላኽ፡ ሐዙ።” ኤፌሶን 6፥17**

ሰይፈኛ ሓደ ካብቶም ኣብ ዓለምና ኣዝዮም ጽፉፋትን ልክዕን ስነ-ፍልጠታት ኮይኑ፡ ንልዕሊ ሓደ ሽሕ ዓመት ዝኸበርን ዝተኸብረን ስነ-ፍልጠት'ዩ። ጳውሎስ ንቤተ ክርስቲያን ኤፌሶን ክጽሕፍ ከሎ ንቃል እግዚኣብሔር ሰይፊ መንፈስ ኢሉ ክጽውዖ ከሎ ልክዕነቱን ሓይሉን ዕላማኡን የጉልሕ። እዚ ኸኣ ዓሚቝ መንፈሳዊ ሓቂ እዩ ዘገልጽ። ብዙሕ መዓልታዊ ብድሆታትካ ነቲ ቃል ከም ኣጽዋር ኣንጻር ዲያብሎስን ሓይልታቱን ካብ ዘይምጥቃም ዝፍጠር እዩ።
ቅዱሳት መጻሕፍቲ ካብቲ ብቆርበት ዝተኣሰረ ብራና ካብ ዝቖርብ ኣነቓቓሒ ጥቕስታት ኣዝዩ ዝዛይድ እዩ፤ ኣጋንንቲ ዘጥፍእ ሓይሊ ተሰኪሙ ይርከብ። ዝኾነ መጥቃዕቲ ጸላኢ ብትኽክልን ብልክዕን ክትቆርጾ ትኽእል ኢኻ።
ከም ውሉድ ኣምላኽ መጠን፡ ኣብ ተግባርካ ጎይታ ዕዮካ ንምኳን፡ ኣብ ቃል ኣምላኽ ከተተግብሮን ክተዕምቅን ግዜ ክትውፍይ ኣለካ፤ ንስኻ ናይ ቃላት ዝዛረብ ሰብ ኢኻ!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ቃል ሰብ እየ። ቃል ኣምላኽ ምሳይ ናብ ውግእ እወስድ። መደባት ዲያብሎስ ክቖርጽ ሓይሊ ኣለኒ! ሎሚ ኣብ ምትግባር ቃል ኣምላኽ ልክዕን ስሉጥን ክኸውን እየ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እብራውያን 4፡12

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ቆሮ 15፡29-16፡24፤ 2 ቆሮ. 1-2



ሰንበት 7 ታሕሳስ

# እቲ ናይ ምጽዓን ኣፍደገ

**ሽዑ መንግስተ ሰማያት፡ ቀቀንዴለን ሒዘን መርዓዊ ኪቕበላ ዝወጻ ዓሰርተ ደናግል ትመስል።ካባታተን ከኣ እተን ሓሙሽተ ዓያሱ፡ እተን ሓሙሽተ ግና ለባማት እየን።እተን ዓያሱ፡ ቀቀንዴለን ወሲደን፡ ዘይቲ ኣይተማልኣን።እተን ለባማት ግና መምስ ቀንዴለን ዘይቲ ኣብ ጢናኤን ተማልኣ። ወንጌል ማቴዎስ 25:1-4**

ክርስትያናት ኣብ'ቲ ምምንጣል(rapture) ኣብ 'ቀዳማይ በረራ' ክህልዉ ምኺኖም ልሙድ'ዩ። ይኹን እምበር: ካብታ ቀዳመቲ ነፋሪት እቲኣ ምትራፍ ዜስዕቦ ሳዕቤን ዚሓስቡ ሒደት እዮም። ክገልጸልኩም። በረራ ክትገብር ከለኻ፡ ንዝተወሰነ መዕረፊን ሰዓትን ትኬት ትገዝእ። ኣብቲ ናይ ምድያብ ኣፍደገ ብእዋኑ እንተዘይበጺሕካ ግን፡ ጠቕሊልካ ነታ በረራ ክትስእን ሓደጋ ኣለካ። ብተመሳሳሊ 'ቀዳማይ በረራ' ምሕላፍ ዘለኣለማዊ ሳዕቤን ኣለዎ። ኣብዚ ምሳሌ እዚ ጎይታና የሱስ ኣድላይነት መንፈሳዊ ድልውነት የጕልሕ፣ እዚ ድማ ደናግል መብራህተንን ዘይቲአንን ድሉዋት ክገብራ ብምምራጸን ምሳሌ እዩ። ምስኡ ድልዱል ርክብ ምህላው እውን ኣገዳሲ ምኺኑ የጕልሕ። ኩሉ ግዜ ንምምንጣል ድሉው ኩን፤ ስራሕ ኣምላኽ እናሰርሑኩምን ኣብ መንግስቱ ጽልዋ እናገበርኩምን ክትርኸቡ!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ንምምንጣልጥ ድሉው እየ! ኣብታ ቀዳመይቲ በረራ ናብ ሰማይ ምህላው ኣገዳስነቱ ይርድኣኒ እዩ። ኣብ'ቲ ዝተመደበ ሰዓት፡ ኣብ ኣፍደገ ምድያብ ድሉው ክኸውን'የ! ሃሌሉያ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማቴ 24፡42-44

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2ቆሮ 3-7



ሶኒ 8 ታሕሳስ

# ክነቃነቅ ኣይክእልን'የ

**“ጉያይን ብጐይታና የሱስ እተቐበልክዋ መልእኽተይን ክፍጽም፡ ወንጌል ጸጋ ኣምላኽ እናመስከርኩ ህይወተይውን ብኣይሲ ኸም ክብርቲ ገይረ ኣይርእያን እየ።”— ግብረ ሐዋርያት 20፥24**

ብድሆታት ብዘየገድስ ንጐይታ ከተገልግሎ ዲኻ? ብዙሓት ክርስትያናት “እወ!” ምስናይዚ ግን መዓልታዊ ተግባራቶም መብዛሕትኡ ግዜ ብኣንጻሩ እዩ ዘንጸባርቕ። ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ሰባት ብሰንኪ ጸቕጢ ማሕበራዊ መራኸቢታት ወይ ካብ መዛኑኦምን ቤተሰቦምን ተስፋ ዘቑርጽ ቃላት ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ምግልጋል ነጺጎም ኣለዉ።
ናይ ሎሚ ጥቕሲ ሃዋርያ ጳውሎስ ንመንፈስ ቅዱስ ተኣዛዝነቱ ብዝርዝር ትገልጽ ናብ ፡ ነቲ ዝጽበዮ ዝነበረ ስደት ምሉእ ብምሉእ ፈሊጡ። ኣብ ኣገልግሎቱ ኹሉ መከራታት እኳ እንተ ኣጋጠመ፡ ካብዚ ነገራት እዚ ዋላ ሓደ ዜንቀሳቕሰኒ የለን፡ ንህይወተይ እውን ንርእሰይ ፍቑር ጌረ ኣይቆጽሮን እየ ኢሉ ብትብዓት ኣዋጀ። ኣብ ቅድሚ ሞት ከይተረፈ ምንቅስቓስ ኣብዩ! ከም ውሉድ ኣምላኽ መጠን፡ ነዚ ትብዓት'ዚ ተሰኪምካ፡ ሳዕቤኑ ብዘየገድስ፡ ነቲ ዝተዛዘመ ስራሕ ክርስቶስ ንዓለም ኣውጅ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ተቓውሞ ብዘየገድስ ንክርስቶስ ክስዕቦ እመርጽ! ዝኾነ መጥቃዕቲ ጸላኢ ከንቀሳቕሰኒ ዓቕሚ የብሉን። ኣነ ዘይንቕነቕ እየ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዮሃንስ 15፡18

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2ቆሮ 8-12



ሰሉስ 9 ታሕሳስ

# ይቕሬታ

**“ኰርዩ ሓጢኣት ከኣ ኣይትግበሩ። ኣብቲ ኹራኹም ጸሓይ ኣይትዕረብኩም።” — ኤፌሶን 4፥26**

ቅዱሳት መጻሕፍቲ ገና እናሓረቕና ጸሓይ ከይትዓርብ ይነግረና። ስለዚ እቲ በደል ጸሓይ ቅድሚ ምዕራባ ሓደ ሰዓት እንተ ኣጋጢሙ ይቕረ ክትብልን ክትሰግርን ሓንቲ ሰዓት ኣለካ! ይቕረ እንተ ኢለዮም ንጽባሒቱ እንደገና እንተ በዲሎምኒኸ ፧ ደጊመ ይቕረ በል።
ኣብ (ማቴ 18፡21-22)፡ ኢየሱስ “ሰብዓ ዕጽፊ ሸውዓተ” ግዜ ይቕረ ምባል ኢሉ፡ እዚ ድማ ደረት ኣልቦ ይቕረታ ዘመልክት እዩ። ብመሰረቱ “ክንደይ ግዜ ትቕየም” ማለቱ እዩ፣ ምኽንያቱ ከምኡ ክትገብር ዓቕሚ ስለዘለካ።
ገለ ክርስትያናት ንዓሰርተታት ዓመታት ኣብ ጉዳያት ይሕዙ፣ ሕሉፍ በደላት ትማሊ ከም ዘጋጠመ ጌሮም ይዝክሩ። ኣምላኽ ይቕረ እንተ ኢሉልካ ግን፡ ይቕረ ከይትብል እንታይ ይኽልክለካ ፧ ካብ ኣምላኽ ምስ ተወለድካ ባህርይካ ይቕረ ምባል’ዩ። ኩሉ ግዜ ይቕሬታ ሕተት፡ ወይ ይቕረ በል፡ ቀልጢፍካ ድማ፡ ከምኡ። ክሳብ ጸሓይ ትዓርብ ጊዜ ኣለካ!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ካብ ሎሚ ጀሚረ ንኻልኦት ከምቲ ኣምላኽ ዝሪኦም ክርእዮም እመርጽ። ይቕረ ክብለሉ ዘይክእል ሰብን ይቕረ ክሓተሉ ዘይክእል በደልን የለን። ንኻልኦት ካብ በደሎም ይቕረ ናይ ምግባር ዓቕሚ ኣለኒ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ ብስም የሱስ ብምሉእ ልበይ ይቕረ እብሎም ኣለኹ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማር 11፡25፤ 1ይ ዮሃ 1፡7-10

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2ይ ቆሮንቶስ 13፤ ገላትያ 1፡1-4፡11



ረቡዕ 10 ታሕሳስ

# ንሃገራት ዝጸልዉ

**“ኣህዛብ ንርስትኻ፣ ወሰናት ምድሪ ኸኣ ንጥሪትካ ኽህበካስ፣ ለምነኒ።”— መዝሙር ዳዊት 2፥8**

ኣምላኽ “ንውርሻኻ ህዝብታት ክህበካ እየ” ክብል ከሎ፡ ብዛዕባ ነፍሳት ብወንጌልን ጽድቂ ኣምላኽን ምጽላው’ዩ ዝዛረብ ዘሎ። ሓዋርያት ልክዕ ከምኡ ገይሮም ክንስዕቦ ዝግበኣና ንድፈ ሂቦምና።
ጳውሎስ ኣብ ኤፌሶን ክሰብኽ ከሎ ብርቱዕ ተቓውሞ ኣጋጢምዎ እኳ እንተነበረ ንወንጌል ግን ፈጺሙ ኣይዓገቶን። ኣህዛብ ርስቱ ምዃኖም እናፈለጠ ካብ ህዝቢ ናብ ህዝቢ ይኸይድ ነበረ፤ ክኽስረሉ ዝኽእል መንገዲ ኣይነበረን። መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ኢሉ ይእውጅ “ቃል ኣምላኽ ብኸምኡ ዓብዩ ሰዓረ” (ግብ 19:20)። ናይዚ ዓይነት ውጽኢት መፍትሕ ኣብ ጸሎት ምጽማም እዩ።
ንሃገርካ ፡ ንከተማኻ፡ ንቤት ትምህርትኻ፡ ንስራሕ ቦታኻ ወዘተ ብጸሎት ጸምን ጸዕርን፡ ብርግጽ ድማ፡ ቃል ኣምላኽ ኣብኡ ብሓይሊ ክዓቢን ክዕወትን እዩ። ንስኻ ኢኻ እቲ ኣህዛብ ዘድልዮም ተስፋን መፍትሕን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ንዝጠፍኡ ካብ ጸልማት ኣውጺአ ናብቲ ዘደንቕ ብርሃን ኣምላኽ እናኣውጽኦም ወንጌል ብኣድማዒ መንገዲ ክሰብከሎም እየ። እቲ ቃል ኣብ ከተማይ፡ ኣብ ሃገረይን ኣብ መላእ ዓለምን ብስም የሱስ ሰዒሩ ኣሎ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ጢሞቴዎስ 2፡1-2

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ገላትያ 4፡12-6፡18፤ ኤፌሶን 1፡1-14



ሓሙስ 11 ታሕሳስ

# ዝዓሞቖ ህይወት ኣብ ኣምላኽ

**“መዊትኩም ኢኹም፡ እታ ህይወትኩም ድማ ምስ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ተሰዊራ ኣላ እሞ፡ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሕሰቡ፡ ኣብ ምድሪ ዘሎ ኣይኰነን።” — ቆሎሴ 3:2-3**

ብዙሓት ሰበኽቲ ንርእስኻ ምሟት የጉልሑ፣ ገና ናይ ሎሚ ጽሑፍ ድሮ ሞይትና ከምዘለና ብግልጺ ይገልጽ። ንኣምላኽ ከተገልግልን ኣእምሮኻ ወይ ፍቕርኻ ኣብ መንፈሳዊ ነገራት ከተቐምጥን ዳግማይ “ምሞት” ኣየድልየካን እዩ። “ሞይትኩም ኢኹም” ማለት ፍጹም ሓድሽ ሰብ ኢኻ፡ ቅድሚ ሕጂ ዘይነበረ ሓድሽ ዓይነት ፍጡር ማለት እዩ።
ንዓለም ሞይትካ፡ ዓለም ድማ ንዓኻ ሞይታ ኣላ (ገላትያ 6፡14)። ነቲ ቃል ዝያዳ ክትጽሊ፡ ከተምልኽ፡ ከተጽንዕን ከተስተንትን ድሌት። እዚ ሓድሽ ሕይወትካ ብክርስቶስ እዩ፤ ኣብዚ ናይ ጾም ወቕቲ ንዕኡ ዉፉይ ኩን። ባህግኻ ኣብኡ፡ ኣብ ሰማያዊ መንግስቱ ኣቐምጦ። ብምሉእ ልብኻ ኣፍቅሮ ካብ ዝኾነ ነገር ንላዕሊ ድማ ናይ መንፈስ ነገራት የገድሰካ። እዚ ብክርስቶስ ዝዓሞቐ ህይወት ካብ ሎሚ ጀሚርካ ናይ ህሉው-ሰዓት ንቕሓትካ ይኹን!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ሕጂ ነቲ ኣባይ ዘሎ ሓይልን ናብቲ ኣብ ክርስቶስ ዘሎኒ ሓቀኛ መንነተይን ተበራቢረ እየ ዝዛረብ ዘለኹ። ኣዒንተይ ናብ ሰማያዊ ክውንነት ኣንቢረ ብስም የሱስ ኣብ ክርስቶስ ኣዕሚቐ ክኣቱ እመርጽ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ቆሎሴ 2፡20

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኤፌሶን 1፡15-5፡14



ዓርቢ 12 ታሕሳስ

# ጽልዋ ክርስትና

**“ንስኻትኩም ብርሃን ዓለም ኢኹም። ኣብ ከረን ዘላ ኸተማ ኽትክወል ኣይከኣላን እዩ።”— ወንጌል ማቴዎስ 5፥14**

ኣብዚ ናይ መወዳእታ ዘመን፡ ሓንቲ ዝተሰብረት ዓለም ቃል ኣምላኽ ብህጹጽ የድልያ። ክርስትያናት እቶም ናይ ለውጢ መጋበርያ እዮም፣ ከምቲ ናይ ሎሚ ጽሑፍ ዝብሎ ነቶም ኣምላኻዊ-ሕብርታት ዘውጽኡ ብርሃን እዮም። ጽልዋን መልሲን ኣውያት ጽጉማት ክትከውን ኢኻ ተወሊድካ። ስለዚ ነቲ ኣባኻ ዘሎ ክብሪ ኣብ ስራሕ ኣእትዎ፤ ነቲ ኣብ መንፈስካ ዘሎ ጽቡቕ ባህርያትን ፍጽምናን ክርስቶስ ግለጽ።
ሎሚ ክትጸምን ክትጽሊን ከለኻ ክርስትና ከምቲ ክርስትያን ጥራይ ኣድማዒ ምኳኑ ዘክር። ኣብ ከተማኻ፡ ወይ ሃገርካ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተመልአ ንስኻ ጥራይ እንተትኸውን፡ ሕጂ’ውን ኣብቲ ቦታ’ቲ ፍሉይ ጽልዋ ወንጌል ክህሉ ይግባእ ነይሩ። ብብስራት ናይ ወንጌል ንዓለምካ ጽልዋ ግበር፤ , ምኽንያቱ ንሱ’ዩ ድሌት መንፈስን ፍቓዱን ንህይወትካ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ድምጽታት ክርስትና ብስም የሱስ እናዓበዩ ምስ ከዱ ኣህዛብ ብወንጌል ኣዝዮም ከም ዝጽለዉ ብስልጣን መንፈስ ቅዱስ እየ ዝዛረብ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኣንባቆም 2፡14

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኤፌሶን 5፡15-6፡24፤ ፊልጲ 1-2



ቀዳም 13 ታሕሳስ

# ብልጽግና ናተይ እዩ።

**“ኣታ ፍቁር፡ ከምቲ ነፍስኻ ዝጠዐየት፡ ብዅሉ ደሓን ክትህሉን ክትጥዕን እምነየልካ ኣሎኹ” — 3ይ ዮሃንስ 1፥2**

ንዋታዊ ንብረት መብዛሕትኡ ግዜ ከም መርኣዪ ብልጽግና ይረኣ፣ በዚ ምኽንያት ድማ እዮም ብዙሓት ንብልጽግና ምስ ገንዘብ ማዕረ ዝገብርዎ፤ ካብኡ ግን ዝሓለፈ’ዩ።
ብልጽግና ብዙሕ ነገራት እዩ። ክትገብሮ ዝደለኻዮ ክትገብር፡ ናብ ዝደለኻዮ ክትከይድ፡ ዝደለኻዮ ክትከውን ድማ ንኽብረ ክርስቶስ ክእለት እዩ! ንኣምላኽ ከተሐጉሶን ምስ መንፈስ ክትመላለስን ክብሩ ኣብ ህይወትካ ክግለጽን ክእለት እዩ! ሓጎስን ዘይቁርጽ ሰሓቕን ዝመልአ ህይወት እዩ! ብልጽግና ድማ ካብ ስጋዊ ንብረት ኣዝዩ ሓሊፉ ንኻልኦት ብልጽግና ናይ ምሕጋዝ ክእለት እዩ።
መጽሓፍ ቅዱስ ዮሴፍ ብልጽግና ዝመልኦ ሰብ ምንባሩ ይገልጽ (ዘፍጥረት 39፡2) ምኽንያቱ ንቤት ጎይታኡ ጶጢፋር ብልጽግና ስለ ዝገበረ። ብመንፈሳዊ፡ ብኣእምሮ፡ ብኣካልን ብንዋትን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንኻልኦት ብልጽግና ክትገብር ኢኻ ተባሂሉ። ሓቀኛ ብልጽግና ንሱ እዩ!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ብልጽግና ሕጂ ክመጸኒ እየ ዝዛረብ። ኣብ ስጋይን ፋይናንሰይን ቃል ኣምላኽ ይስዕር። ስድራይን ካልኦትን ብሰንከይ ብስም ኢየሱስ ክስስኑ እዮም! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዘዳግም 8፡18፤ 2ይ ቆሮንቶስ 8፡9

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ፊልጲ 3-4፤ ቆሎሴ 1




ሰንበት 14 ታሕሳስ

# ስድራይ

**“...ኣነን ቤተይን ግና ንእግዚኣብሄር ኢና እነገልግል።” — መጽሓፍ ኢያሱ 24፥15**

እያሱ ሓይሊ ስድራቤት ተረዲእዎ እዩ። ኣብ መወዳእታ ህይወቱ ኣብ ዝቐረበሉ እዋን፡ ንመራሕቲ እስራኤል ኣኪቡ ናይ መወዳእታ መልእኽቲ ኣኪቡ፡ ሕሉፍ በረኸት ኣምላኽ ኣዘኻኺሩ (ኢያሱ 24፡1-14) ንኣምላኽ እሙናት ኮይኖም ክቕጽሉ ድማ ይምሕጸኖም። ኣብ ማእከል መልእኽቱ ድማ፡ “ኣነን ቤተይን ግና ንእግዚኣብሄር ከነገልግሎ ኢና” ብምባል ብዙሓት ኣብ ቤቶም ዘንብብዎን ዝርእይዎን ግዜ ዘይስዕሮ ቃላት ኣዊጁ።
እያሱ ብኸመይ ብሕታዊ ከም ዝገበሮ ርኣዩ? “እንተኾነ ግን”። ኣብ መወዳእታ ኣብዚ እዩ ዝወርድ። ንጐይታ ከተገልግል ክትመርጽ ኣለካ። ብኣጋጣሚ ኣይክኸውንን እዩ፡ ክውረስ እውን ኣይክእልን እዩ። ካልኦት ድማ ናይ እምነት ውርሻ ከሕልፉ ይኽእሉ እዮም፡ ንስኻ ግን ናትካ ክትገብሮ ክትውስን ኣለካ።
ኣብዚ በዓላት እዚ፡ ከም ስድራቤት ንኣምላኽ ከተገልግሉ ምርጫ ግበሩ። ክትካፈሉ እትኽእሉ ዝዓበየ ህያብ እዩ።  ነቲ ቃል ብሓባር ኣንብብዎ፡ ብሓባር ጸልዩ ብሓባር ድማ ዕብዩ። ካብ ዝኾነ ቂምታ ተገላገሉ፡ ኣብ ነንሕድሕድኩም ሰላም ግበር ፍቕሪ ድማ ይምራሕ። ሎሚ ጀምር!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነን ስድራይን ብምሉእ ልበይ ንኣምላኽ ከነገልግሎ ምኧንና ይንበ። ካባና ሓደ እኳ ድሕሪት ኣይክተርፍን እዩ። ቤትና ብስም የሱስ ኣምላኽ ማእከል ዝገበረት ቤት እያ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መዝሙር ዳዊት 133፡1፤ ግብሪ ሃዋርያት 10፡2

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ቆሎሴ 2-4፤ 1 ተሰሎንቄ 1፡1-2፡12



ሰነ 15 ታሕሳስ

# ንርእስኻ ተነበ

**"ኣታ ጢሞቴዎስ ወደይ፡ ከምቲ ቐደም እተባህለካ ትንቢታት እምነትን ሰናይ ሕሊናን ሒዝካ ብእኡ ጽቡቕ ውግእ ምእንቲ ኽትዋጋእ፡ እዚ ትእዛዝ እዚ ኤማዕቍበካ ኣለኹ። "— 1ይ ጢሞቴዎስ 1፥18-19**

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ህይወትካ ብዝምልከት ቃላት በረኸትን ትንቢታትን ዝተዓሸገ እዩ። ብዕቱብ ዲኻ ወሲድካዮም? ኣብ ልዕሌኻ ዝተነግረ ኩሉ ትንቢታት፡ እንተላይ ነቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባኻ ዝተጻሕፈ ትንቢታት እንታይ ጌርካ? ገሊኦም "ብሓቂ ብዛዕባ ህይወተይ ዝንበየለይ ሰብ ረኺበ ኣይፈልጥን'የ" ይብሉ ድሕሪኡ ንነብስኻ ተነበ!
ኣምላኽ ኩሉ ክርስቲያን ንህያብ ትንቢት ክምነዮ ኣለዎ ኢሉ ምኽንያቱ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣገዳሲ ህያብ ስለ ዝኾነ።  ኣብ ናይ ሎሚ ጥቕሲ ጢሞቴዎስ በቲ ብዛዕባኡ ዝተነግረ ትንቢታት ጽቡቕ ውግእ ክዋጋእ ተነጊርዎ ኣሎ። ከም ኣጽዋር ክጥቀመሎም ይኽእል ነይሩ ማለት እዩ። እዚ ቃል ኣምላኽ ስለ ዝኾነ ኣብ ጢሞቴዎስ ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይኮነን፤ ንዓኻ እውን ይምልከት እዩ። ኣብ GoodNews Nation ንሕና ናይ ትንቢት ሰባት ኢና፣ ብትንቢት ዝተሰርሑ፤ እቲ ትንቢታዊ ብተፈጥሮኡ እዩ ዝመጸና።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣብ ልዕለይ ዝተዛረበ ኩሉ ቃል ዋላ እኳ መሰናኽላት እንተሃለዎ ክፍጸም ምኺኑ እነበ። ሕጂ ንኹሉ ንድሕሪት ዝሕዝኒ ከቃጽሎ ሓዊ እዛረብ ኣለኹ፣ ብስም የሱስ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዳንኤል 11፡32ለ፤ ቆሮ 14፡39

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1 ተሰሎንቄ 2፡13-5፡28፤ 2 ተሰ.



ሰሉስ 16 ታሕሳስ

# መለኮታዊ ጥዕና

**“ኣታ ፍቁር፡ ከምቲ ነፍስኻ ዝጠዕየት፡ ብዅሉ ደሓን ክትህሉን ክትጥዕን እምነየልካ ኣሎኹ።” — 3ይ ዮሃንስ 1፥2**

ናይ ሎሚ ጥቕሲ “...እሞ ክትፍወስ” ዘይኮነስ “ፍቑር፡ ልዕሊ ኲሉ ክትስስንን ኣብ ጥዕና ክትህሉን እምነ” ትብል። እዚ ማለት እግዚኣብሄር ንዓኻ ዝሓንጾጸ መደብ መለኮታዊ ጥዕና እዩ! ብሕማም ርእሲ፡ ሰዓል፡ ክትሳቐ ኣይደልየካን፤ ሕማም ሽኮር፡ ጸገም ከብዲ፡ ወይ መወዳእታ ዘይብሉ ሰዓታት ኣብ ቤት ጽሕፈት ሓኪም ክህሉ የብሉን። እቲ ዝበለጸ ናቱ ፈጺሙ ሕማም ዘይምህላው!
ካብ ምፍዋስ ዝዓቢ ህይወት ኣሎ። ኣምላኽ ኣብቲ በብእዋኑ ካብ ሓደ ሕማም ወይ ካልእ ሕማም ክትፍወስ ኣብ እትኽእለሉ ዓውዲ ክትነብር ኣይደልየካን እዩ። ናብ ሓደ ናይ ዓወት ቦታ ክትመጽእ ይደሊ፣ ኣብኡ ፈጺምካ ዘይትሓምምን መለኮታዊ ጥዕና ክትርዳእን፣ እዚ ድማ ካብ መለኮታዊ ፈውሲ ዝዓቢ እዩ። ኣብ ክርስቶስ ሓድሽ ፍጥረት ኢኻ። ሕማም ናይ ብሉይ ኪዳን እዩ! ካብ ሎሚ ጀሚርካ ኣብ ክውንነት መለኮታዊ ጥዕና ንበር!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
መለኮታዊ ጥዕና ኣምላኽ ዝሃበኒ ውርሻ እዩ። ካብ ሎሚ ጀሚረ ሕማም ከምዘይትንክፈኒ ይንበ፤ ዝኾነ ዓይነት ሰዓል፡ ባክተርያ፡ ወይ ቫይረስ ኣብ ጥቓ መንበሪይ ብስም የሱስ ኣብ ዝኾነ ቦታ ኣይክርከብን እዩ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 8፡11፤ ኢሳይያስ 33፡24

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ጢሞቴዎስ 1-5




ረቡዕ 17 ታሕሳስ

# ንውሓት ዕድመ

**“ሕጂ ግና ብምግሃድ መድሓኒና የሱስ ክርስቶስ ተገልጸ፡ ንሱ ንሞት ዝሰዓሮ፡ ንህይወትን ንዘይምጥፋእን ብወንጌል ናብ ብርሃን ዘውጽኦ፡” — 2ይ ጢሞቴዎስ 1፥10**

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዚርከብ ገሊኦም ሰባት ልዕሊ 900 ዓመት ይነብሩ ነበሩ። ሓጢኣት ምስ ግዜ እናወሰኸ ምስ ከደ ግን ዕድመ ኣዝዩ ነክዩ (ዘፍጥረት 6፡3)። ናይ ሎሚ ጽሑፍ ጎይታና ኢየሱስ ነቲ ደረት ነዊሕ ዕድመ ሓጢኣት ከም ዘምጽአ ይነግረና። ብመስዋእቱ ድማ ካብ ሓጢኣት ምድሓን ኣዳልዩ ናይ ዘለኣለም ህይወት ከም ዝከኣል ገይሩ።
ስለዚ፡ ክንመውትዶ ኣይግባእን፧ ብኣጽንዖት እወ! ካብ ደረት ምድራዊ ድሩትነት ወጻኢ ናይ ምንባር ዓቕሚ ኣሎና። ብዙሓት ካባና መለኸት ምስ ተሰምዐ ብህይወት ክንነብርን ብኣካል ክንምንጠል ኢና። ቤተ ክርስቲያን ሕጂ ነዚ ሓቂ እዚ ክትሕዝን ብብርሃን ክትመላለስን ኣለዋ። ኣምላኽ-ህይወት፡ መለኮታዊ ህይወት ኣለካ። ንሕማም ወይ ሞት ኣይትግዛእን! ተኻፋሊ መለኮታዊ ባህሪ ኣምላኽ ኢኻ። እግዚኣብሔር ዘይሓመመ ወይ ዘይመውት እንተኾይኑ ኣብ ጎልጎል ሞት ምጽናሕ ዋኒን የብልካን!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣብቲ ንስጋይ ጥዕና፡ ንኣዕጽምተይ ድማ ህይወት ዝኾነ ቃል ኣምላኽ ጸኒዐ ደው እብል። ሕጂ ክዛረብ ከለኹ፡ ቃላተይ ኣብ ዙርያይ ዘይሓልፍ ናይ ሓይሊ ሜዳ ዝፈጥር መለኮታዊ ጸዓት ምፍናው ይድርኽ ኣሎ፣ ብስም የሱስ ነዊሕ ዕድመ ይህበኒ ኣሎ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መዝሙር 91:16፤ 1 ተሰሎንቄ 4፡16-17

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ጢሞቴዎስ 6፤ 2 ጢሞቴዎስ 1-4



ሓሙስ 18 ታሕሳስ

# ዓወት ናተይ እዩ።

**“ኩነ ኸኣ፡ ሙሴ ኢዱ ምስ ዜልዕል፡ እስራኤል ይስዕር ነበረ፡ ኢዱ ምስ ዜውርድ ድማ፡ ኣማሌቅ ይስዕር ነበረ።”— ኦሪት ዘጸኣት 17፥11**

ኣብ ቤተ ክርስቲያን ብዙሕ ግዜ “ኣእዳውኩም ኣልዕሉ” ንብል፡ ብጸሎት ይኹን ኣብ ኣምልኾ ይኹን ኣብ ውዳሴ። ንምንታይ፧ ምኽንያቱ ኣብ ኢድካ ዓወት ዘምጽእ ሓይሊ ስለዘሎ። ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ ኣብ ዝጸሓፎ ጽሑፍ “ስለዚ ሰቡኡት ቅዱሳን ኣእዳው ኣልዒሎም ኣብ ኲሉ ቦታ ክጽልዩ እፈቱ...” (1ጢሞ 2፡8) ኢሉ።
ነዛ ናይ ሎሚ ጥቕሲ ብደቂቕ ርኣይዋ። ኣሮንን ሁርን ምስ ኣማሌቅ ኣብ ዝገበርዎ ውግእ፡ ዓወት እስራኤል ምስቲ ልዕል ዝበለ ኣእዳው ሙሴ ዝተኣሳሰር ምዃኑ ተረድኡ። ምስ ደኸመ ድማ ኣብ እምኒ ኮፍ ኣቢሎም ኣእዳዉ ብነፍሲ ወከፍ ሸነኽ ንላዕሊ ኣልዒሎም ኣማሌቅ ክሳብ ዝስዓር ኣልዒሎም ይገብርዎ ነበሩ። ኣእዳው ምልዓል ንቐጻሊ ዓወትካ ናይ መንፈስ ስልቲ እዩ። ትርጉም ዘይክህልዎ ይኽእል እዩ ግን እምነት እዩ ዘለዎ! ንሙሴ እንተ ሰሪሑሉ ሎሚ ኣእዳውካ ኣልዒልካ ዓወትካ ትሓትት ክሰርሓልካ እዩ!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ብጸሎት ኣእዳወይ ከልዕል ከለኹ፡ ሎሚ ዘጋጠመኒ ኲሉ ብድሆ ድሮ ተሳዒሩ ኣሎ! ብስም የሱስ ኣብ ኲሉ ዓወት እብል! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ዮሃ 5፡4፤ መዝሙር 63፡4

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ፡ ቲቶስ 1-3፤ ፊልሞን 1፤ እብራውያን 1፡1-2፡10



ዓርቢ 19 ታሕሳስ

# ዓለም ብስራት

**“...ስለዚ እቶም ብመንፈስ ኣምላኽ ዚምርሑ ዘበሉ፡ ንሳቶም ውሉድ ኣምላኽ እዮም።”— ሮሜ 8፥14**

ናይ ሎሚ ጥቕሲ ኩሉ ብዛዕባ መንፈሳዊ ብስለት እዩ። ብዛዕባ ምሉእ ብሱላት ደቂ ኣምላኽ፡ ብመንፈስ ቅዱስ እንተዘይተመሪሑም ስጉምቲ ዘይወስዱ ይዛረብ።
ከም ሓደ ንራእይ ናይ ብስራት ዓለም ዝስዕብ ሰብ መጠን፡ ነቲ መንፈስ ኣብ ቃልን ብቃልን ብቓልን ክትስዕብ ተማሃር። ንዕኡ ከይተወከስካ ኣብ ህይወትካ ዓቢ ውሳነ ፈጺምካ ኣይትውሰድ። ግዜ ወሲድኩም መሪሕነቱ ድለዩ፤ ድምጹ፡ ቃላቱ፡ ብመንፈስካ ክሳብ እትሰምዕ ተዓገስ፡ ነቲ ኣብ ቃሉ ዝበሎ ድማ ፈጺምካ ኣይትጋጮ። ንሱ’ዩ ብስለት።
መንፈስ ቅዱስ ከም ናይ ህይወትካ ጂፒኤስን ካርታን ኮምፓስን ምህላውካ ኣብ ህይወትካን ኣብ ቤተክርስትያንን ፍጹም መዳረግቲ ጥራይ እዩ ዘረጋግጽ። መንፈስ ኤምባሲ ንስኻ ኢኻ ኤምባሲ መንፈስ ኣምላኽ። ብመንፈስ እንተ ተመሪሕካ ቤተ ክርስቲያን ብመንፈስ እያ እትምራሕ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኩሉ ዘረባ ኣፈይን ኣንፈት ስጉምተይን ዝገብሮ ውሳነን ብመንፈስ ኣምላኽ ዝምራሕ እዩ። ዓለመይን ጨንፈር ቤተ ክርስቲያነይን ብስም የሱስ ናብ ዝበለጸ ክቕይሮ እየ!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ጴጥሮስ 5፡2-3፤ 1ይ ዮሃ 1፡6-7

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ እብራውያን 2፡11-6፡20



ቀዳም 20 ታሕሳስ

# ንመራሕቲ ምጽላይ

**“ኣሕዋተየ፡ ካብቶም ኣብ ይሁዳ ዘለዉ ዘይኣምኑ ኽድሕን፡ ኣገልግሎተይ ንየሩሳሌምውን ኣብቶም ቅዱሳን ስሙር ምእንቲ ኪኸውን፡ ምሳኻትኩም ምእንቲ ኽዐርፍሲ፡ ብፍቓድ ኣምላኽ ብሓጐስ ናባኻትኩም ክመጽእ፡ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስን ብፍቕሪ መንፈስን ብጸሎትኩም ምእንታይ ምሳይ ናብ ኣምላኽ ክትጋደሉ፡ እምዕደኩም ኣሎኹ።”— ናብ ሰብ ሮሜ 15፥30-32**

ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ኩሉ መልእኽታቱ ጸሎቶም ንውጽኢታዊነት ኣገልግሎቱ ነዳዲ ከም ዘዕበዮ ስለ ዝፈለጠ፡ ቅዱሳን ክጽልዩሉ ተማሕጺኑ፡ እዚ ሓቂ'ዚ ክሳብ ሕጂ'ውን ኣሎ። ከም ክርስትያን መጠን ነቶም ኣምላኽ ኣብ ልዕሌኻ ዘቐመጦም፡ ምእንቲ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስን ንመንፈስ ኣምላኽ ስለ እተፍቅርን ክትጽሊ ኢኻ ተጸዊዕካ።
ቀጺልካ እንተ ኣንቢብካ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ጸሎት ንኣካል ክርስቶስ ኣዝዩ ከም ዝጠቅም ክትዕዘብ ኢኻ። ጳውሎስ ኣብ መወዳእታ ንመንግስቲ ብኸመይ ከም ዚጠቕማ ገለጸ። ምእንቲ መራሕትኻ ክትጽሊ ከለኻ ነፍሳት ይዕወታ፡ ህይወት ይቕየር፡ ስም ኢየሱስ ድማ ልዕል ይብል። ቅዱሳን ይጽልዩሎም ከምዘለዉ ምፍላጥ ነቶም ምሩጻት መራሕቲ ቤተ ክርስቲያን ከይተረፈ የበርትዖም። ኣብ ቅድመ ግንባር ንጸሎት ኣእዳዎም ንላዕሊ ሒዝካ ከም ዘለኻ ፈሊጦም እናነውሑን እናደፈሩን ደው ይብሉ። ነዚ ብዙሕ ግዜ ክትገብር ዉሳነ ግበር።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ነዊሕ ዕድመ፣ መለኮታዊ ጥዕና፣ ሰላምን ሓጎስን ነቶም ኣብ መሪሕነት ዘለዉ እዛረብ! ዝያዳ ነፍሳት ብስም የሱስ ናብ ክርስቶስ ምእንቲ ክዕወታ ኣብ መንግስቲ ዝያዳ ክገብር ብርታዐ እእውጅ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኤፌሶን 6፡19፤ ቆሎሴ 4፡3

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ እብራውያን 7-10



ሰንበት 21 ታሕሳስ

# ናይ ኣምላኽ ጸሎት ሕቶ

**ሽዑ ንደቀ መዛሙርቱ፡ እቲ እኽሊ ብዙሕ እዩ፡ ዓየይቲ ግና ሒደት እዮም። ስለዚ ነቲ ጐይታ እኽሊ ንእኽሉ ዓየይቲ ኺልእከሉ ለምንዎ፡ በሎም። ወንጌል ማቴዎስ 9:37-38**

እግዚኣብሄር ሳሕቲ ናይ ጸሎት ሕቶታት የቕርብ፡ እዚ ከኣ ሓደ ካብኡ እዩ። ከምኡ ምስ ዝገብር ድማ ድሌት ልቡ ይገልጽ፣ ኣብ ምድሪ ዕላማኡ ኣብ ምፍጻም ምስኡ ክትሻረኽ ዕድል ይህበካ። እዚ እቲ "እንተ ዝጠሚ ኡካ ኣይምነገርኩኻን" (መዝሙር 50፡12) ዝበለ ኣምላኽ እዩ። ምስናይዚ ግን ነዚ ሕቶ እዚ ይሓትት። እዚ ድማ ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ምዃኑ ይሕብረካ።
እቲ ዝዓበየ ድሌት ኣቦና ዓየይቲ እዩ፣ እቶም ከይዶም ቀውዒ ናይቶም ክድሕኑ ዝጽበያ ነፍሳት ክሓፍሱ ፍቓደኛታት ዝኾኑ። እዚ ናይ ልደት ወቕቲ ነዚ ናይ ጸሎት ሕቶ ክትምልሱሉ ፍጹም ዕድል እዩ። እተን ክትዕወተለን ዝቐረብካ ነፍሳት ድሮ ተዳልየን ይጽበያ ስለዘለዋ፡ ብዛዕባ'ዚ ምጽላይ ኣየድልን። እቲ ዘድሊ ዓየይቲ እዮም። እዚ ናይ እግዚኣብሄር ሓሳብ እዩ ሕጂ ፈጽሞ!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ መፈጸምታ ናይቲ ናይ ኣምላኽ ጸሎት ሕቶ፡ ነቲ ዓቢ ቀውዒ ናይ መወዳእታ ዘመን ንምምጻእ ውጽኢታዊ ዓያዪ ምዃነይ ይንበ። ኩሉ ዝረኸብክዎ ንኣምላኽ ዘይፈልጥ ሎሚ ናብኡ ተመሊሱ ብስም የሱስ ክነብር እዩ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዮሃንስ 4:35

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ እብራውያን 11-13



ሰኒ 22 ታሕሳስ

# የሱስ ከምኡ ገይሩ

**“ሃብቲ ኽብሩ ነዚ ምስጢር እዚ ኣብ ኣህዛብ እንታይ ምዃኑ ኼፍልጦም ንዝደለዮም፡ ንሱውን ክርስቶስ ኣባኻትኩም፡ ተስፋ ኽብሪ እዩ።” — ቆሎሴ 1፥27**

ሓደ ካብቲ ዓቢ ምኽንያት በዓል ልደት እነብዕለሉ ኢየሱስ ዕላምኡ ስለ ዝፈጸመ እዩ! እቲ ክገብሮ ዝተወልደ ንሱ እዩ ገይርዎ! ክብሪ ሃሌሉያ! ተልእኾኡ እንተዘይፍጽም ሳዕቤኑ እሞ ሕሰብዎ። ህይወትና ብዘይ ተስፋ ባዶን ዘይጽወርን ምኾነ ነይሩ። ንሱ ግን ኣነን ንስኻን ብሓቂ ክንነብር መጺኡ፡ ምሳና ነበረ ፡ ሞተ፡ ተንሲኡ ድማ።
ኪኖ ምትእኽኻባትን መግቢን ሙዚቃን ሕብረትን ልደት ብዛዕባ ክርስቶስ መን ምዃኑን ስለምንታይ ከም ዝመጸን እዩ። (ማቴ 1፡23) ከምዚ ይብል “ድንግል ክትጠንስ ወዲ ድማ ክትወልድ እያ፡ ኣማኑኤል ድማ ክብሉዎ እዮም (እዚ ማለት “ኣምላኽ ምሳና” ማለት እዩ)” ይብል። ኣምላኽ ምሳና እዩ፤ በይንና ኣይኮናን! ፈጣሪ ኣብ መንጎ ፍጥረቱ እዩ ዝነብር፣ ከመይ ዝበለ በረኸት እዩ!
ኣብዚ በዓል ልደት፡ ዘክር: ንሱ ዕለተ ልደት ረኺቡ፡ ንሕና ግን ህያብ ረኺብና!
ሎሚ ነቲ ክርስቶስ ዝኾነ ህያብ ነብዕል!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ክርስቶስ ኣባይ ምስ ዝህሉ፡ ክትፈሽል ኣይከኣልን እዩ! ክብሩ ካብ ሎሚ ጀሚሩ ኣብ ህይወተይ ዝያዳ ክደምቕ እዩ፣ ብስም የሱስ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዮሃንስ 1፡14

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ያእቆብ 1፡1-4፡10



ሰሉስ 23 ታሕሳስ

# ናይ ስልጣን ቦታ

**“ኣምላኽ ንክርስቶስ ካብ ምዉታት ኣተንሲኡ፡ ኣብ የማኑ ኣብ ሰማያት ምስ ኣቐመጦ፡ ኣብታ እትመጽእውን እምበር፡ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ጥራይ ዘይኰነ፡ ኣብ ልዕሊ ዅሉ ሽመትን ስልጣንን ሓይልን ጐይትነትን ዚስመ ዘበለ ስምን ምስ ኣርኣሶ፡ ነቲ ሕልፊ ዘለዎ ዓብዪ ሓይሊ ኣባና እንኣምን ዘሎና ኽም ስልጣን ሓይሉ ኣብ ክርስቶስ ዝገበሮ ግብሪ ንስኻትኩም እንታይ ምዃኑ ኽትፈልጥዎ፡ እጽልየልኩም አሎኹ።”— ኤፌሶን 1፥19-21**

ገሊኦም “ኩስቶ የማናይ ኢደይ እዩ” ይብሉ፣ እዚ ማለት ድማ ብስሞም ይውክሉን ይዛረቡን። ብተመሳሳሊ መጽሓፍ ቅዱስ ኢየሱስ ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐሚጡ ክብል ከሎ መንበር ሓይሊ ሒዙ ኣሎ ማለት እዩ፣ ኣምላኽ ብእኡ ኣቢሉ ይሰርሕ ማለት እዩ።
ጎይታ ኢየሱስ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ነገር መዳርግቲ ዘይብሉ ስልጣን ኣለዎ፤ ስሙ ልዕሊ ነፍሲ ወከፍ መዓርግ ደው ይብል፣ ግዝኣቱ ድማ ንነፍሲ ወከፍ ደረጃን ምድብ ስልጣንን ይበልጽ። እቲ ዝበለጸ ክፋል ተኻፋሊ ናይ'ዚ ሓይሊ'ዚ ምዃንካ'ዩ! ንሱ'ዩ እቲ ሕጂ እነብዕሎ ዘለና ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ እምበር ኣብ መብልዕ ማል ዘሎ ህጻን ኣይኮነን! ስልጣኑ ደረት ኣይፈልጥን እዩ፣ መዳርግቲ እውን የብሉን። ሃሌሉያ! ሎሚ ኣብ ልዕሊ ናይታ መዓልቲ ፍጻመታት ምሉእ ስልጣን ከም ዘለካ ፈሊጥካ ውጻእ ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ብክርስቶስ ኣቢለ ኣብ ቦታ ሓይልን ስልጣንን ተቐሚጠ ኣለኹ! ንሱ ዘለዎ ግዝኣተ ኩሉ ኣነ ኣለኒ። ኣነ ዝለዓለን ዝበለጸን ዝበዘሐን ሓያልን ብስም የሱስ ዝተባረኽኩን እየ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እብራውያን 1፡1-3

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ያእቆብ 4፡11-5፡20፤ 1ይ ጴጥሮስ 1፡1-3፡12



ረቡዕ 24 ታሕሳስ

# ፍቕርኻ ኣረጋግጽ

**“እሞ ነታ ንፍልጠት ሓለፍ እትብላ ፍቕሪ ክርስቶስ ክትፈልጥዋ፡ ክሳዕ ኲሉ ምልኣት ኣምላኽ ምእንቲ ኽትመልኡ፡ እጽሊ ኣሎኹ።”— ኤፌሶን 3፥19**

ኣብ ግዜ ልደት “ኣፍቂረካ” ምባል ቀሊል’ዩ፣ ኣካል ናይ “መንፈስ ልደት” እዩ። ብዙሓት ግን ንፍቕሪ ምጽውዋር ይጋገዩ፣ ሓደ’ዮም ኢሎም ይግምቱ። ኣብ ዘሌዋውያን 19፡18 መጽሓፍ ቅዱስ “ንብጻይካ ከም ነፍስኻ ኣፍቅሮ” ይብል። ኣብዚ “ጎረቤት” ዝብል ቃል ነቶም ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ፡ ፈተውቲ፡ ስድራቤት፡ ኣባላት ቤተ ክርስቲያን እምበር ቃል ብቓሉ ንጐረባብቲ ጥራይ ኣይኮነን ዘመልክት። ግን ክንደይ እዮም ብቕንዕና ንኻልኦት ከምቲ ንርእሶም ጌሮም ክሓልዩ ዝኽእሉ፧
ጎይታና ኢየሱስ መጺኡ ብፍልይ ዝበለ መንገዲ ፍቕሪ ኣምላኽ ገሊጽዎ። ንሱ ድማ “ሰብ ኣብ ክንዲ ኣዕሩኽቱ ህይወቱ ካብ ምሃብ ካብዚ ዝዓቢ ፍቕሪ የልቦን” (ዮሃ 15፡13) ኢሉ። ብዓይኒ ኣምላኽ ፍቕሪ ኣርእዩና፣ ነዚ ፍቕሪ’ዚ ሰቢኹዎ ጥራይ ዘይኮነ፣ ብግብሪ ዉን ኣረጋጊጹ’ዎዩ። ኣብዚ በዓል ልደት ንኻልኦት ከም እተፍቅር ከተረጋግጽ ዉሳኔ ግበር።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብ ልበይ ፈሲሱ፤ ስለዚ ንኻልኦት ዝያዳ ምፍቃር ቀሊል ክኸውን እዩ። ነዚ ፍቕሪ እዚ ኣብዚ በዓል ልደት ብዝያዳ ብስም የሱስ ከርእዮ እየ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ገላትያ 2፡20

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ጴጥሮስ 3፡13-5፡14፤ 2ይ ጴጥሮስ 1-2



ሓሙስ 25 ታሕሳስ

# መልእኽቲ ናይቲ መልኣኽ

**እቲ መልኣኽ ድማ፡ እንሆ፡ ሎሚ መድሓኒ ኣብ ዓዲ ዳዊት ተወሊድልኩም ስለ ዘሎ፡ - ንሱ ኸኣ ክርስቶስ ጐይታ እዩ፡ - ንዅሉ ህዝቢ ዚኸውን ዓብዪ ሓጐስ ኤበስረኩም ኣሎኹ እሞ፡ ኣይትፍርሁ።ምልክት ድማ እዚ ይኹንኩም፡ ኣብ መብልዕ ማል ብዓለባ እተጠቕለለ ሕጻን ደቂሱ ኽትረኽቡ ኢኹም፡ በሎም።ብዙሓት ሰራዊት ሰማይ ድማ ብድንገት ምስቲ መልኣኽ ተጸምቢሮም፥ ክብሪ ንኣምላኽ ኣብ ላዕሊ፡ ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ ኣብ መንጎ እቶም ስምረት ኣምላኽ ዘለዎም ሰባት፡ እናበሉ ንኣምላኽ ኣመስገኑ። ሉቃስ 2:10-14**

ከመይ ዝበለ ጽብቕ መልእኽቲ ምቅባል፡ ንዓይን ንዓኻን ኩሉ ናብ ጽቡቕ ዝተቐየረላ መዓልቲ፡ ሃሌሉያ! ኢየሱስ ፍቓድ ኣቦ ንምፍጻም እዩ ተወሊዱ፣ ፍቕሪ ኣምላኽ ተገሊጹ። ዋጋ ድሕነት ከፊሉ ንደቂ ሰባት ናብ ሕብረት ምስ እግዚኣብሔር ብምእታው መስዋእቲ ገንሸል ኮነ።
እቲ ኩሉ ዝፈልጥን ኩሉ ዝኽእልን ኣምላኽ ንበይንኻ ህይወት ክትነብር ከይርእየካ ኣብ ክንድኡ ምሳኻን ኣባኻን ክነብር ማስተር ፕላን ክፈጥር ክውስን እሞ ሕሰብ። ኣብ ዝኸድካዮ ዝገበርካዮ ንሱ ልክዕ ኣብኡ ምሳኻ'ዩ። እዚ እቲ ንደቂ ሰብ ዚሃቦ ዝዓበየ ሃብቲ እዩ። ልደቱ እንታይ ከም ዘምጽኣልኩም ፈሊጥኩም ሎሚ ኣኽብሩ።
ርሑስ ልደት!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣብ ኩሉ መዓልታት ህይወተይ፡ ሓቀኛ ሕመረት ልደት ፈጺመ ከም ዘይርስዖ እትንበ። ነዚ ናይ ሰናይ ድሌት መልእኽቲ ናብ ኩሉ ኣብ ዓለመይ ክዝርግሖ እየ። የቐንየልና ጎይታ ኢየሱስ! ሃሌሉያ! ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
2ይ ቆሮንቶስ 4:7

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2ይ ጴጥሮስ 3፤ 1ይ ዮሃ 1:1-3:12



ዓርቢ 26 ታሕሳስ

# ካባይ ንላዕሊ

**“ሓንቲ እኳ ንርእሰይ ይጥዓመኒ ብምባል ወይስ ንውዳሴ ኸንቱ ኣይትግበሩ፡ ብትሕትና ግና እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ኻብ ርእሱ ኣብሊጹ ይርኣዮ።” — ፊልጲ 2፥3**

ኣብ ስራሕ ወይ ዩኒቨርሲቲ በጺሕካ፡ ብሉጽ ተዋሳኣይ ዓለምና ከም ስቴንድ-ኢን ሱፐርቫይዘርካ ወይ መምህርካ እንተትረክብከ፡ ብዙሓት ጽቡቕ ዕድል ንኽስምዖም ተወሳኺ ማይል ምኻዱ፣ ገሊኦም ንኽብረኦም ጥራይ ምሳሓም ከይተረፈ ክገድፉ ይኽእሉ እዮም። ናይ ሎሚ ጥቕሲ ንኹሉ ሰብ ልክዕ ከምኡ ክትገብር ትነግረካ!
“ክብሪ” ዝብል ቃል ካብ ግሪኽ hēgéomai ዝመጸ ኮይኑ ትርጉሙ ምቝጻር ወይ ምሕሳብ ማለት እዩ። ንኻልኦት ኮነ ኢልካ ብሉጽ ኣረኣእያ ምሓዝ፣ ፍሉጣት ይኹን ዘይፍለጡ ብኸመይ ከም እትሕዞም ምቅራጽ ዘመልክት እዩ። ሕሰብዎ ኩላትና ከምዚ ጌርና እንተንነብር፡ ንኻልኦት ልዕሊ ገዛእ ርእስና ክንርእዮም ትሕት ኢልና እንተንነብር፡ መብዛሕትኡ ጸገማት ዓለም ምጠፍአ።
ናብ ሓድሽ ዓመት ክንጥምት ኣብ እንጅምረሉ ዘለና እዋን፡ ንኻልኦት ልዕሊ ገዛእ ርእስኻ ከተኽብርን ንዘድልዮም ቀዳምነት ክትህቦን ቃል ኣእቱ። ኣባኻ ንዘሎ ርእሰ-ፍትወት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቶም ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ንኻልኦት መስዋእቲ ምኽፋል ዓቢ ትምህርቲ ክምህሮም እዩ!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣብዛ ዝመጽእ ዓመት፡ ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ዘይፈልጥ ለውሃት ከርኢ እየ። ሰባት ንክርስቶስ ብኣይ ኣቢሎም ብስም የሱስ ክርእይዎ እዮም! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ያእቆብ 4፡6

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ዮሃ 3፡13-5፡21፤ 2 ዮሃ ፣ 3 ዮሃንስ፤ ይሁዳ 1፡1-16



ቀዳም 27 ታሕሳስ

# ዉሕስነት ኣብ ሞንጎ ቶኻሉ

**“መገድኹም ኪዱ። እንሆ፡ ኣነ ኸም ኣባጊዕ ናብ ማእከል ተዅሉ እሰደኩም አሎኹ።”ወንጌል ሉቃስ 10፥3**

ኣብ መንጎ ቶካሉ ከም ኣባጊዕ ምልኣኽ ብዙሕ ረብሓ ዘይክመስል ይኽእል እዩ። ደሓር ከኣ ቶኻሉ ኣባጊዕ ይበልዑ።  ርኢኻ ኣባጊዕ ተቓላዕቲ እየን፣ ግን ከኣ ክንዲ እቲ ዝከታተለን ጓሳ ጥራይ።
እቲ ሕያዋይ ጓሳና ዝኾነ ጎይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ሕይወት ብብዝሒ ምእንቲ ክህልወና ሂወቱ ሂቡ እዩ (ዮሃ 10፡10-11)። ንሱ ንህይወትካ ንምውሓስ ህይወቱ ኣሕሊፉ፡ ካብ ሓደጋ ሸፋቱ ቶኻሉ ይከላኸለልካ። ንህይወትካ ካብ ጉድኣት ንምክልኻልን ንምዕቃብን ዝኸበረ ዋጋ ከፈሉ።
ኣብ ትሕቲ ሓለዋን መምርሕን ሕያዋይ ጓሳ ኢኻ ዘለኻ። በይንኻ ኣይሰደካን እዩ ፈጺሙ ድማ ኣይገድፈካን እዩ ስለዚ ሓደጋ ኣይትፍራሕ። ሓድሽ ዓመት ክትጥምት ከለኻ፡ እቲ ሕያዋይ ጓሳኻ ምሳኻ ኣሎ!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣብ መዓልተይ እናተጓዓዝኩ ከለኹ፡ ንዓይን ንስድራይን ዝትንክፈኒ ሓደጋ የለን። ኣነ በቲ ድሮ ካብ ሓደጋ ዝከላኸለለይን ዝዓቀበንን ሕያዋይ ጓሳየይ እየ ዝምራሕ። ሃሌሉያ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ህዝቅኤል 34፡11-16

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ይሁዳ 1፡17-25፤ ራእይ ዮሃንስ 1-4



ሰንበት 28 ታሕሳስ

# ልዕለ-ባህርያዊ ቀረብ

**“ኣርብዓ ዓመት ድማ ኣብ በረኻ መራሕኩኹም፡ ክዳውንትኹም ኣብ ዝባንኩም ኣይበለየን፡ ሳእኒ ድማ ኣብ ኣእጋርካ ኣይበለየን፡”— ኦሪት ዘዳግም 29፥5**

ህዝቢ ኣምላኽ ናብታ ምድሪ ተስፋ ክጕዓዝ ከሎ፡ ክዳውንቶም ፈጺሙ ኣይኣረገን፡ ጫማኦም’ውን ፈጺሙ ኣይወደቐን። እዚ’ዩ ተኣምራዊ ስንቂ! ኣርብዓ ዓመት ዝጸንሐ ምኧኑ፡ 14,600 መዓልታት ልዕለ ባህርያዊ ቀረብ ምኧኑ ሸለል ኣይትበሉ!
ኣብ ንቡር ኩነታት ጫማ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሸሞንተ ክሳብ ዓሰርተ ክልተ ወርሒ ክቕየር ኣለዎ። ምስናይዚ ግን ጫማ ደቂ እስራኤል ምትካእ ከየድለዮም ን480 ኣዋርሕ ጸኒሑ! ኣብተን ኣርብዓ ዓመታት ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ድዮም ጸኒሖም ወይስ ሓደ ዓይነት ስፍሓት እግሮም ጸኒሖም፧ ኣይፋልን ኣካላት ገና ይዓብዩን ይምዕብሉን ይቕየሩን ነበሩ፣ ኣምላኽ ግን ብልዕሊ ባህርያዊ መንገዲ ደጊፍዎም፣ ብዛዕባ ድሌታቶም ክጨነቑ ፈጺሞም ኣይነበሮምን። ንሱ ድማ ናይ ብሉይ ኪዳን ስንቂ እዩ ነይሩ። ካብዚ ንላዕሊ ኣምላኽ ነቲ ዳግማይ ዝተወልደካ እንታይ ክገብረልካ፧ ኣይትጨነቑ፣ ኣምላኽ ኩሉ ግዜ የቕርብዩ፣ ዝኾነ ይኹን ድሌትካ!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ልዕለ ባህርያዊ ስንቂ ኣብ ህይወተይ ንቡር ምኧኑ ይንበ! ኣብ 2026 ዝኾነ ጽቡቕ ነገር ኣይስእንን እየ!  ቤተይ ወትሩ ምሉእ ክኸውን እዩ፣ ኣርማድዮ ድማ ብቡሉጽ ክዳውንቲን ጫማታትን ክውሕዝ እዩ!  ስድራይ ብስም የሱስ ተባሪኾም! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
2ይ ቆሮንቶስ 9፡8

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ራእይ 5፡1-9፡11



ሰኒ 29 ታሕሳስ

# ውሕስነት ኣምላኽ

**“ንስኻትኩምውን ብእኡ ቓል ሓቂ፡ ናይ ምድሓንኩም ወንጌል፡ ምስ ሰማዕኩም ብእኡውን ምስ ኣመንኩም፡ ብናይ ተስፋ መንፈስ ቅዱስ ተሐተምኩም።” — ኤፌሶን 1፥13**

ኣብ መሸጣ ትካላት፡ ስሙያት ኣፍረይቲ ንፍርያቶም ብስሞም ምልክት ይገብሩን መብዛሕትኡ ግዜ ዋሕስ ይህቡን፣ ኣብ ውሽጢ ዝተወሰነ ግዜ እንተተበላሸዩ ክጽግንዎ ወይ ክቕይርዎ ምኺኖም ቃል ብምእታው ኣብ ስርሖም ርእሰ ተኣማንነት የርእዩ።
ብተመሳሳሊ መንገዲ ብኣፍራዪ ኣድማስ ምልክትን ማሕተምን ተገይሩልካ ኣሎ! ኣባኻ ዘሎ ስርሓት ኣምላኽ መንቅብ የብሉን፡ ኣብ ህይወትካ ዝሃቦ ዋሕስ ድማ ፈጺሙ ኣይውዳእን እዩ። ዝኾነ ይኹን ንህይወትካ ክሰብሮ፡ ክሃስዮ ወይ ከበሳብስ ዝፍትን መጥቃዕቲ ጸላኢ ፈጺሙ ኣይስስንን እዩ። ህይወትካ ምሉእ ብምሉእ ብመለኮታዊ ውሕስነት ኣምላኽ ዝተሸፈነ ኮይኑ፡ ጸገማት ኣፍደገኻ ፈጺሞም ከም ዘይኣትዉ ዘረጋግጽ እዩ። ኣብዚ መን ከም ዝገበረካ መንፈሳዊ ክውንነት ክትመላለስ ከለኻ፡ ካብቲ ዱር ዝኾነ ምሕሳብካ ኣዝዩ ንላዕሊ ክትዕምብብ ኢኻ!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ውጽኢት ናይ ፈጠራ ክእለት ኣምላኽ እየ! እቲ ናይ መወዳእታ ኣፍራዪ ዝኾነ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ጸላኢየይ ዘለኣለማዊ እገዳ ኣንቢሩሉ ኣሎ፣ ዝኾነ ሰብ ክትንክፈኒ ዝፍትን ብፍጹም ኣይጎዳንንዩ በቲ ሓያል ስም የሱስ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኢሳይያስ 54፡17

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ራእይ ዮሃንስ 9፡12-14፡8



ሰሉስ 30 ታሕሳስ

# ንስኻ ኢኻ ተመሪጽካ

**“ንሱ ድማ፡ ኣየ ጐይታይ፡ እንሆ ዓሌተይ ካብ ምናሴ እቲ ድኻ እዩ፡ ኣነ ኸኣ ኣብ ቤት ኣቦይ እቲ ንእሽቶ እየ፡ ንእስራኤል ደኣ ብምንታይ ከድሕኖ እየ፧ በሎ።”— መጽሓፍ መሣፍንቲ 6፥15**

ናይ ሎሚ ጽሑፍ፡ ብዛዕባ ጊዴዎን፡ ምስ ክርስቶስ ዕዉት ምጉዓዝካ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ኣገዳሲ መንፈሳዊ ሓቂ ይገልጽ። ብዙሓት ክርስትያናት ንርእሶም ኣብቶም ካልኦት ብዘቐምጥዎ መለክዒታት: ከባቢኦም: ወይ ማሕበራዊ መርገጺኦም ጥራይ እዮም ዝድረት። ንጻውዒት ኣምላኽ ይጠራጠሩ ምኽንያቱ ንዓለም ብዛዕባ መን ምዃኖም ዘለዋ ኣረኣእያ ስለ ዝተቐበሉ'ዮም። እቲ ዝተረድኣካ ምዕንቃፍ ግን ሓላዊ ስድራኻ ክትከውን ፍጹም ኣወዳድባ'ዩ።
ጊዴዎን በቲ ካልኦት ብዛዕባኡ ዝሃብዎ ርእይቶ ተኣሲሩ እንተዝቕጽል ነይሩ፡ ክንድ'ዚ ዝኣክል ዓወታት ምጠፍአ ነይሩ፡ እዚ ኩሉ ኣብ ኣምላኽ ዘለዎ ዋጋ ስለዘነኣእሶ እሞ ሕሰብዎ! ዓመት ክንዓጽዎ ከለና፡ ኣብ ሓድሽ ዓመት ንነፍሲ ወከፍ መሰናኽል ንምስባር ኣምላኽ ካባኻ ዝመርጾ እኹል ምዃኑ ኣስተውዕል። ንሱ ከም ሓደ ካብ ናቱ ገይሩ መሪጹካ፣ ንዕዮ እታ ኣብ ቅድሜና ዘላ መንግስቲ ድማ ብሓይሊ ክጥቀመሉ እዩ!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ዕድመይ ፧ ባህለይ፡ ድሕረ ባይታይ፡ ጾተይ፡ ወይ ዓሌተይ ብዘየገድስ ምስቲ ኣብ ሓድሽ ዓመት ዝረኽቦ ደረጃ በረኸት ኣይመዓራረንዩ! ኣነ ተመሪጸ እየ! ሃሌሉያ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እያሱ 1፡9

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ራእይ ዮሃንስ 14፡9-18፡24



ረቡዕ 31 ታሕሳስ

# ምጽሓፍ ጀምር

**“ካብ ልበይ ጽቡቕ ነገር ይግንፍል፣ ድርሰናተይ ንንጉስ እዩ፣ እብል፣ ልሳነይ ከም ብርዒ ቅልጡፍ ጸሓፊ እያ።”— መዝሙር ዳዊት 45፥1**

ባዶ ቸክ ናብ ባንክ ክትቅይሮ እንተፈቲንካ፡ እቲ ቴለር ትኽክል ኣይኮነን፡ ዝተጻሕፈሉ ነገር የብሉን ክብል ዕድሉ ልዑል'ዩ። ስለዚ እንታይ ትገብሩ፧ ንስኻ ትመልኦ።
ኣምላኽ ባዶ ቸክ ሂቡካ፡ ሎሚ ናይ ዓመት ናይ መወዳእታ መዓልቲ፡ ንሓድሽ ዓመት ብዝደለኻዮ ክትመልኦ ናጻ ኢኻ። ሰሎሞን ባዶ ቸኩ ምስ ተቐበለ ድሌቱ ገሊጹ፣ ብኡንብኡ ድማ፣ ኣምላኽ ከም ዝተፈቕደሉ ነገሮ!
ኣብዚ ሕጂ እዋን ብመልሓስ ድሉው ጸሓፊ፡ ነቲ ባዶ ቸክን ገጻትን ናይ 2026 ምልኣዮ።ብርዒ መልሓስካ ተጠቒምካ ናብ ሓድሽ ዓመት ምዝራብ ጀምር፡ ነፍሲ ወከፍ እትገብሮ መንጠረ ባይታ ኣብ ካርታ ኣስፍሮ። ነፍሲ ወከፍ ምዕራፍን ዝደለኻዮ ናይ ግዜ ገደብን ምልክት ግበር። ብልጽግና፡ መለኮታዊ ጥዕና፡ ሓጎስን ኩሉ ሰናይ ነገርን ተዛረብ። እቲ ትብሎ ዘለኻ ልክዕ ኣንቲ ዓመት ክኸውን እዩ!
2026 ኣምጸኢ!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
እዛ ሓዳስ ዓመት እዚኣ ንዓይ ትገልጽ ዓመተይ ክትከውን እያ። ህይወተይ ጽቡቕቲ እያ ኢለ እእውጅ! ንብዓት ሓዘን ኣይበኪን እየ፡ ድቃስ እውን ኣይስእንን እየ፡ ዋላ ንሓንቲ መዓልቲ። ዓመተይ ብስም የሱስ እያ ተዳልያ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ምሳሌ 18፡21

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ራእይ ዮሃንስ 19-22

ብነብይ ዩበርት ኤንጅል

# ጎይታና የሱስ ክርስቶስ

ጎይታና የሱስ ክርስቶስ እምነ ኩርናዕ ናይ እምነትና ክርስትና እዩ። ህይወቱን ትምህርቱን ኣብ መስርሕ ታሪኽ ብዕምቆት ጽልዋ ኣሕዲሩ እዩ። ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መዳርግቲ ዘይብሉ ርህራሄኡን፣ ጥበቡን፣ ዝፈጸሞ ተኣምራዊ ተግባራቱን ዝፍለጥ እዩ። መልእኽቱ ኣብ ፍቕሪ፡ ይቕሬታን ከምኡ ውን ኣብ መብጽዓ ዘልኣለማዊ ህይወት ዘማእከለ ኮይኑ፡ ንዂሎም ብእኡ ዝኣምኑ ተስፋን ምድሓንን ዘቕረበ እዩ። ኣብ ኩሉ ኣገልግሎቱ፣ ናብ መላእ ምድሪ ይሁዳ እንዳዞረ፡ ንሕሙማት ፈወሰ፡ ንዝተሳቐዩ ኣጸናንዐ፡ ከምኡ ብዛዕባ ዘለኣለማዊ መንግስቲ ኣምላኽ መሃረ።

ንየሱስ ክርስቶስ ከም ናይ ግሊ ጎይታኻን መድሓኒኻን ምቕባል ማለት ንምህሮኡ ምቕባልን ነቲ ለዋጢ ህላውነቱ ናብ ህይወትካ ምዕዳምን ማለት እዩ። እዚ ድማ ኣብ እምነትን፣ ፍቕርን፣ ተስፋ ድሕነትን ዝተመስረተ ናብ መንፈሳዊ ዕጋበት ዝወስድ ጉዕዞ እዩ።

ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኣቢልና ሓይልን፣ ተስፋን ከምኡ ውን ናብ ዘለኣለማዊ ሰላም ዝወስድ መንገዲ ንረክብ። ምሉእ ምኧን ወይ ምድሓን ማለት፣ ኣብ ትሕቲ ኣምላኽን፣ ነቲ ኣብ ሂወትና ዘለዎ መደብን ዕላማን ምግዛእ ማለት እዩ። ካብቲ ኣረጊት መንገድና ተመሊስና ናብ የሱስ ክርስቶስ ምጥማት እዩ። ካብ ሓጢኣትና ይቕረታ፣ ከምኡ ውን ሓድሽ ህይወት ክህበናን ምሕታት እዩ።

ሮሜ 10:9 ከምዚ ይብል፣

"ብኣፍካ የሱስ ጐይታ ምኳኑ እንተ ነገርካ፡ ብልብኻውን ኣምላኽ ካብ ምዉታት ከም ዘተንስኦ እንተ ኣመንካ፡ ክትድሕን ኢኻ።"

ምድሓን ናይ ኣምላኽ ናጻ ህያብ እዩ፣ ብኡኡ ድማ ውልድነት ንረክብ። ምድሓን፣ ካብ ስድራቤት ኣምላኽ ከም ዘይትወጽእ ዝገብር፣ ከምኡ ውን ንዂሉ ፍጥረት ኣምላኽ ንምግላጽ ፣ሂወትካ ብብርትዐ ንኽትነብር ዘዕጥቕ ሓይሉ ኢዩ።

## ንየሱስ ክርስቶስ ኣብ ሂወትካ ተቐቢልካዮዶ፧

ነዛ ጸሎት እዚኣ ብምጽላይ ንየሱስ ክርስቶስ
ጎይታ ህይወትካ ኽትገብሮ ንዕድመካ ኣለና።

ኦ ጐይታይ ኣምላኽ፣ ብስም የሱስ ክርስቶስ ናባኻ ይመጽእ
ኣለኹ። ብምሉእ ልበይ ኣብ ወዲ ህያው ኣምላኽ ዝኾነ
የሱስ ክርስቶስ ይኣምን እየ። ምእንታይ ከም ዝሞተን
ኣምላኽ ካብ ሞት ከም ዘተንስኦን እኣምን እየ። ሎሚ
ብህይወት ከም ዘሎ እኣምን እየ። የሱስ ክርስቶስ ካብዛ
መዓልቲ እዚኣ ኣትሒዙ ጐይታ ህይወተይ ምኳኑ ብኣፈይ
እእመን ኣለኹ። ብእኡን ብስሙን ናይ ዘለኣለም ህይወት
ኣሎኒ፣ ዳግም ተወሊደ እየ። ጐይታይ ንነፍሰይ ስለ
ዘድሓንካያ አመስግነካ። ሕጂ ውሉድ ኣምላኽ እየ ።
ሃሌሉያ!

እንቋዕ ሓጐሰካ! ካብ ሕጂ ውሉድ ኣምላኽ ኰንካ ኢኻ።

To receive more information on how you can grow
as a Christian, please get in touch with us on

**UK: +44 3333 448 612 / USA +1 240 781 6942**
**RSA +27 51 004 0209**

www.uebertangel.org | www.goodnewsworld.com

# ንሓለዋ ዝኸውን ጥቕሲ

ትንቢት ኢሰያስ 54

14 ኣነ ጽኑዕን ኣብ ጽድቂ ዝተሰረትኩን እየ። ካብ
ዝኾነ ይኹን ሽግር ዝረሓቕኩ፣ ዝፈርሆ ነገር
የብለይን። ራዕዲ ካባይ ርሒቑ እዩ፣ ጥቓይውን
ፈጺሙ ኣይቐርብን።

15 ዝኾነ እንተ ኣጥቂዑኒ፣ ብፍጹም ካብ
ኣምላኽ እዩ ተላኢኹ ኢለ ኣይሓስብን። ዝኾነ
ዓይነት መጥቃዕቲ እንተመጸ፣ ንዓይ ግን
ኣይክጎድኣንን እዩ።

16 ነቲ ሂወት ንምንጽናት ኢሉ እተሰርሐ ኣጽዋር
ዝሰርሕ ሰብ እግዚኣብሄር እዩ ፈጣሪኡ። ነቲ
መጥፍኢ እውን ንሱ እዩ ፈጢርዎ።

17 ንዓይ ኪጐድኣኒ ዚኽእል ኣጽዋር ግና ተሰሪሑ
ኣይፈልጥን። ዝኾነ ሰብ እንተ ደኣ ኸሲስኒ፣ ከም
ሓሳዊ ክንጸግ እዩ። ኣነ ኣገልጋሊ ኣምላኽ ስለ
ዝኾንኩ፣ እዚ እዩ ርስተይ። እግዚኣብሄር ድማ
ኵሉ ነገር ንጹቡቐይ ከም ዝሰርሕ ከረጋግጽ እዩ።

እቲ ኣምላኽ ዝብለኒ እዚ እዩ
ብስም የሱስ ፈጺሙ ኣይክፈሽልን እዩ!

TRANSLATED FROM THE MESSAGE BIBLE IN ENGLISH

# መዓልታዊ ትንቢታዊ ምርሒትካ

ኣብዚ እዋን እዚ ጥዑም ብስራት መዓልታዊ (Good News Daily) ንመንእሰያትን ንቖልዑን ከምኡውን ነቲ ብቐጥታ ካብ ልቢ ነብዩ ዩበርት ኤንጀል ዝብገስ ናይ መዓልታዊ ትንቢታዊ ኣዋጅ ሒዛ ተዘርጊሓ ኣላ። እዚ ናይ ጥዑም ብስራት ማዓልታዊ ትሕዝቶ እዚ ህያውነት ቃል ኣምላኽ ንኹሎም ኣባላት ስድራ ቤትካ ንምህናጽ ተባሂሉ እዩ ተዳልዩ ። እቲ ንህጻናት ዝተዳለወ ሕታም ንቈልዑ ፣እምነት፣ ፍቕሪ፣ ከምኡ ድማ መብጽዓታት ኣምላኽ ብዘሐጒስን መሳጥን ኣገባብ ክቀርብ ከሎ፣ እቲ ናይ መናእሰይ ሕታም ከኣ ኣብ ህይወቶም ብመንፈሳዊ ጥበብን ብርታዐን ንኽምርሑ ዓሚቕ ምስትውዓል ዝህብ ኢዩ። ዕድመኻ ብዘየገድስ መዓልታዊ ምስቲ ምስ ኣምላኽ ዘለካ ጕዕዞ ዚሰማማዕ ትንቢታዊ መምርሒ ተቐበል! እዚ ኣጋጣሚ እዚ ኣየምልጥካ።ሎሚ ብናጻ ቕዳሕካ ውሰድ።




SCAN ME

# ዝተጠርነፉ ሓቅታት ካብ ጥዕም ብስራት መዓልታዊ

ሎሚ ቅዳሕካ ዓድግ!




ምርሒት ካብ ቓል ኣምላኽ ንምርካብን፣መንፈሳዊ ሃብቲ ንምኽዕባትን፣ ኣብ ክርስቶስ ሱር ዝሰደደ ህይወት ንምህላውን ንቃል ኣምላኽ ዘየሻሙ ሂወት ንምምራሕን፣ እዛ ዝተጠርነፉሓቕታት ካብ ጥዑም ብስራት መዓልታዊ good news daily compendium ዝሓዘት ጽሕፍቲ እምኒ መኣዝን ኮይና ኣላ። እዛ 1ይቲ ሕታም ነዚ ጉዕዞ እዚ መወዳድርቲዘይብሉ ምንጪ ኢያ እትህብ ።ንወንጌላት ብቐሊሉንብዝዓመቄ መገድን ንምጽናዕ ተባሂሉ ውን ብኣርእስትታት ዝተኸፋፈለ መልእኽትታትዝሓዘትት ኢያ።

ብነብይ ዩበርት ኤንጀል

WWW.GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL.COM

# እንቋዕ ናብ ናይ ኦንላይን ማእከልና ብደሓን መጻእኩም! ብነብይ ዩበርት ኤንጀል

ኣብ መርበብ ሓበሬታና ተወከሱ

WWW.GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL.COM

@GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL




ነፍሲ ወከፍ ወርሒ, ውፉያት ተሓባበርትና ንጥዑም ብስራት መዓልታዊ ኣብ መዕቆቢ ዘኽታማት፡ ኣብያተ ማእሰርቲ፡ ሆስፒታላት፡ ኣባይቲ ኣረጋውያን፡ .
ኣብያተ ትምህርትታትን፡ መንግስታዊ ትካላትን ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከቡ ማእለያ ዘይብሎም ቦታታትን ብናጻ ይዝርግሑ ኣለዉ።
ከም ውጽኢት ናይዚ ዓለምለኻዊ ስርሓት ድማ ብዙሓት ምስክርነት ናይ ድሕነት፣ ፈውስን መለኮታዊ ቀረብን ተቐቢልና ኢና።
ንሓደ ሰብ ናይ ሓድሽ ምጅማር ዕድልን ተስፋን ብምሃብ ኣካል ናይዚ ክቡር መስርሕ ኣምላኽ ኩን።

For more information visit: www.goodnewsdailydevotional.com
You can also send an email to: gnd@goodnewsworld.com
Or Call At: **USA: +1 (240) 781-6942 UK: +44 333 344 8612**
**ZW: +263 773 195 955 RSA: +27 (51) 004-0209**

# ኩሉ ግዜ ኣብ

Spotify




ምስቶም መዓልቶም ብጥዑም ብስራት መዓልታዊ ዚጅምሩ ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ሰማዕትና ሕበር
። ንጥዑም ብስራት መዓልታዊ ኣብ SPOTIFY እንዳ ሰማዕካ፣
ናብ ጉዕዞ መንፈሳዊ ዕቤትካን ምግላጽ ሓቅታት ቃል ኣምላኽን ብመሰረት ትምህርትታትን መግለጺታትን
ነቢ ዩበርት ኤንጀል ኣብ ሂወትካን ኣብ እትኸደሉ ዘለኻ እዋን፣ ነዛ መጽሓፍ መሳንይትኻ ግበራ።




# ኩሉ ግዜ ኣብ

Youtube

ስእዛ መዓልታዊ ጥዑም ብስራት እትብለ ሕታም፣ኣብ መላእ ዓለም እተምጽኦ ዘላ ዓቢ ጽልዋ
ናይ ሂወት ምስክራት ውን ሒዛ ኣብ YouTube channel ትዝርጋሕ ኣላ።
ናይ ተስፋን ፍቅርን እምነትን መልእኽትታትሒዛ፣ ማእለያ ዘይብሉ ቁጽሪ ሂወት
ሰባት እንዳ ተንከፈትን እንዳለወጠትን፣ብልጽትን ቀዳመይትንዕለታዊ ንባብ
ኮይና ኣላ ። ጥዑም ብስራት መዓልታዊ፣በቲ ዓሚቑ ትምህርትታት ነብዩ ዩበርት ኤንጀል ዝተደረሰት ኮይና፣
ንውልቀ-ሰባትን፣ስድራቤታትን ፣ ህጻናትን ብምልዋጥ ከምኡ ውን ብዕላማንዕጋበትን
ንኽመላለሱ ብምግባርን ሓያል መሳርሒት ኮይና ኣላ።

## ብነብይ ዩበርት ኤንጀል

SUBCRIBE NOW

@GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL

WWW.GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL.COM




# ቋንቋ መውል

ኣብዚ መስተንክር ዝኾነ ጉዕዞ፣ ነዚ መልእኽቲ ብምምዋልን ምስ ካልኦት ብምክፋልን ናብ ልቢ
ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ሚሊዮናት ነፍሳት ንክንበጽሕ ተሓባበሩና።
ብሓባር ኮይንና ነቲ ጥዑም ብስራት ጸጋ ኣምላኽ ናብ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከባ ከተማታት፣
ጎደናታትን ኣባይትን ከነብጽሖ ኢና።
ነፍሲ ወከፍ ወርሒ, ውፉያት ተሓባበርትና ንጥዑም ብስራት መዓልታዊ ኣብ መዕቆቢ ዘኽታማት፡
. ኣብያተ ማእሰርቲ፡ ሆስፒታላት፡ ኣባይቲ ኣረጋውያን፡
ኣብያተ ትምህርትታትን፡ መንግስታዊ ትካላትን ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከቡ ማእለያ ዘይብሎም
ቦታታትን ብናጻ ይዝርግሑ ኣለዉ።

ከም ውጽኢት ናይዚ ዓለምለኻዊ ስርሓት ድማ ብዙሓት ምስክርነት ናይ ድሕነት፣ ፈውስን
መለኮታዊ ቀረብን ተቐቢልና ኢና።
ንሓደ ሰብ ናይ ሓድሽ ምጅማር ዕድልን ተስፋን ብምሃብ ኣካል ናይዚ ክቡር መስርሕ ኣምላኽ ኩን።

## ብነብይ ዩበርት ኤንጀል

**@GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL**

**SPONSOR AT: WWW.GOODNEWSDAILY DEVOTIONAL.COM**

ኣብ ብዙሓት ቋንቋታት ተቶርጕማ ትርከብ

# ዓለምለኻዊ ራእይ፣ ዓለምለኻዊ ባጀት ይሓትት

**ናይ ጥዑም ብስራት መዓልታዊ መሻርኽቲ (ለጋሲ) ኩን**

ብሳላ ልግስኹምን፣ምትሕብባርኩምን ፋይናንሳዊደገፍኩምን ነዛ መጽሓፍ ጥዑም ብስራት መዓልታዊናብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ከነካፍልን ብዛዕባ እቲ ዘይተነግረክንነግርን ክኢልና ኣለና።
እዚ መልእኽቲድማ እቲ ብስራት ጸጋ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ከምቲ ክቡር ነቢይ ዩበርት ኤንጅል ዝምህሮ እዩ።
ነዚ መጽሓፍ ክንትርጉሞን ክንሓትሞንከምኡ ውን ብመንገዲ ናይ ተልእኾ መገሻታትና፡ GoodNews On-The-Go Campaign፡ ከምኡ'ውን Adopt a Nation/Language ክንዝርግሖክኢልና ኣለና።
ነዚ ወንጌል ብዝያዳ ንምዝርጋሕተሓባበሩና።
ኣብዚ ዓለምለኻዊ ራእይ፣ ተሓባበርትን መዳርግቲኣካላትን ብምኳን ነዚ መሎኮታዊመልእኽቲ ብመልክዕእዛ መጽሓፍ ጥዑም ብስራት መዓልታዊ ናብ መላእ ዓለም ንምብጻሕ ተሓባበሩና።



## ብነብይ ዩበርት ኤንጅል

@GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL

**PARTNER AT: WWW.GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL.COM**



For further information on how to grow as a Christian, please get in touch with us at:

UK: +44 3333 448 612
USA +1 240 781 6942
RSA +27 51 004 0209
ZWE +263 773 195 955

**gnd@goodnewsworld.com**
**goodnewsdailydevotional.com**

**SCAN FOR YOUR FREE DOWNLOAD**